# <u>ታሪኽ ኣይንረስዕ፡ ጉዕዞና ክቐንዕ</u>

ተኽሎም ንርኣዮ

*(እዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፣ ከምኡ'ውን ተ.ሓ.ኤ. ድሕሪ ምብትታና ኣብ ዝሰዓበ መድረኽ ካብ ዘዋህለልክዎ ውልቃዊ ትዕዝብቲ ምርኩስ ብምግባር ዘዳለኽዎ እዩ። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ካባይ ንላዕሊ ኣፍልጦን ደቂቕ ትዕዝብትን ዘለዎም ሰባት ከምዘይስኣኑ እኣምን። ኩልና እቲ ንፈልጠ ሓቂ እንተንገልጽ ድማ፣ ልቦና ተካእቲ ወለዶታት ክንደይ ኮን ምሃብተመ እብል።)*

## *መቕድም፣-*

ሓደ ዘሕፍር ተግባር ክርእዩ ወይ ብወረ ክሰምዑ ከለው፣ "ወይ ጉድ….! ኣንታ መን ክሓፍረሎም'ዩ!" ኢሎም ኣብ ክንዲ'ቶም ዝወዓልዎ ሰባት ብሕፍረት ኣብ ጽፍሮም ዝኣትው ወረጃታት ኣለው። ብርግጽ ድማ ገለ ገለ ነውርታት ኣይኮነን'ዶ ንዝወዓሎ ንሰማዓይ እኳ ዘሕፍር እዩ። ብሕልፊ እቲ ሕስረት እናተደጋገመ፣ "እከለ እምበር ከምዚ ገይሩ፣ እከለ እምበር ከምዚ ኢሉ" ክብሃል ከሎ ምሒር ዘሸቕርር እዩ። ጉድ ክንሰምዕ ዕድመ ሂቡና፣ እናሻዕ ጉድ እናሰማዕናን እናተዓዘብናን ንነብር ኣሎና። እንሓንሳብ ፍሽኽ ኢልና ንሓልፎ። እንሓንሳብ ግን፣ "ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ቆርበት ኣንጽፉለይ በለ" ዝዓይነቱ ምውርዛይ ይኸውን እሞ፣ ትፈልጦ ክትገልጽ ትድረኽሉ እዋን ኣሎ። እቲ ምንታይሲ፣ ወዮም ኣበሳኦም ከዊሎም፣ ብጹኣን መሲሎም፣ ኣብ መድረኽ ዝቐርቡ፣ ንዘይፈልጥዎም ከየደናገሩ ስለትስከፍ።

ጽሑፈይ ነቶም ምሉእ ዕምሮም ኣብ ደምበ ክድዓትን ዕሱብነትን ዘብለዩ የግዳስ ገና ዘይበለየሎም ገለ ወገናትና ዝምልከት ምኻኑ ኣይሰሓትኩሞን። ካብቲ ዕድመ ዝሃቦ ገዲም ተጋዳላይን ካልእ ዜጋን፣ በዞም ሰባት እዚኣቶም ዳግም ክደናገር ዝኽእል ዘሎ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ልቦና ዘለዎ ሓንሳብ እዩ ዝዕሾ። እንተኾነ ግዳ፣ ኣብ ቃልሲ ንሓርነት ብዛዕባ ዝተሰግረ ፖለቲካዊ ሕልኽላኻት ዘይፈልጡ ንኣሽቱን ንጹሃትን ኣሕዋት ኣለውና። እዞም ምሉእ ዕምሮም ኣብ ደምበ ክድዓት ዝተመራስሑ ሰባት፣ ኣብ ቅድሚ'ዚ መንእሰይ ወለዶ ጨለ መደረ ከይለምዱ እምበኣር፣ ነቲ ክትዛረበሉ ዘሐፍር ውልቃዊ ታሪኾምን ፖለቲካዊ ግደኦምን ምግላጽ ግድን ኣድላዪ ይገብሮ። እዞም ሕጂ "ተቓወምቲ ኢና" ኢሎም ኣብ ትሕቲ'ቲ ጽላል ወያነ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ከውደኽድኹ እንዕዘቦም ዘሎና፣ ብልክዕ እንታዎት እዮም? ሓደ ብሓደ ድሕረ ባይታኦም እንታይ ይመስል? ኣብ እዋን ቃልሲ'ኸ እንታይ ግደ ነይሩዎም? መንእሰይ ወለዶ ኣዳቒቑ ክፈልጦ ዝግባእ እዩ።

ፖለቲካዊ ተቓውሞ ካብ ዕላማን ራእይን ስለዝብገስ፣ ምድንጋር ከይፈጥር፣ ቅድም ቀዳድም፣ ተቓውሞ ናይዞም ሰባት'ዚኣቶም ፖለቲካዊ ተቓውሞ ከምዘይኮነ ምብራህ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፣ እዞም ሰባት'ዚኣቶም ሓደ ብሓደ በዓል መን እዮም? ኢልካ እንተፈቲሽካ፣ ብምሉኦም ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ብዝተፈላለየ መልክዕ ተቐልቂሎም ዝኸሰሩ፣ ዝተሳዕሩ፣ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ዝተምበርከኹ፣ መጋበርያ ዝኾኑ፣ ብሉል ታሪኽ ዘለዎም ሰባት እዮም። ብሓጺሩ፣ ዛጊት ንነብሶም ተቓወምቲ ኣጠሚቖም

ክተኣኻኽበ ዝረኣናዮም ኩሎም፣ እቶም ዝጠፈሹን ዝነደዩን ባእታታት ጥራይ እዮም። ካልኦት ሓደስቲ ኣይረኣናን። ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ተቓውሞ ከኣ፣ ካብ ዝኸሓነ ቂምታ፣ ቅርሕንቲን ቅብጸትን ዝብገስ ብምዃኑ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ክበሃል ኣይከኣልን። ምኽንያቱ ብኸምዚ ዓይነት ስምዒት'ዚ ተደሪኽኻ፣ ጥዑይ ፖለቲካዊ ስራሕ ክስራሕ ከምዘይክኣል ፍሉጥ እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፣ ብምኽንያት ተደጋጋሚ ፍሽለቶምን ንድየቶምን ብምረትን ነብሰ-ምትሓትን ምሒር ዝቐርዓኑ እዮም። ኣዒንቶም ሓቂ ከይርኣ ብመጋረጃ ጽልኢ ዝተጎልበበ እዩ።

ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ዝነበርና ኩልና ተጋደልቲ ከምእንዝክሮ፣ ገለ ካብዚኣቶም፣ "ብሻዕብያ ካብ ዝመጽእ ናጽነት መግዛእቲ ይሓይሽ" ኢሎም ዝባኖም ቀሊያም ተምበርካኺ መንፈስ ዝነዝሑ ዝነበሩ እዮም። ኣብ ፖለቲካ ከምዚ ዝኣመሰለ ጥሩፍ ስምዒታት ሓድሽ ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ፍሽለት ናብ ዕብዳን ስለዘምርሕ፣ ዝኸሰረን ዝተሳዕረን ኣእምሮኦ ስሒቱ ከዕበድብድ ምርኣይ ዘገርም ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት ዝወደቐ ፖለቲከኛ'የ በሃሊ፣ ክውንነት ክቕበል የጸግሞ እዩ። ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውን ሓቂ ተረዲኡ፣ ኣካይዳኡ ኣሪሙ ኣብ ቅኑዕ መስመር ዝምለስ ዝወሓደ እዩ። ብዙሓት፣ ተስፋ ቈሪጾም ካብቲ ቃልሲ ብምግላል፣ ጸግዮም ሒዞም፣ ግዜኦምን ጉልበቶምን ናብ ካልእ ውልቃዊ ዋኒኖም ዘውዕልዎ ኣለው። እዚ፣ ብኻልእ መዳይ ክውንነት ምቕባል እዩ። ክንደይ ዓሻ ድማ ኣሎ፣ ኣብ ክንዲ ጸግዑ ዝሕዝ፣ ኣንጻር ክውንነት ደው ብምባል፣ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ሕስረትን ዕሱብነትን ወሪዱ ክቡር ግዜኡን ኣእምሮኡን ጉልበቱን ዘባኽን።

ጀብሃ ተሳዒራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ካብ እትወጽእ ኣስታት 28 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ዳርጋ ክንዲ'ቲ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝወሰዶ ዓመታት ምዃኑ እዩ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፣ ካብ ሽዑ ኣትሒዞም ካብ ሃገራዊ ቃልሲ ዝኾብለሉ እዮም። ነቲ ዝተፈጥረ ሓድሽ ክውንነት ተቐቢሎም ኣብ ሃገራዊ መስመር ተጸምቢሮም ግደኦም ከበርክቱ ትብዓት ኣየጥረዩን። ከም ብዙሓት ካልኦት እውን ጸግዮም ኣይሓዙን። ኣብ ክንድኡ፣ ምስ ዝመጸ ንሃገር ዝጻባእ ግዳማዊ ሓይሊ እናተጸግዑን ኣብ እግሩ እናሰገዱን፣ ኣብ መዲናታት ጎረባብቲ ሃገራት ክዛውሩ፣ እናተጸዋውዑ በብዓይነቱ ኪዳናት ክምስርቱን ነዊሕ ከይጸንሑ ክፈናጥሑን ዕድመና ምሉእ ተዓዚብናና። ኣብዚ 28 ዓመታት እንታይ ዘሪእኩም እንታይ ሓፊስኩም ዝብል ለባም ሓታቲ እንተዝረኽቡ፣ እንታይ መልሲ ኮን ምሃቡ? ጽልኢ ዘሪኦም ውርደት ክሓፍሱ እምበር ካልእ ኣይረኣናን። ኣነ ርግጸኛ እየ ምስ ነብሶምን ሕልናኦምን እውን ሰላም ዘለዎም ሰባት ኣይኮኑን። ምህርቶም፣ ውርደት ጥራይ እናኾነ ግን፣ ነውራም ተግባሮም ይቕጽልዎ ኣለዉ። ሕጂ'ውን ፖለቲካዊ ሩካን ምግምዳሕ ኣይገደፉን። እቲ ዝኸፍአ ከኣ፣ ኣብ እግሪ ጸላእቲ እናሰገዱ መሳርሒ ግዳማዊ ተጻብኦ ብምዃን ክብረት ህዝቢን ሃገርን የዋርዱ ምህላዎም እዩ።

እዞም ሰባት እዚኣቶም፣ ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝውክልዎ ነናቶም ፍሉጥ መስመር ኣለዎም። ናይ ወገንነት፣ ክድዓት፣ ሃሱስነት፣ ኩርኩርነት፣ ዕሱብነት፣ መስመር እዮም ዝውክሉ። ነዚ ንምርዳእ ምእንቲ ክሕግዝ ናይ ገለ ካብኣቶም ድሕረ ባይታ ተመሊስካ ምፍታሽ ኣገዳሲ እዩ። ካብ 1981 ማለት ተ.ሓ.ኤ. ካብ እትብተን ንድሓር ጥራይ ዘይኮነ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ መድረኽ፣ ተራ ናይዞም ሰባት እዚኣቶምን ዝውክልዎ ፍሉጥ መስመርን ሓደ ብሓደ ምርኣዩ፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ነቲ ብሰንኪ እዞም ሰባት እዚኣቶም ዝተኸስረ ወርቃዊ ግዜን ዝባኸነ ገዚፍ ሃገራዊ ዓቕሚን፣ (እምብዛ

ዘሕዝን እኳ እንተኾነ) ከም ታሪኽ ምፍላጡ ንተካእቲ ወለዶታት ጠቓሚ ኣስተምህሮ እዩ።

# 1. ተጻባኢን ወገናዊን መስመር ዓብደላ እድሪስ

ብንእስነቱ ኣብ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ዝተሰለፈ ዓብደላ እድሪስ፣ ኣብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ዙርያ ኣብ ሰርያ እዩ ተዓሊሙ። ኣብ 1967 ኣቢሉ ድማ ንሜዳ ኣትዩ። ዓብደላ ፈለማ ኣብ 5ይቲ ክፍሊ ተ.ሓ.ኤ. እዩ ተመዲቡ። ኩልና ገዳይም ተጋደልቲ ከምእንፈልጦ፣ 5ይቲ ክፍሊ ከም ውጽኢት ናይቲ ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ቁርቁስ፣ በቲ ናይ ሽዑ ፖለቲካ ንደቂ ከበሳ ተባሂላ ዝቖመት ክፍሊ እያ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ መምርሒ (ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ማለት እዩ) ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፣ ኣባላታ ሓደ ሲሶ ደቂ ዞባኣ ኪኾኑ፣ እቶም ካልኦት ግን ተወልድቲ ካልእ ከባቢታት ኪኾኑ ዝብል እዩ። ግን ብግብሪ ከምኡ ኣይተሰርሓሉን። ኣቋውማ ናይተን ክፍልታት ወገናዊ እዩ ነይሩ። ኣብቲ መድረኽ'ቲ እድሪስ ገላውዴዎስ ን5ይቲ ክፍሊ ብመገዲ 2ይቲ ክፍሊ ክቈጻጸራ እዩ ዝፍትን ነይሩ። 5ይቲ ክፍሊ ዓቕሚ ስለዘይነበራ 2ይቲ ክፍሊ እያ ትምውላ ዝነበረት። እቲ ድሓር ብዙሓት ተጋደልቲ ቀቲሉ ተባሂሉ ዝኸሰስ ምክትል ወልዳይ ካሕሳይ ዝነበረ ሕሻል ንኣብነት ካብ 2ይቲ ክፍሊ ዝመጸ እዩ። ብሓጺሩ ን5ይቲ ክፍሊ መቐጸልታ 2ይቲ ክፍሊ ንምግባራ እዩ ዝፍተን ነይሩ።

ኣብ 5ይቲ ክፍሊ ዝነበረ ዓብደላ እድሪስ፣ ስለስቲአን ክፍልታት ማለት 3ይቲ፣ 4ይቲን 5ይቲን ሰሚረን ን"ዋሕዳ ስላስያ" ኣብ ዘቘማሉ ጉባኤ ዓንሰባ፣ ኣባል መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኮይኑ ምምራጹ ዝፍለጥ እዩ። ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ድማ እዩ፣ ወገናዊን ትሕተ ሃገራዊን ኣመለኻኽታኡ፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ናይ ዕሱብነት ባህርያቱ ክግሃድ ዝጀመረ። ነዚ ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖ ኣሎ። ድሕሪ ምቛም ግዝያዊ መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት፣ ካብቶም ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ዝተመርጹ ኣባላት መሪሕነት፣ ዑማሮ፣ ኢሳይያስ፣ ኣቡጥያራ፣ ንሱዳን ብምኻድ፣ ነቲ ዝተወስደ ናይ ስምረት ስጉምቲ ደገፍ ንምርካብ ንሓደ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኣክል ኣብ ሱዳን ኣኼባታት እናካየዱ የኻሳጉሱ ነይሮም እዮም። ዓብደላ እድሪስ ጎስጓስ ከካይድ ዝመዘዞ ኣይነበረን። ይኹን'ምበር ደድሕሪኦም፣ ብሕማም ኣመሳሚሉ ንሱዳን ብምኻድ፣ ኣንጻሮም ከነሳጉስ ጀሚሩ። ምስተን ዘይሰመራ ወገናት ማለት 1ይቲን 2ይቲን ክፍልታት ኪዳን መስሪቱ፣ ንባዕሉ ኣብ ውሽጢ ስሉሳዊ ሓድነት እናሃለወ፣ ኣንጻር መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ክንቀሳቐስ ተራእዩ።

ዓብደላ እድሪስ፣ ከም ጉሉሕ ፖለቲካዊ ባእታ ዝተቐልቀለሉ፣ ኣብቲ ብድፍኢት መሰረታውያን ተጋደልቲ ሓሙሽተአን ክፍልታት ተ.ሓ.ኤ. ዝሰመራሉ ጉባኤ ኣዶብሓ እዩ። ኣብ መስርሕ'ቲ ጉባኤ፣ እቲ ኣቐዲሙ ዝሰመረ ሓይሊ፣ ማለት ስሉሳዊ ሓድነት (ዋሕዳ ሰላስያ) ብርኡይ ኣብ ክልተ እዩ ተገዚሉ። ዓብደላ እድሪስ ዝነበሮ ሓደ ወገን ምስ ርእይቶ 1ይቲን 2ይቲን ክፍሊ ወጊኑ። ኣብኡ ዝተጋህደ ገዛዛዒ ውዲትን ጸይቅን ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ገዲፍና ግን፣ ኣብቲ ጉባኤ ሓድሽ ኪዳን ተመስሪቱ፣ ዓብደላ እድሪስ ድማ ወተሃደራዊ ሓላፊ ኮይኑ ብጉባኤ ተመሪጹ። ሓዮቲ እውን ናይ ጸጥታ ሓላፊ ኮይኑ ተመዚዙ ክልቲኦም ወሰንቲ ቦታታት ሒዞም።

## 1.1. ጉባኤ ኣዶብሓን ዘስዓቦ ቅልውላውን

ጉባኤ ኣዶብሓ፣ ቅንዕና ዘይነበሮ ውዲታዊ ጉባኤ ብምንባሩ ብኡ ንብኡ እዩ ፈሺሉ። ቅያዳ ኣልዓማ ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣትያ፣ ኣብ ሜዳ ብዙሕ ሕንፍሽፍሽ ተፈጢሩ። ከም ውጽኢቱ ቅትለትን ማእሰርቲን ተጋደልቲ በዚሑ። ሓያሎ ንሃገራዊ ናጽነት ክቃለሱ ዝመጹ ንጹሃት ተጋደልቲ፣ በቲ ዝተፈጥረ ጸገማት ተስፋ ቈሪጾም ካብ ሜዳ ክሃድሙ ተራእዮም። እቲ እዋን'ቲ፣ ከም በዓል ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደይን ዝኣመሰሉ ንለውጢ ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ዝተቐንጸልሉ፣ ስርያ ኣዲስ-ኣበባ ተባሂሎም ዝፍለጡ ሓደስቲ ተጋደልቲ ብእኩብ ዝተረሸረሹሉ ሕማቕ እዋን እዩ። ወልዳይ ኣብ ከሰላ ኣባል ቅያዳ ሰውርያ ዝነበረ እዩ። ኪዳነ ድማ ኣብ ከሰላ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዜና ይሰርሕ ነይሩ። ክልቲኦም ንጡፋት ኣባላት እዮም ዝነበሩ። ብፍላይ ኪዳነ ሓደ ካብ ብሉጻት ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ናይቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ፣ በሊሕ ሰብ እዩ። ገለ ካብቲ ንሱ ዝጽሕፎ ዝነበረ ጽሑፋትን ናብ ፈለጥቱ ዝሰዶ ዝነበረ ደብዳበታትን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሰኒዱ ዝጸንሐ ኣሎ። ሓደ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ንኪዳነ ክፍሉ ኣብ ከሰላ ረኺቡ ቃለ-መጠይቕ ኣካይድሉ ነይሩ። ብድሕሪኡ ነዊሕ ኣይጸንሐን ኪዳነ ተቐቲሉ። “ኪዳነ ክፍሉ ምስተቐትለ ድሕሪኡ ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ ተስፋ ቈሪጸ” ይብል፣ እቲ ጋዜጠኛ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ። ወልዳይን ኪዳነን ኣብቲ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ልዑል ግደ ዝነበሮም ኮይኖም፣ ቅትለት ናይዞም ክልተ ሰባት፣ ሓደ መርኣያ ናይቲ መሪሕነት ጀብሃ ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ለውጢ ዝፍጽሞ ዝነበረ ብዙሕ ቅንጸላታት እዩ። እቲ ቅልውላው ድማ ኣብ መወዳእታ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣኸቲሉ።

## 1.2 ወሳኒ ተራ ዓብደላ ሓደ ካብ ጠንቅታት ዘሕዝን ታሪኽ ጀብሃ

ኣብ 1970፣ ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ጀብሃ ተፈልዩ፣ ቀዳማይ ወገን ብስዉሕ ዒላ ኣብ ዝተቐልቀለሉ እዋን፣ ዓብደላ እድሪስ ወተሃደራዊ ሓላፊ ኮይኑ ኣብ ኣከለጉዛይ እዩ ዝነበረ። ነተን ኣብ ከባቢኡ ዝነበራ ኣሃዱታት ድማ፣ ኣንጻር'ቲ ዝተፈንጨለ ሓይሊ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ክወስዳ ተሪር ትእዛዝ ሂቡ። ይኹን'ምበር እቶም ተጋደልቲ፣ ዓብደላ ዝሃቦም ትእዛዝ ክፍጽሙ ሕልናኦም ኣይገበረሎምን። “ከመይ ጌርና ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትና ጥይት ንትኩስ” ኢሎም ኣትሪሮም ስለዝተቓወምዎ እኩይ ትእዛዝ ዓብደላ እድሪስ ኣይተተግበረን። ካብዚ ሓቂ'ዚ እንግንዘቦ፣ ዓብደላ እድሪስ፣ ካብ ፈለማ ናይ ቅንጸላ፣ ጎነጽን ዓመጽን መስመር ይኽተል ምንባሩ እዩ። እቲ ዝኸፍአ ድማ ኣመለኻኽታኡ፣ ካብ ሓልዮት ንውድባዊ ጥምረት ዝብገስ ዘይኮነ ካብ ድሑር፣ ትሕተ-ሃገራዊ፣ ጸቢብን ወገናዊን ኣተሓሳስባ ዝምንጩ ምዃኑ እዩ።

ሓቀኛ ስምዒትን ኣተሓሳስባን ዓብደላ እድሪስ ከምዚ ዝተጠቕሰ ጸቢብን ወገናዊን ኮይኑ፣ እቲ ግርምቢጥ ዓብደላ ኣባል ሰልፊ ዕዮ (ለበር ፓርቲ) እዩ ነይሩ። ሰልፊ ዕዮ ኣብ 1968 ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ዝተመስረተ፣ ማርክሳዊ መስመር ዝኽተል ሰልፊ እዩ። ዓብደላ ከኣ፣ በቲ ሓደ ወገን ምስ ዕላማታት ናይቲ ሰልፊ ዘይከይድ ትሕተ-ሃገራዊን ወገናዊን ስምዒታት ሒዙ፣ በቲ ካልእ ማርክሳዊ ኮይኑ፣ ኣብ ክልተ ዝተፈናተተን

ኣንጻራዊን መስመር ረጊጹ ይጓዓዝ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ፣ ሓያሎ ካብ ኣባላት ሰልፊ ዕዮ፣ ማርክሳዊ ገስጋሲ ባህግታት እኳ እንተነበሮም፣ ከም በዓል ዓብደላ እድሪስ ዝኣመሰሉ ብትሕተ-ሃገራዊን ቀቢላውን ኣተሓሳስባ ንድሕሪት ዝንትዎም ኣድሓርሓርቲ ባእታታት ሒዞም ኣብ ዝበጽሕዎ ኣይነበሮምን። ሓደ ካብ ጠንቅታት ዘሕዝን ታሪኽ ጀብሃ ንሱ እዩ። እቲ ለበር ፓርቲ ናይ ብሓቂ ከምቲ ሓደ ገስጋሲ ሰልፊ ኪኸውኖ ዝግብኦ፣ ዕላማታቱ ንምዕዋት ብንጹር ፕሮግራምን ትብዓትን እናተመርሐ ክጓዓዝ ክኢሉ ነይሩ እንተዝኸውን፣ ናይ ጀብሃ ታሪኽ ፍጹም ካልእ መልክዕ ምሓዘ። ንዓብደላ ኣብ መሪሕነቱ ሒዙ ዝኸይድ ሰልፊ ግን፣ ብፍጹም ገስጋሲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሰልፊ ዕዮ ጀብሃ እምበኣር፣ ጽላሎቱ ኣብ ማርክሰነት፣ ቀንዲ ህላወኡ ኣብቲ ዓቃባዊ ወይ መስፍናዊ ዓለም እዩ ነይሩ።

ድሕሪኡ ዝቐጸለ ታሪኽ፣ ዓብደላ እድሪስ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ኮይኑ ወሳኒ ተራ ዝተጻወተሉ እዩ። ብግብሪ ኣቦ-መንበር ጀብሃ ንሱ እዩ ነይሩ እንተተባህለ እውን ነቲ ሓቂ ከምዘለዎ ምምስካር እምበር ምግናን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ኩሉ ናይ ጀብሃ ውሳነታት ወሳኒ ተራ እዩ ነይሩዎ። ኣብ ገርግር ሱዳን፣ ሓይሊ ኣኪቡን ንተጋደልቲ ኣጎስጒሱን ንሻዕብያ ከጥፍእ ጓህሪ ኲናት ሓድሕድ ክውልዕ ዝተሃንደደ ብቐንዱ ወተሃደራዊ ሓላፊ ዓብደላ እድሪስ እዩ። ግን ኣይተዓወተን። ኣብቲ ውግእ ንባዕሉ ተወጊኡ፣ እቲ ስርሒት ድማ ብዘሕፍር መልክዕ ፈሺሉዎ። ኣብዚ ናይ ገረግር ሱዳን ፍጻመ፣ ወተሃደራዊ ምርጫ ከምዘይሰርሕ ተረጋጊጹ እዩ። ምኽንያቱ ኣብኡ ዝተሳተፈ ሓይሊ ናይ ጀብሃ ምስ ሻዕብያ ብምንጽጻር ቀሊል ኣይነበረን። ደምሳሲ ክኸውን ዝተሓሰበ ብርቱዕ ውግእ እዩ ነይሩ። መሪሕነት ጀብሃ ንሓቂ ክቕበል ትብዓት እንተዝነብሮ፣ ድሕሪ'ዚ ውግእ'ዚ፣ ኣብ ክንዲ ናብ ምቕንጻል ናብ ፖለቲካዊ ፍታሕ ብምድፋእ ንኹሉ ሃገራዊ ሓይሊ ንምስማር ክሰርሕ ምተገብአ። ከምኡ ዝዓይነቱ ናይ ለባማት ምርጫ እንተዝወስድ ነይሩ፣ ሃገር እምብዛ ምረብሐት። እንተኾነ ከምቲ "ዓሻስ ክሳብ ገበጣ ዘውዳእ ይጻወት" ዝበሃል፣ ዓብደላ እድሪስ፣ ድሕሪ'ዚ ዓቢይን ዘሕፍርን ፍሽለት እውን ናይ ቅንጸላ ኣተሓሳስባኡ ኣይቀየረን። ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ንሻዕብያ ናይ ምጥፋእ ድሌትን ኣተሓሳስባን ዝያዳ ድርኺት ካብ ዝፈጥረሉ ዝነበረ ረቛሒታት ሓደ፣ እዚ ካብ ወገናዊ ኣተሓሳስባ ዝመንጨወ ውልቃዊ ጽልኢን ቅርሕንቲን ዓብደላ እድሪስ እዩ እንተተባህለ ኣይተጋነነን።

## 1.3 ዋሕዚ ሓድሽ ሓይሊን ስግኣት ዓብደላ እድሪስን

ካብ 1973 ክሳብ 1975 ዓ.ም. ኣብ ዝነበረ መድረኽ፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሓደስቲ ተጋደልቲ እናተዓብለለ እዩ መጺኡ። እዞም ተጋደልቲ እዚኣቶም ብሓያል ሃገራዊ ስምዒት ንናጽነት ክቃለሱ ዝመጹ፣ ኣብ ዝኾነ ድሑር ፖለቲካ ዘይተመራስሑ ንጹሃት መንእሰያት እዮም። ብዘይካ መስዋእቲ ከፊልካ ናጽነት ኤርትራ ምምጻእ ድማ፣ ካልእ ድጉል ተጻባኢ ዕላማን ድርኺትን ኣይነበሮምን። ይኹን እምበር፣ እዚ ምዕባለታት'ዚ ንዓብደላ እድሪስ ኣይተበርሆን። ካብቲ ድሑርን ወገናዊን ኣጠማምታኡ ዝብገስ፣ ነዞም ሓደስቲ ተጋደልቲ ፍጹም ኣይፈተዎምን። ብዓይኒ ጽልኢን ስግኣትን እዩ ጠሚትዎም። ከም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ፣ ከም ወገኑን ጸግዑን ኣይርኣዮምን። ምኽንያቱ፣ እዞም ሓደስቲ ተጋደልቲ መብዛሕትኦም ተማሃሮ እዮም። ብዙሓት ካብኣቶም ድማ ደቂ ከበሳ። ዓብደላ እድሪስ፣ ምምጻእ ናይዚ ሓድሽ ሓይሊ ከቢድ ጥርጣረን ፍርሒን እዩ ኣሕዲሩሉ። እዚ ፍርሒን ስግኣትን'ዚ ድማ፣ ናብ ክቱር ጽልኢ ኣድሂብሉ። እዚ ሓድሽ ሓይሊ ብሸነኹ፣ ንወገናዊን ድሑርን ኣተሓሳስባ ዓብደላ

እድሪስ ቀልጢፉ ቆብ ስለዘበሎ፣ ንዓብደላ ከም መራሒ ክቕበሎ ኣይከኣለን። ዓብዳላ፣ ከም ግብረ-መልሲ ናይ ኣመላኻኽታኡ በዚ ሓድሽ ሓይሊ ኣዝዩ ዝተጸልአ ሰብ ክኸውን ግዜ ኣይወሰደን። ዓብደላ ሰፊሕን ንኹሉ ሃገራዊን ዝሓቑፍ ኣመለኻኽታ እንተዝነበሮ፣ እቲ ተጋዳላይ ንዕኡ ብፍሉይነት ዘጽልእ ምኽንያት ኣይምነበሮን። ኣብ ጀብሃ ምጽእ ዝበለ ሓድሽ ተጋዳላይ ግን፣ ብዛዕባ ውሽጣዊ ፖለቲካ ጀብሃ መጀመርታ ዝሰምዖ ዘረባ፣ “ዓብደላ እድሪስ ኣድሓርሓሪ እዩ፣ ባዓስ እዩ” ዝብል ምንባሩ፣ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበርና ኩልና ኣጸቢቕና እንፈልጦ እዩ።

ናብቲ ድሕሪኡ ዝቐጸለ ኣካይዳ ምስ እንምለስ፣ ዓብደላ ኩሉ ሳዕ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ጥሩፍ ዝኾነ መርገጺ ሒዙ እዩ ዝኸይድ ነይሩ። “ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ሜዳ ኤርትራ ክትጠፍእ ኣለዋ” ዝብል ጥሩፍን ተጻባኢን መርገጺኡ፣ ፍጹም ተለዊጡ ወይ ለዚቡ ኣይፈልጥን። ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ጀብሃ ከኣ፣ ዓብደላ ንናይ ሕሩይ ተድላ (ወዲ ተላ) ዕሽልነትን ሕንቃቐን ክጻወሮ ዝኽእል ኣይነበረን። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ንሕሩይ ከም መቐናቕንቱ ጠሚቱ ኣንጻሩ ይሰርሕ ነበረ። ንሕሩይ ካብ ፈለማ ኣይተቐበሎን። ብሓቂ እውን (ጸኒሕና ክንመጾ ኢና) ሕሩይ ክትቅበሎ ትኽእል ዓይነት ሰብ ኣይኮነን።

## 1.4 ካልኣይ ጉባኤ ጀብሃን ውዲታት ዓብደላን

ኣብ 2ይ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብ ውድባዊ ፕሮግራም ብዙሕ ለውጢ እዩ መጺኡ። ኣብ መንጎ እቲ 1ይን 2ይን ጉባኤ ብዙሕ ፍልልያት እዩ ነይሩ። ኣብ 2ይ ጉባኤ፣ ሰልፊ ዕዮ (ለበር ፓርቲ) ዋላ ካብ ገዛእ ፕሮግራሙ ኣንሳሒቡ ክበሃል ይከኣል እዩ። ገለ ገለ ካብቲ ዘሰሓሕብ ዝነበረ ነጥብታት ንምዝካር፣ ኣብ ፕሮግራም ናይቲ ቀዳማይ ጉባኤ፣ ኣብ ሕቶ ቋንቋታት፣ ትግርኛን ዓረብን ወግዓውያን ቋንቋታት ኮይነን፣ ናይ ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ መስልን ማዕርነትን ክሕሎ ዝብል ነጥቢ ነይሩ እዩ። እዚ ነጥቢ'ዚ ድሓር በቶም ዓቃባውያን ወገናት፣ ከም ኣንጻር ዓረብ ዝቐንዐ ውዲት እዩ ተራእዩ። “እዚኣን ቋንቋታት ኣይኮናን ዲያለክትስ እየን” ዝብል ምጉት ኣምጺኦም። ከም ውጽኢት ናይዚ ኣመለኻኽታ'ዚ፣ ኩሉ ተጋዳላይ ጀብሃ ከምዝዝከሮ፣ ድሕሪ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ፣ ኣብ 1975 ኣብቲ ውድብ ዝነበረ ንመምሃሪ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ ትግረ መጻሕፍቲ ተቓጺሉ እዩ። ኣብ መዓስከር ሳዋ ዝነበሩ መማህራን፣ ካልኣይ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ትግረ'ዩ ብዝብል ገርሃዊ ኣተሓሳስባ እዮም ብትግረ መምሃሪ መጻሕፍቲ ኣዳልዮም። እዚ ምስተሰምዐ፣ ኣብ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ጀብሃ “ናይ ትግረ መጻሕፍቲ ክጸሓፍ የብሉን” ዝብል ውሳነ ሓሊፉ ከምዝቃጸል ተገይሩ። እቲ ውሳነ ኣብ ገለ መራሕቲ ጀብሃ ዝነበረ ናይ መንነት ቅልውላው ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ ናይ ቋንቋታት ጉዳይ፣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ጀብሃ ኣካታዒ ዝነበረ ኣርእስቲ፣ ንዝምድና ሰውራ ኤርትራን ሃገራት ዓረብን ዝምልከት ኣርእስቲ እዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ጉባኤ ዝጸደቐ ፕሮግራም፣ ንሃገራት ዓረብ ክጠቕስ እንከሎ “ዓረባዊ ዓለም” (Arab World) እዩ ዝብል ነይሩ። ምስ ዓረባዊ ዓለም ዘሎና ታሪኻዊ፣ ባህላዊ ጂኦግራፍያዊ ምትእስሳር ምድልዳል ዝብል ፕሮግራም እዩ ነይሩ። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ግን እዚ ኣገላልጻ'ዚ፣ ካብ ዓረብነት ከም ምርሓቕ እዩ ተወሲዱ። እቲ ዝምድና ጥቡቕ ምኳኑ ብዘመልክት ካልእ ቃል ማለት ብ“ኣልኡማ ኣልዓረቢያ” ከምዝትካእ ድማ ተገይሩ። “ናብ ዓረብ ዝቐረብና ኢና” ዝዓይነቱ ኣቀራርባ እዩ። እዚ እውን ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣብ ገለ መራሕቲ ጀብሃ ዝነበረ ናይ መንነት ቅልውላውን ሕማምን

ዝተኣሳሰረ እዩ። ብርግጽ ድማ፣ ዘይኮንካዮ ክትከውን ምፍታን፣ ብዘይካ ሕማም ካልእ ክበሃል ኣይከኣልን።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ለበር ፓርቲ ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዓቢ ተራ ክጻወት ኣይከኣለን። ከም ውጽኢት ድኻም ናይቲ ሰልፊ ድማ፣ ኣብዚ 2ይ ጉባኤ፣ ዓብደላ ኣቦ-መንበር ክኸውን ንሕጸ ቀሪቡ። ዓብደላ ግን ኀራሕ ፖለቲከኛ ስለዝኾነ፣ ነቲ ሕጸ ኣይተቐበሎን። ኣብቶም ተጋደልቲ ተቐባልነቱ ገምጊሙ፣ ንሱ ኣብ ቅድሚት ክመጽእ እዋኑ ከምዘይኮነ ኣረጋጊጹ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ኣብ ቅድሚት እንተመጺኡ፣ በቲ ሓድሽ ሓይሊ ጽሉእ ምስ ምዃኑ ብቐጥታ ክጥቃዕ ምዃኑ ኣይሰሓቶን። ስለዚ፣ "ኣሕመድ ናስር ኣለኩም ኣቦ መንበር ክኸውን ዝኽእል" ዝብል ሓሳብ ኣቕሪቡ። ኣሕመድ ናስር ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ኣብ ዝተመርጸ ወተሃደራዊ ሽማግለ ምስኡ እዩ ነይሩ። ጽቡቕ ገይሩ'ዩ ዝፈልጦ። ንመሪሕነት ብቑዕ ሰብ ከምዘይኮነ እናፈለጠ ከኣ፣ ኣቦመንበር ክኸውን ሓጽይዎ። ብድሕሪት ኮይኑ ከም ድላዩ ክቈጻጸሮን ክጠዋውዮን ከምዝኽእል ኣይሰሓቶን። በዚ ድማ ንኣሕመድ ኣብ ቅድሚት ኣምጺኡ፣ ንሱ ነታ ወተሃደራዊ ሽማግለ ሒዙ ክጸንሕ መሪጹ። ብዝኾነ ኣብዚ ካልኣይ ጉባኤ፣ ኣሕመድ ኣቦመንበር ኮይኑ፣ ሕሩይ ተድላ ካብ መሪሕነት ተኣልዩ። ኣብ ውድባዊ ቅርጺ ምልውዋጥ ተገይሩ፣ 9 ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ ተመሪጹም።

## 1.5. ጽልዋታት ወጻኢ

ኣብ መስርሕ 2ይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ.፣ ሓደ ኣብ ታሪኽ ከይተጠቕሰ ክሕልፍ ዘይግብኦ መስደመም ተርእዩ ነይሩ እዩ። ናይ ኣባላት ሰልፊ በዓስ ዒራቕ ምትእትታው። ኣቡል ዓላ ዝበሃል ዒራቓዊ ወኪል ሰልፊ በዓስ፣ ከም ተዓዛቢ ክሳተፍ መጺኡ ነይሩ። ብግብሪ ግን ተዓዛቢ ጥራይ ኣይነበረን። ኣብ መስርሕ'ቲ ጉባኤ ሰባት እናጸውዐ፣ ጉጅለታት እናኣከበ ከዘራርብ ይውዕልን ነቲ ጉባኤ ብግዳም ኮይኑ ክዝውሮን ድማ ይጽዕር ነይሩ። ኣብቲ ጉባኤ ብዘይካ ኣቡል ዓላ፣ ጃዕፈር ኣልኣሳድ ዝበሃል ሓደ ኤርትራዊ ወዲ ናራ "ዓረብ እየ፣ ኣባል በዓስ እየ" ዝብል እውን ካብ ዒራቕ ክሳተፍ መጺኡ ነይሩ። ናይ በዓስ ፕሮግራም ሒዙ እዩ መጺኡ። ነቲ ፕሮግራም ኣብቲ ጉባኤ ዘርጊሕዎ። ኣብ መሪሕነት እውን ክምረጽ ፈቲኑ ነይሩ። ግን ኣይሰለጦን። ምትእትታው ሰልፊ በዓስ ዒራቕ፣ ኣብ ፖለቲካ ጀብሃ እምበኣር ክሳብ ክንድኡ ዓቢ እዩ ነይሩ። እዚ ከምዚ ዓይነቱ ምትእትታውን ጽልዋታትን ሓይልታት ወጻኢ ከኣ፣ ሓደ ቀንዲ ፖለቲካዊ ድኻማት ጀብሃ እዩ ነይሩ።

## 1.6 ድሕሪ 2ይ ጉባኤ

ኣቐዲመ ከምዝጠቐስክዎ፣ 2ይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ብዙሕ ጸገማት ዝነበሮ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኩነታት ጀብሃ ድሕሪቲ ጉባኤ መሊሱ እናኸፍኣ ከይዱ እምበር ኣይጥዓየን። እቲ ሓድሽ ሓይሊ ነቲ ዓቃባዊ ሓይሊ ይቕበሎ ኣይነበረን። እቲ ዓቃባዊ ወገን እውን ከምኡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓድሽ ሓይሊ ጥዑይ ኣጠማምታ ኣይነበሮን። ድሕሪ'ዚ ጉባኤ'ዚ፣ ኣብ ሜዳ ወሳኒ ተራ ሒዙ ዝቐጸለ ዓብደላ እድሪስ እዩ። ኣቦ መንበር ኣሕመድ ናስር እኳ እንተኾነ፣ ኣሕመድ ግን ኣብ ሜዳ ዳርጋ ኣይነበረን። ካብ 1975 ክሳብ 1981 ኣሕመድ ኣብ ሜዳ ዝተራእየለን ተደማሚረን ካብ ኣዋርሕ ዝሓልፋ

ኣይኮናን። ካብ ግዳም ንኣኼባታት ተጸዊዑ ንሜዳ ክመጽእ ከሎ፣ ቀልጢፉ ምእንቲ ክምለስ ኩሉ ሳዕ መምለሲ ዝኾኖ ቆጸራታት ገዲፉ ምስ መጸ እዩ። ድሕሪ ኣኼባ ድማ፣ "ከምዚኣ ዝኣመሰለት ቆጸራ ኣላትኒ" ኢሉ ይኸይድ። ኣብ ሜዳ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ኣቦ-መንበር፣ ምክትል ኣቦመንበር ዝነበረ ኢብራሂም ቶቲል እዩ ዘካይዶ ነይሩ። ኣብቲ ውድብ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ግን ዓብደላ እድሪስ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ መራሒ ናይ ጀብሃ ኣሕመድ ናስር ዘይኮነ ዓብደላ እድሪስ እዩ ነይሩ። ብዓንተቦኡ እውን፣ ነዚ ገምጊሙ እዩ ንኣሕመድ ናስር ኣብ ቅድሚት ኣምጺእዎ።

ዓብደላ ብግብሪ እቲ ቀንዲ መራሒ ናይ ጀብሃ ይኹን እምበር፣ ብሓደስቲ ተጋደልቲ ብፍላይ ኣብ ሰራዊት ኣዝዩ ዝተጸልአን ዝተፈንፈነን ሰብ እዩ ነይሩ። ዓብደላ ጸረ-ስምረት፣ ጸረ-ሓድነት ወገናዊ ሰብ ምዃኑ ኩሉ እዩ ዝፈልጥ። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ኣብ መፋርቕ 1975 ምስ ጉጅለ ሳልሕ ሳበ ኣብ ባቕዳድን በይሩትን ርክባት ምግባሩ ተጋዳላይ ኣይተቐበሎን። ድሕሪኡ፣ ኣሕመድ ናስርን ካልኦትን ኣብ መስከረም 1975 ነቲ ስምምዕ ኣብ ካርቱም ክታሞም ኣንቢሮምሉ። ነቲ ዝፈርምዎ ስምምዕ ግን ኣብ ሜዳ ዝነበረ ተጋዳላይ ፍጹም ኣይተቐበሎን። ተጋዳላይ ጀብሃ ምስ ሻዕብያ ብዛዕባ ዝግበር ርክባት ጥራይ እዩ ክሰምዕ ዝደሊ ነይሩ። ብኣንጻሩ ዓብደላ ምስ ሻዕብያ ልዝብ ክግበር ድሌት ኣይነበሮን። ኣብ ተጋደልቲ ናይ ጀብሃ ዝነበረ ስምዒት የንብቦ ስለዝነበረ፣ ኣናብባኡ ድማ ወገናዊ ብምንባሩ፣ ነቲ ኣብ ተጋደልቲ ዝነበረ ናይ ስምረት ጠለብ ክደፍኣሉ ይደሊ ኣይነበረን። ከም ውጽኢት ናይዚ ኣብ መሰረታውያን ተጋደልቲን መሪሕነትን ዝነበረ ዝተፈላለየ ባህግን ድሌትን፣ ኩሉ ኣድህቦ መሪሕነት ጀብሃ ኣብ ክንዲ ናብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ስራሕ ናብ ደገ እዩ ኮይኑ። ብፍላይ ድማ ዓብደላ እድሪስ ውጽኢት ጉባኤ ንፈተውቲ ሃገራት ንምግላጽን ካልእን ብዝብል ምስምሳት ናይ ሜዳ ስርሑ ጠንጢኑ ኣብ ደገ ኰለል ዝብለሉ እዋን ብዙሕ እዩ ነይሩ።

## 1.7 ምትፍናን ዓብደላን መሰረታትን

ብዝሒ ናይቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ሓድሽ ሓይሊ፣ ካብቲ ናይ ቅድም ኣባል ጀብሃ ኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ እዩ ነይሩ። መራሕቲ ጀብሃ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓድሽን ውዑይን ሓይሊ ብሃገራዊ መስመር ክውድብዎ ክኢሎም ነይሮም እንተዝኾኑ፣ ኩነታት ጀብሃ ፈጺሙ ምተቐየረ፣ ዓቢይን ኣወንታዊን ለውጢ ድማ ክመጽእ ምኸኣለ። መሪሕነት ጀብሃ ግን፣ (ብሕልፊ ከኣ ዓብደላ እድሪስ)፣ ካብ ፈለማ ብስግኣትን ፍርሒን ዝኣክል ምስዚ ሓድሽ ሓይሊ ክቀራረቡ ኣይደለዩን። ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሮም እናሃለወ ከምዘይናቶም እዮም ዝጥምትዎ ነይሮም። ኣብዚ ሓድሽ ሓይሊ ዘካይድዎ ሓያል ፖለቲካዊ ስራሕ ኣይነበረን። እዚ ሓድሽ ሓይሊ ብወገኑ፣ መንእሰይ ብምዃኑ፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝነበረ ምክፍፋል ኮነ ኣብ መሪሕነት ጀብሃ ብዛዕባ ዝነበረ ጸገማት ዓሚቝ ፍልጠት ኣይነበሮን። ኣብቲ ውድብ ለውጢ ክመጽእ ከምዘለዎ ግን ይኣምን ነይሩ። ለውጢ ክብል ከሎ፣ ነቲ ላዕሊ ላዕሊ ዝርእዮ ዝነበረ ጸገማት ንምእራም እምበር፣ ካልእ ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቲ ሱር ዝሰደደ ድሑርን ክፍወስ ዘይክእልን ጸገማት ናይቲ ውድብ ኣጸቢቖ ይፈልጦን ይርድኦን ኣይነበረን። ንኹሉ ዘሳትፍ ኣብ ማዕርነት ዝተመርኰሰ ኣከያይዳ ክህሉ ጥራይ እዩ ዝጠልብ ነይሩ። ንጹህ ዝኾነ ጠለብ። የግዳስ በዓል ዓብደላ ነዚ ቅኑዕ ጠለብ ናይዚ ሓድሽ ሓይሊ ከም ተጻብኦ እዮም ጠሚቶሞ። ብፍላይ ዓብደላ እዞም ሓደስቲ ተጋደልቲ መብዛሕትኦም ደቂ ከበሳ ብምንባሮም ጠለባቶም ይብርሆ ኣይነበረን። ንሳቶም ከኣ፣ ንኸፉእ ኣተሓሳስባኡን ተግባራቱን ተዓዚቦም፣ "እዚ ሰብ'ዚ ኣድሓርሓሪ እዩ" ይብልዎ ነይሮም። ንዓብደላ ምሒር ብምጽላእ ንሕሩይ (ወዲ ተላ) ከም ኣማራጺ ዝርእይሉ

ኩነታት እውን ነይሩ። ምኽንያቱ ሕሩይ ኣብ ወጻኢ እዩ ዝነበረ። ብወረ እንተዘይኮይኑ ድማ ብቐረባ ይፈልጥዎ ኣይነበሩን።

እዚ ኣብ ጀብሃ ዝነበረ ሓድሽ ሓይሊ፣ ኣንጻር ጸላኢ ክገጥም ልዑል ድሌትን ወኒን እዩ ነይሩዎ። ምስ ተጋዳላይ ሻዕብያ ስምረት ክግበር እሞ፣ ኩሉ ሃገራዊ ሓይሊ ብሓባር ኣንጻር ጸላኢ ክገጥም ልዑል ባህጊ ነይሩዎ። ካብዚ ዝተበገሰ ኣብ ኣኼባታት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ.፣ ጉዳይ ስምረት፣ ዓቢ ሕቶ እዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ጸገም እቲ ተጋዳላይ ነቲ ጸረ-ሓድነት መርገጺ ናይ መሪሕነቱ ኣጸቢቑ ይፈልጦ ኣይነበረን። ኣብ ሕቶ ሃገራዊ ሓድነት ብዛዕባ ዝነበረ መርገጺን ርእይቶን ናይቲ ውድብ ኣነጺሩ ዝገልጸሉ ኣካል እውን ኣይነበረን። እቶም ላዕለዎት መራሕቲ ዝበሃሉ፣ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ናይቲ ተጋዳላይ ንጡፋት ኣይነበሩን። ብግብሪ መራሒ ናይቲ ውድብን ሰራዊትን ዓብደላ እድሪስ እኳ እንተኾነ፣ ንሱ ግን ብዘይካ፣ ኣብ ረሳሕ ፖለቲካ ጥሒሉ ሰባት ክጎጃጅልን ተንኰላት ክኣልምን፣ ከም ወተሃደራዊ ሓላፊ ዝሕንጽጾ ስትራተጂን ብቐጻሊ ዘሰላስሎ ወተሃደራዊ ስርሒታትን ዳርጋ ኣይነበረን። እቶም ዝካየዱ ዝነበሩ ውግኣት መብዛሕትኦም ብተበግሶ ናይተን ኣሃዱታት ዝፍጸሙ እዮም ነይሮም። ብሓጺሩ ጀብሃ ኣዝዩ ዝተወደበን ዝተወሃሃደን ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ንጥፈታት ኣይነበራን። ብውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው እትሕመስ ውድብ እያ ነይራ።

## 1.8 ዝሩግ ውድባዊ ሃዋህው

ጀብሃ ኣብ ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ዝሩግ ሃዋህው እናሃለወት፣ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝፍጸም ዝነበረ ምምሕዳራዊ በዳላት ማእለያ ኣይነበሮን። ኣብ ዕለታዊ ህይወት ናይተን ኣሃዱታት ብቀለልቲ ጉዳያት ዝተላዕለ ብዙሕ ጸገማትን ግርጭታትን እዩ ዝኽሰት ዝነበረ። እቲ ግርጭት ዝበዝሕ ግዜ ኣብ መንጎ እቶም ገዳይምን ሓደስቲን እዩ ዘጋጥም። ንኣብነት ሕቶ ምብላዕ ስጋ ይመጽእ። እዚ ንምክፍፋል ምኽንያት ይኸውን። ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ብዙሕ ደቀቕቲ ጉዳያት እናጓሃረ ዓቢ ምጉጅጃል ይፈጥር። ዝኣልዮ መሪሕነት ስለዘይረኽብ ድማ፣ ዝበዝሕ እዋን ሃይማኖታዊ መልክዕ ይሕዝ። ላዕለዋይ መሪሕነት ኣብ ንጡፍ ኣመራርሓን ቁጽጽርን ስለዘይነበረ፣ ኣብ መንጎ ተጋደልቲን ታሕተዎት መራሕትን ዝፍጠር ግጭታት እውን ንጹር ናይ ኣፈታትሓ ስርዓት ኣይነበሮን። ከም ውጽኢቱ ድማ ሰባት ብዘይፈጸምዎ በደል ወተሃደራዊ ትእዛዝ ጥሒስኩም እናተባህሉ ይእሰሩን ብዙሕ ግፍዒታት ይወርዶምን ነበረ።

ናብ ዓብደላ እድሪስ ምስእንምለስ፣ ዓብደላ ምስ ጉጅለ ሳበ ኣብ ባቕዳድን በይሩትን ርክብ ድሕሪ ምክያዱ፣ ምስ ጉጅለ ሳበ ዝተበጽሐ ስምምዕ፣ ተጋዳላይ ኣይተቐበሎን። ብዛዕባ'ቲ ስምምዕ ንተጋደልቲ ንምግላጽ ኣኼባታት ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ድማ ብርቱዕ ተቓውሞ ተላዒሉ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዓብደላ፣ ኣብ ሰራዩ ምምሕዳር 9 እዩ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብቲ ኣኼባ፣ ተጋደልቲ “ስለምንታይ ምስ ሳበ ትራኸቡ? ስለምንታይ'ከ ካብ ሜዳ ወከልቲ ዘይከዱ? እዚ ውዲት እዩ” ኢሎም ኣንጸርጺሮም። ዓብደላ ከመኻኒ እኳ እንተፈተነ፣ እቶም ተጋደልቲ ብመልስታቱ ኣይዓገቡን። እቲ ኣኼባ ናብ ዕግርግር ተቐይሩ። ኣብ መወዳእታ ንዓብደላ ኣኽቢቦም ኣሲሮሞ። ድሓር ግን ኣብኡ ዝነበሩ ካድረታት ነቲ ነገር ኣዘሓሒሎም ከምዝለቀቕ ገይሮሞ። ንሳቶም እንተዘየገላግልዎ፣ ምናልባት እቶም ተጋደልቲ ምስቲ ዝነበሮም ሕርቃን ምቐተልዎ ነይሮም። ዓብደላ እድሪስ ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ ምሒር ሰንቢዱን ርዒዱን እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ካብ ቅድም

ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ እዚ ሓድሽ ሓይሊ ዝነበሮ ጽልኢ፣ እዚ ምስተወሰኾ፣ እዚ ሓይሊ'ዚ ንህይወቱ እውን ሓደገኛ ምኳኑ ገሚቱ፣ ጽልኡን ስግኣቱን ዝያዳ ዓሪጉ።

## 1.8 ምንቅስቓስ ፋሉልን ናይ ቅንጸላ ስጉምቲን

ድሕሪ'ዚ ዕርግርግር'ዚ፣ ሰውራዊ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሓምለ 1976፣ ሳልሳይ ኣኼባኡ ኣብ ዘካየደሉ፣ እንጽርጽሮት ተጋደልቲ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ነቲ ምስ ሳበ ዝተገብረ ስምምዕ ንምምኻናይ፣ "ሻዕብያ ኣብ ክልተ ተመቒላ እያ፣ ስለዚ ድማ ምስ ክልቲኦም ወገናት ኢና ክንላዘብ ዘለና" ዝብል መግለጺ ኣውጺኡ። እቲ መግለጺ ነቲ ተቓውሞ መሊሱ ጓህሪ ወሲኹሉ እምበር ኣይዝሓሎን። እዚ ተቓውሞ'ዚን ቅድሚኡ ክውህለል ዝጸንሐ ምረት ናይ ተጋደልቲን ተደማሚሩ ድማ እዩ፣ ንምንቅስቓስ ፋሉል ዝወለደ። ናይ ፋሉል ምንቅስቓስ ምስ ተላዕለ፣ ዓብደላ እድሪስ ነግ ፈረግ ኣይበለን። ብቐጥታ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ክውሰድ እዩ ኣዚዙ። ቀዳመይቲ ግዳይ ናይቲ ቅንጸላ ዝኾነት ከኣ ቦጦሎኒ 149 እያ ነይራ። እቲ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊኣ እዩ ተወሲዱ። 261 ትበሃል ናይ ስዒድ ሳልሕ ቦጦሎኒ እውን ተመሳሳሊ ዕድል ኣጋጢሙዋ። ካልኦት ሓያሎ ኣሃዱታት እውን ቀይዲ በቲኸን ተባሂለን መጥቃዕቲ ዝተፈጸመለን ነይረን። ከም ሳዕቤን ናይቲ ዝተወስደ ቀንጻሊ ስጉምቲ፣ ኣብቲ ውግእ ዝስዋእ ተሰዊኡ፣ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተጋደልቲ ድማ ንስደት ናብ ሱዳን ኣምሪሖም። ኣስታት 1200 ዝኾኑ ተጋደልቲ፣ ምስ ምሉእ ዕጥቆም ካብ ጀብሃ ተፈልዮም ናብ ሻዕብያ ተጸምቢሮም። ገለ ከኣ፣ ናብ ጀብሃ ተመሊሶም መቕጻዕቶም ዝተቐበሉ ነይሮም። ድሕሪ'ዚ፣ ብዓንተቦኣ ኣብ ሕምርግርግ ዝነበረት ጀብሃ በዚ ውሽጣዊ ግጭት'ዚ ዝያዳ ተሓሚሳ። መሪሕነት ጀብሃ ነቲ ዝተፈጥረ ሕንፍሽፍሽ ክኣልዮ ኣይከኣለን። ሕንፍሽፍሽ ናይ ጀብሃ ድማ ንዓብደላ እድሪስ ምቹእ ኣጋጣሚ ኮይኑዎ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዕግርግር፣ ነቶም ስግኣት ዝኾንዎ ንምጥፋእ ነታ ፍልጥቲ ናይ ምቕንጻል መስመሩ ሒዙ ቀጺሉ።

ሕሩይ ተድላ ባይሩ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሱዳን እዩ ዝነበረ። እቲ ናይ ፋሉል ምንቅስቓስ ሕሩይ ኣለዓዒልዎ ተባሂሉ እውን ይሕመ ነይሩ። ግን እቲ ሓቂ ከምኡ ኣይኮነን። ሕሩይ ምስ ምንቅስቓስ ፋሉል ቀጥታዊ ርክብ ኣይነበሮን። እቲ ተቓውሞ ብፍኑው ዝተላዕለ ናይ መሰረታውያን ተጋደልቲ ተቓውሞ እዩ። ርግጽ እዩ ገለ ምስ ወዲ ተላ ርክብ ዝነበሮም 40 ወይ 50 ዝኾኑ "ማርክሳዊ ጉጅለ" ወይ "ማጉ" ተባሂሎም ዝፍለጡ ሰባት ኣብቲ ተቓውሞ ነይሮም እዮም። ግን ንሳቶም ነቲ ተቓውሞ ክመርሕዎ ይኹን ከማእዝንዎ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። እዘን ቀይዲ በቲኸን ተባሂለን ፋሉል ዝተጸውዓ ኣሃዱታት፣ ነቲ ምንቅስቓስ ምስ ኣልዓላ፣ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ 1977 ኣብ ቃቕብዳ ኣኼባ ገይረን መሪሕነት እውን ክመርጻ ፈቲነን ነይረን እየን። ግን ካብ ፈለማ ውዳበን ናይ ሓባር ርእይቶን ስለዘይነበረን ክሰልጠን ኣይከኣለን። እቲ ብፍኑው ዝተላዕለ ተቓውሞ፣ ክትጥርንፎ ኣብ ዘይክኣለ ደረጃ በጺሑ፣ ዝርግርግ ዝበለ ሃዋህው እዩ ተፈጢሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፣ "ኣንቢብካ ኣሕልፍ!" እናተባህለ ዝሰጋገር፣ መን ከምዝጽሕፎ ዘይፍለጥ ጽሑፋት ይዝርጋሕ ምንባሩ ዝዝከር እዩ። መን ከምዘበገሶ ዘይፍለጥ ዝተፈላለየ ንጥፈታት እውን ይካየድ ነይሩ። ንኣብነት ብሸንኽ ኣከለ ጉዛይ ሓንቲ ጋንታ ነይራ፣ ጥርዓናት ናይ ተጋደልቲ ጥራይ እትእከብ። "ከምዚ ተበዲለ፣ ከምዚ ገይሮሙኒ" ናይ ዝብሉ ሰባት ጉዳያት እትምዝግብ። ዝመዘዛ ኣካል ዝነበረ ኣይመስለንን። ነቲ ዝነበረ ጸገማት ናብ መሪሕነት ንምብጻሕ ኢላ ዘንቀለቶ፣ ናይ ገዛእ ርእሳ ተበግሶ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

ኣብ 1976-77 ኣብ ጀብሃ ዝተኸስተ ሕንፍሽፍሽ፣ ተጋዳላይ ንኣመራርሓ ጀብሃ ስለዘይተቐበሎን ግብራዊ መሪሕነት ኣብ ባይታ ስለዘይነበረን ዘጋጠመ እዩ። እቲ ተጋዳላይ መብዛሕትኡ ሓድሽ እዩ። ናይ ሓደ ዓመት ክልተ ዓመት ተሞኩሮ ዝነበሮ መንእሰይ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ርሱን ናይ ቃልሲ መንፈስን ስምዒትን እዩ ነይሩዎ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓድሽን ስምዒታውን ሓይሊ ዝመርሓን ዝውድቦን ብቑዕ ኣካል ምስዝስእን ክፍጠር ዝኽእል ሕንፍሽፍሽ ንምግማቱ ኣየጸግምን።

## 1.9 ዘይቅዱው መሪሕነት

እዚ ናይ መሰረታውያን ተጋደልቲ ፍኑው ምልዕዓላት እናሃለወ፣ መሪሕነት እውን ንባዕሉ ምቕዳው ኣይነበሮን። ኣብ መሪሕነት ጀብሃ ንዓብደላ እድሪስ ዘይቅበሉ ወገናት ነይሮም እዮም። ዓብደላ ነዚኣቶም ናይ የማን ሓይልታት እዩ ዝብሎም። ኢብራሂም እድሪስ (ወዲ እድሪስ መሓመድ ኣደም) ድሓር ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ፣ ኣብ 2ይ ጉባኤ ኣመሓዳሪ ባርካ ዝኾነ ሓደ ካብኦም እዩ። ካልኦት እውን ነይሮም። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ሳልሕ ሳበ እውን፣ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ናቱ ውዲታት ነይሩዎ። ሳበ ካብ ሻዕብያ ምስ ተፈለየ ብዋጋ ጀብሃ እዩ ክዓቢ ፈቲኑ። ነቲ ዓቃባዊ ወገን ናይ ጀብሃ ማለት ንከም በዓል ዑመር መሓመድን ስዒድ ሑሴንን ክሸስቦም እዩ ዝጽዕር ነይሩ። ዑመር መሓመድ ኣብ 1973 ኣብ ኣስመራ ንሓደ ጀነራል ክቕትል ዝተወግአ ፍሉጥ ተጋዳላይ እዩ። ስዒድ ሑሴን ድማ፣ ኣብ 1956 ኣብ ውግእ ስወዝ ካናል ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ግብጺ ተሰሊፉ ዝተዋግአ፣ ሓደ ካብቶም ኣብ ምምስራት ጀብሃ ዝተዋፅኡ ናይ ካይሮ ተማሃራይ ኮይኑ፣ ኣብ 1963 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስ ገለ ተጋደልቲ ኮይኑ ሓንቲ ስርሒት ክፍጽም ኣብ ዝፈተንሉ ተታሒዙ ዝተኣስረ፣ ድሓር ኣብ 1975 ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጸ ገዲም ተጋዳላይ እዩ። ኣብቲ ዝነበረ ሕንፍሽፍሽ እዚኣቶም ምስ ሳበ ብምትሕብባር ካብ ጀብሃ ናይ ምፍላይ ፈተነ ገይሮም ነይሮም። ኣብ ደንከል ሓደ ወተሃደራዊ ጉጅለ ክምስርቱ እውን ፈቲኖም። ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ዓሊ ኢሳቕ፣ ምስኦም ከምዘሎ መሲሉ ንተግባሮም ክከታተል ድሕሪ ምጽናሕ ንጀብሃ ምስ ሓበረ ከኣ፣ ኣሃዱታት ተዳልየን ጸኒሐን ደምሲሰንኦም።

ገለ ዓቃባውያን መራሕቲ ጀብሃ፣ "እዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓድሽ ሓይሊ ናይ ቀደም ጀብሃ ኣይኮነን። ብኮምኒስት ዝተዓብለለ እዩ። ስለዚ ምስ ሳበ ምምሕዛው ይሓይሽ። ንሳበ ኣንጻር ሻዕብያ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና" እናበሉ ንሳበ ክሽስብዎ ክፍትኑ ከለው፣ ሳበ ብወገኑ ናይ ጀብሃ ድኻማትን ሕንፍሽፍሽን መዝሚዙ ካብ ውሽጢ ጀብሃ ንገሊኦም መራሕቲ ከሲቡ ክዓቢ እዩ ዝህቅን ነይሩ። በዚ ድማ በዓል ዓብደላ እድሪስ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ክሳብ ምእሳር በጺሖም። ጃዕፈር ኣልኣሰድ ሓደ ካብቶም ሽዑ ዝተኣስሩ እዩ። በዓል ዓብደላ እድሪስ ነቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ኣብ ተጋደልቲ ቀሪቦም ከመኽንይሉ ከለው፣ "ጀብሃ እቲ ቅኑዕ መስመር ሒዛ እንከላ፣ ብጥሩፋት የማናውያንን ጸጋማውያንን ሓይልታት ትጥቃዕ ኣላ" እዮም ዝብሉ ነይሮም።

## 1.10 ዓብደላን ጸረ-ስምረት ውዲታቱን

ዓብደላ ከም ወተሃደራዊ ሓላፊ፣ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ተቓናቕንቱ፣ ናይ ሓይሊ ስጉምቲታት እናወሰደ ኣብ ዝቕጽለሉ ዝነበረ፣ ብኣንጻር ድሌት ናይ

መብዛሕትኦም መሰረታት፣ ኣንጻር ሓድነት ደው ምስ በለ እዩ ነይሩ። ምስ ህዝባዊ ግንባር ስምረት ዝበሃል ነገር ክሰምዕ ይደሊ ኣይነበረን። ኣብ ሚያዝያ 1977 ኣቢሉ ኣብ ዛግር ምስ ህዝባዊ ግንባር ናይ መሪሕነት ርክብ ተገይሩ ነይሩ። ኣብቲ ርክብ ቶቲልን ተስፋማርያምን ተሳቲፎም ነይሮም። ብድሕሪኡ መሪሕነት ናይ ሻዕብያ ንሃዋሻይት መጺኦም፣ ኣብ እውን ርክብ ተገይሩ። ቅድሚ'ዚ ርክባት'ዚ፣ ብደረጃ ሰልፊታት ኣብ ዓደን ዝተገብረ፣ ብዙሕ ዘይሰለጠ ርክብ ነይሩ እዩ። ዋላ እኳ ዓብደላ እድሪስ ኣንጻር ስምረት ይሰርሕ እንተነበረ፣ እቲ ርክባትሲ ይካየድ ነይሩ እዩ። ከም ውጽኢቱ እውን ስምምዕ 20 ጥቅምቲ መጺኡ። በቲ ስምምዕ መሰረት ከኣ፣ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ስርሒት ምክያድ ተጀሚሩ። ናይ ባረንቱ መጥቃዕቲ ብሓባር ተፈቲኑ፣ ኣይሰለጠን። እዚ ኹሉ ናብ ስምረት ዝደፍእ ስጉምቲታት እናተወስደ፣ ዓብደላ ነቲ መስርሕ ክዕንቅጽ ዘይፍንቅሎ እምኒ ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ጀብሃ ዝተፈጥረ ንስምረት ዝጠልብ ገዚፍ ሓይሊ ኣንጻረይ እዩ ዝብል ግምት እዩ ነይሩዎ።

ሰውራ ኤርትራ ብሰንኪ ምትእትታው ሕብረት ሶቭየት ካብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገር ኣዝሊቑ፣ ህዝባዊ ግንባር ንሳሕል ጀብሃ ንባርካ ደጀን ገይሮም ክንቀሳቐሱ ኣብ ዝጀመርሉ ግዜ፣ ብኣንጻር ዓንቃጺ ተራ ዓብደላ እድሪስ እቲ ናይ ስምረት መስርሕ ጽቡቕ እዩ ዝስጉም ነይሩ። ድሕሪ 1978 ናይ ክልቲኡ ውድባት ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መሪሕነት ቈይሙ፣ ናይ ሓባር ሽማግለታትን ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን መደባትን ምሕንጻጽን ምትግባርን ተጀሚሩ ነይሩ። ደረጃ ብደረጃ ሰራዊት ናይ ክልቲኡ ውድባት ብምውህሃድ ናይ ሓባር ሰራዊት ንምቛም ድማ፣ ጀብሃ ኣወዳድባ ሰራዊታ በቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ቅርጺ ክትቅይሮ ስምምዕ ተበጺሑስ፣ ካብ ጀብሃ ክልተ ብርጌዳት ንሳሕል ብምኻድ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ህ.ግ. ክስለፋ፣ ካብ ሻዕብያ ድማ ብተመሳሳሊ ክልተ ብርጌዳት ናብ ባርካ ኪኸዳ ተመዲቡ። ነዚ መስርሕ'ዚ ንምትግባርን ምዕባለኡ ንምክትታልን ከኣ ወተሃደራዊ ርክባትን ቆጸራታትን ይግበር ነይሩ። ኣብቲ ቀዳማይ ቆጸራ ዓብደላ እድሪስ ሓንቲ ምኽንያት ፈጢሩ ኣይተረኽበን። ብዝኸኣሎ መጠን፣ ነቲ መስርሕ ንምፍሻል እዩ ዝጽዕር ነይሩ። ብሓጺሩ ነቲ ስምረት ፈጺሙ ኣይደለዮን። ምኽንያት ከኣ ነይሩዎ እዩ። ዓብደላ ነቲ ኣብ ትሕቲኡ ዝነበረ ሰራዊት ብወገናዊ ኣመለኻኽታ ይጥምቶ ስለዝነበረ ፈጺሙ ይኣምኖ ኣይነበረን። ንዝበዝሐ ተጋዳላይ ጀብሃ ከም ዕቑር ናይ ሻዕብያ ሓይሊ እዩ ዝርእዮ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ "እንተድኣ ሓድነት መጺኡ ንሕና ቦታ ኣይክህልወናን እዩ" ዝብል ከቢድ ስግኣት ነይሩዎ እዩ።

ካብዚ ኣመለኻኽታ'ዚ ነቒሉ፣ ተ.ሓ.ኤ. ተሳዒራ ካብ ሜዳ ዝወጻትሉ ናይ 1981 ደምዳሚ ውግእ ሓድሕድ ደይ መደይ ኢሉ ዝወልዖ፣ ወተሃደራዊ መራሒ ዓብደላ እድሪስ እዩ። እቲ ኣብ ሰሜን ደንከል ከባቢ ኢንገል ኣብ ስነ 1980 ዓ.ም. ብኣሃዱታት ጀብሃ፣ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ዝተወስደ መጥቃዕቲ ዓብደላ ብፍላጥ ዝኣዘዞ እዩ። ሓሰን ከሊፋን ደጊጋን እውን ምስኡ ነይሮም እዮም። እቲ ግጭት ናይ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ብፍላጥ ዝተወልዐ እዩ። ምኽንያቱ ሽዑ ብዛዕባ መስርሕ ምውህሃድ ሰራዊት ንምዝርራብ ቆጸራ ተታሒዙ ነይሩ። እቲ ርክብ ተኻይዱ እንተዝኸውን፣ መስርሕ ስምረት ንድሕሪት ኣብ ዘይምለሰሉ ደረጃ ምተሰጋገረ፣ ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ድማ እምብዛ ምበርትዐ ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ምዕባለ ግን ንዓብደላ ዘቕስን ኣይነበረን። በዚ ምዕባለታት'ዚ ተሰናቢዱ ድማ እዩ፣ ነዚ ናይ ደንከል ግጭት ዝወልዐ።

ኣብቲ መጥቃዕቲ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ንገለ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣጥቂዐን ከቢድ ማህሰይቲ ኣውሪደናለን። ድሕሪ'ዚ ሓይልታት ሻዕብያ ተወዳዲበን ብምምጻእ ጸረ-

መጥቃዕቲ ኣካይደን። ዓብደላ ነቲ ጽቡቕ ዝስጉም ዝነበረ ናይ ስምረት መስርሕ ዝዕንቅፍ ኩነታት ስለዝተፈጥረ ባህጉ ሰሚሩሉ። "ሻዕብያ ውግእ ስለዝኸፈተትልና፣ ሓይልታትና ክንእከበን ኣለና" ዝብል ምኽንያት ድማ ኣምጺኡ። በዚ ኣመሳሚሉ፣ እተን ኣብ ድፋዓት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ጎድኒ ሓይልታት ህ.ግ. ዓሪደን ዝነበራ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዕርድታተን ገዲፈን ክወጻ መምርሒ ሂቡ። ኣብኡ ከይተሓጽረ፣ ንሓይልታት ህ.ግ. ብድሕሪት ናይ ምጥቃዕ ስጉምቲ ክውሰድ ኣዚዙ። ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን ድማ ናብቲ ምድምሳስ ጀብሃ ዘኸተለ ሰፊሕ ውግእ ኣትየን። እቲ ዘገርም ኣብቲ ግዜ'ቲ ውሽጣዊ ሕንፍሽፍሽን ዝርገትን ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ፣ ጀብሃ ኣይኮነን ንመጥቃዕቲ ንምክልኻል ዝኸውን ዓቕሚን ሃዋህውን ኣይነበራን። ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ጀብሃ ኣዝዩ ሕማቕ እዩ ነይሩ።

ዓብደላ ነዚ ውግእ'ዚ ምስ ወልዐ ምኽንያት ፈጢሩ ብኡ ንብኡ ንደገ እዩ ከይዱ። ነቲ ተጋዳላይ ኣብ ውግእ ጠቢሱ ንሱ ሃዲሙ። ኣብ ክንድኡ ንቶቲል፣ መልኣከን ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ወተሃደራዊ ሽማግለ ኮይኖም ነቲ ውግእ ከካይድዎ ብመሪሕነት ከምዝወከሉ ገይሩ። እቶም ኣዘዝቲ ሰራዊት ማለት መራሕቲ ብርጌዳትን ካልኦትን ነዚኣቶም፣ "መራሕቲ ቀይሕ መስቀል" ዝብል ስም እዮም ኣጥቢቖምሎም። "እዚኦም ሲቪል እዮም ከመይ ጌሮም ይመርሑና" ዝብል ስምዒት ስለዝሓደሮም። ብግብሪ እውን እታ ሽማግለ ኣብቲ ውግእ ኣየድምዐትን። እቲ ውግእ እናቐጸለ እንከሎ፣ መሪሕነት ጀብሃ ሓንሳብ ገምጋም ኣካዪዱ ነይሩ። እቲ ገምጋም ቀምሺ ኣደይ ሓንኩሉኒ ዝዓይነቱ እምበር ትርጉም ኣይነበሮን። መሪሕነት ንሓድሕዳ ኣብ ምጥቕቓዕ እያ ኣትያ። ኣብ ዝተሳዕረ ሓይሊ ዝፍጠር ባህርያዊ ተርእዮ ድማ እዩ። ብዝኾነ ድሕሪ'ቲ ገምጋም፣ ዝጸንሐ ጌጋታት ንምእራም ብኣቦ መንበር ጀብሃ ኣሕመድ ናስር ዝምእከል ወተሃደራዊ መሪሕነት ይቑም ተባሂሉ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓብደላ ክመርሕ ማለት እምበር፣ ኣሕመድ ናስር ክመርሕ ከምዘይክእል ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ስለዚ ለውጢ ዘምጽእ ውሳነ ኣይነበረን። ዝዓሰወ እንጌራ ኣብ ሓድሽ መሶብ እዩ። ብዓንተቦኡ ብቑዕ ወተሃደራዊ ኣመራርሓ ኣይነበረን፣ ድሕሪኡ'ውን ዝመጸ ለውጢ ኣይነበረን። ጀብሃ ክዋጋእ ዝኽእል ዓቕሚ ኣይነበራን። እቲ ተጋዳላይ ነቲ ውግእ ፈጺሙ ኣይኣመነሉን። ፖለቲካዊ ቅልውላው ጀብሃ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ እዩ በጺሑ። ኣብቲ ሰራዊት ናይ ምውጋእ ወኒ ይኹን ሞራል ፈጺሙ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ ነዊሕ ኣይጸንሐን፣ ኣብቲ ዝቐጸለ ውግእ ጀብሃ ብምልኣታ ተጸሪጋ ሱዳን ኣትያ። ጠንቂ ውድቀት ጀብሃ እምበኣር ብቐንዱ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ስእነት መሪሕነትን እዩ ነይሩ።

## 2. ቅድሚ ስዕረት ዝተጋህደ ተንበርካኽነት

እቲ ድሓር ኣብ ገለ መራሕቲ ጀብሃ ዝተጋህደ፣ ተንበርካኺ መንፈስን ሃገራዊ ዕላማ ክሒድካ እግሪ ጸላእቲ ናይ ምስዓም ዘሕፍር ተግባርን፣ ገና ጀብሃ ካብ ሜዳ ኤርትራ ቅድሚ ምጽራጋ ዝተቐላቐለ ምኻኑ ኩሉ ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ነበር ዝዝክሮን ዝምስክሮን እዩ። ድሕሪ ምብትታን ተ.ሓ.ኤ. ከኣ ን28 ዓመታት ክቕጽል ንርኢ ኣሎና።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ጸገማት ሰልፊ ዕዮ፣ ናጽነት ናይ ኣተሓሳስባ ዘይነበሮ ሰልፊ ምኻኑ እዩ። ናይ ጀብሃ ለበር ፓርቲ ብኣተሓሳስባ ገስገስቲ ሰልፊታት ዓረባዊ ዓለም ኣጸቢቑ ዝተጸልወ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ መራሕቲ ጀብሃ፣ ምስ ከም በዓል ጆርጅ ሓበሽን

ሃዋትማን ዝኣመሰሉ ናይ ሰውራ ፍልስጤም መራሕቲ ክራኽቡ ከለው ንነብሶም ከም ተማሃሮ እዮም ዝቈጽሩዋ ነይሮም። ነዞም "ገስገስቲ ሓይልታት ኢ.ና" ዝብሉ ዓረባውያን፣ ከም ዓበይቲ ሰውራውያን መራሕቲ እናጠመቱ፣ ነብሶም ደቃቕ ኮይና እያ ትስምዖም ዝነበረት። እዞም ገስገስቲ ኢ.ና ዝብሉ ሓይልታት ዓረብ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ምስ ሕብረት ሶቭየት ጥቡቕ ርክብ እዩ ነይሩዎም። በዚ ድማ፣ "ሶቭየት ኣብ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዘላ ምትእትታው ኣንጻር ሃጸይነት ኮይኑ ንረብሓ ገስገስቲ ሓይልታት እምበር ኣንጻር ረብሓ ሰውራ ኤርትራ ኣይኮነን" ይብሉ ነይሮም። ንነብሶም ከም ተማሃሮ ዝወስድዋ መራሕቲ ለበር ፓርቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከኣ፣ ሃገራዊ ረብሓኦም ዘንጊዖም ከይተመራመሩን ከየመዛዘኑን ነዚ መርገጺ'ዚ ከምዘለዎ ክሳስምዎ ፈቲኖም። ከይሓፈሩ ድማ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቶም፣ "ኣብ ኢትዮጵያ ናይ የማንን ጸጋምን ሓይልታት ኣለው። ምስቲ ጸጋማይ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ክንዛተ ንኽእል ኢ.ና" ዝብል ሕልና ዘዕርብ መርዛም ጎስጓሳት ክነዝሑ ጀሚሮም።

ዘተ ምግባር ጸገም ኣይምኾነን። ሻዕብያ እውን ምስ ደርግ ትዛተ ነይራ እያ። ሻዕብያ ግን ዋላ ትዛተ እምበር፣ ከምዚ ዝዓይነቱ ሃገራዊ ረብሓታት ኣሕሊፉ ዝህብ መርገጺ ኣይነበራን። ናይ መራሕቲ ጀብሃ መርገጺ፣ ብቕሉዕ ናይ ምንብርካኽ ኣንፈት ዝሓዘ እዩ ነይሩ። "ደርግ ፋሺ.ታዊ ኣይኮነን። ፋሺ.ስታዊ እንተዝኸውን ምስ ሶቭየት ኣይምተጸግዐን። ሶቭየት ሕብረት መራሒት ዴሳዊ ደምበ እያ። ስትራተጂያዊት መሓዛና እያ። ሕብረት ሶቭየት ኣብ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዘላ ምትእትታው፣ ኣንጻር ሃጸይነት ዝቐንዐ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ስርዓት ደርግ ንዘሎ ጸጋማዊ ሓይሊ ንምድልዳል እዩ። ንሱ እንተሓይሉ ከምዚ ኪኸውን እዩ'ዶ....ከምቲ ክኸውን'ዩ" በቃ መትሓዚ ዘይብሉ ሃለውለው ናይ ፖለቲካ እዩ ነይሩ፣ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ። ሶቭየታውያን ድማ፣ ነዚ ሰንኩፍ መርገጺ ጀብሃ ተጠቒሞምሉ እዮም። ንመራሕቲ ጀብሃ፣ "ሻዕብያ መሓዝትኩም ኪኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ትምክሕታውያን (ሾቪኒስትስ) እዮም። ንስኹም ኢኹም ገስገስቲ" ይብልዎም። ገስገስቲ ኢ.ና ዝብሉ ሰልፊታት ዓረባዊ ዓለም እውን ከምኡ ይደግምሎም። ንሳቶም ከኣ፣ ነዚ ናብ ምንባርካኽ ዝደፍእ ናእዳ ኣብ ክንዲ ብነቐፌታዊ ዓይኒ ጠሚቶም ዝመራመሩሉን ዝብድህዎን፣ ተተቐቢሎም ንርእሶም ናብ ሃለውሳ ኣትዮም ነቲ ተጋዳላይ ከህውትትዎ ይፍትኑ ነይሮም።

ኣብ 1978 ሻዕብያ ኣብ በርሊን ዘተ እናካየደት ከላ፣ መራሕቲ ጀብሃ እውን ብመገዲ "ኣፍሮ ኤሽያ ሶሊዳሪቲ" ንሞስኮ ከይዶም ርክባት ይገብሩ ነይሮም እዮም። ድሕሪኡ እውን ኣብ 1980 ተመሳሳሊ ርክባት ይፈታትኑ ነይሮም። ኩሉ'ዚ ርክባት'ዚ ግን፣ በዚ ዝተጠቕሰ ተምበርካኺ መንፈስ ዝተጸልወ እዩ ነይሩ። ኣብ 1979 ንኣብነት ናብ ገዳይም ተጋደልቲ ማለት ናብ መራሕቲ ሓይልታትን ቦጠሎኒታትን ካልኦትን ዝቐንዐ ናይ ካድር ትምህርቲ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ ትምህርቲ፣ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ጀብሃ ዝኣተወ ፖለቲካዊ ሃለውለው፣ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ክትዕ ዘለዓዓለን ዘሰሓሓበን ጉዳያት ንባህርይ ስርዓት ደርግ ዝምልከት ሕቶ እዩ ነይሩ። "ደርግ ፋሺ.ስታዊ ኣይኮነን" ተባሂሉ። እቶም ተጋደልቲ "ከምኡ እንተኾይኑ ስለምንታይ ንዋጋእ ኣለና?" ዝብል በዳሂ ሕቶ ኣልዒሎም። "ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት እዩ፣ ግን ናይ ንኡስ ብርጅዋ ካዕባዊ ዝኾነ ጠባይ እውን ኣለዎ። ስለዚ ናብቲ ኪኸይድ ይኽእል ናብቲ፣ ናበይ ገጹ ከምዝኸይድ ኣንፈቱ ብሕጂ ዝርአ ስለዝኾነ፣ ንሕና ቃልስና ክንቅጽል ኣለና" ዝብል ብዙሕ ናይ ሀውተታ ትንታነታት ቀሪቡ። ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘሕፍርን እዩ። ብኸምዚ ዓይነት ሀውቱት ፖለቲካ፣ ንሃገራዊ ናጽነት ክቃለስ፣ መስዋእቲ ክኽፈል ድልው ንዝኾነ ሰብ መንፈሱ ክትሰብሮ ብሓቂ ዘጕሂ እዩ። ብኸምዚ ዓይነት ፖለቲካ ሰብ ጎስጕስካ ንውግእ ከተዳሉ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ትንታነታት'ዚ፣ ምናልባት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኮፍ

ኢ.ልካ፣ ኣብ ባይዛንታዊ ክትዕ ኣቲኻ ክትመራመረሉ (ብረይን ስቶርም ክትገብረሉ) ትኽእል ትኸውን። ብግብሪ ኣብ ናይ ቃልሲ ባይታ፣ ኣብ ብርቱዕ ዓውደ ኲናት እናሃለኻ ግን፣ ብዘይካ ተንበርካኽነት ምኹስኳስ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። ዋላ ኣብ ጽሑፋት ናይቲ ሰልፊ፣ ብዛዕባ ስርዓት ደርግ ዝቐርብ ዝነበረ ገምጋማትን ትንታነታትን እንተርኢኻዮ፣ ንሃገራዊ ረብሓ ኤርትራውያን ዝሃሲ፣ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ ዝነበረ።

## 2.1 ቀዳምነት ንግዳማዊ ጸግዒ

*ፖለቲካ መሪሕነት ጀብሃ ኩሉ ሳዕ ግርምቢጥ እዩ። ኣብ መሪሕነት ጀብሃ፣ እቲ ናይ ደገ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈት ካብ ዝግባእ ንላዕሊ እዩ ሚዛን ዝወሃቦ ነይሩ። ብኣንጻሩ ኣብ ሜዳ ዝካየድ ናይ ተጋደልቲ ንጥፈት እቲ ዝግባእ ሚዛን ይወሃቦ ኣይነበረን። ናብ ውሽጢ ዘተኰረ ኣሰራርሓን ኣተሓሳስባን ኣይነበረን። ሓደ ካብ መሰረታዊ ድኽማት ናይ ጀብሃ ከኣ፣ ንግዳማዊ ጸግዒ ቀዳምነት ምሃብ እዩ። መራሕቲ ጀብሃ ኣብ ገዛእ ርእሶምን ኣብ ዓቕሚ ህዝቢን ተጋዳላይን ምትእምማን ኣይነበሮምን። ኣብ ጀብሃ ኣብ ነብስኻ ምምርኳስ፣ ብውሽጣዊ ዓቕመይ ክገብር ይኽእል'የ ምባል ከም ሓሳብ ድኹም እዩ ነይሩ። በዚ ድማ፣ ካብቲ ኣብ ሜዳ ዝካየድ ዝነበረ ግብራዊ ቃልሲ ንላዕሊ፣ እቲ ምስ ካልኦት ሃገራትን መንግስታትን ዝግበር ርክባትን ግዳማዊ ደገፍ ናይ ምንዳይ ዕማምን ዝያዳ ሚዛን ይወሃቦ ምንባሩ ኩሉ ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ዝምስክሮ እዩ።*

*ግዳማዊ ንጥፈታት ከም ኣዝዩ ወሳኒ ጉዳይ ንኽርአ ዝደረኸ ካልእ ምኽንያት፣ ኣብ መንጎ መራሕቲ ጀብሃ ዝነበረ ገንዘብ ናይ ምቁጽጻር ውድድር እዩ። ምኽንያቱ ገንዘብ ዝተቈጻጸረ ሰብ ኣብ ፖለቲካ ናይ ጀብሃ ዓቢ ጽልዋ ክፈጥር ተኽእሎ ነይሩዎ። ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ኣብ ጀብሃ ንስድራቤት ስውኣት ምርዳእ፣ ደበስ ምሃብ፣ ንተጋደልቲ ዕረፍቲ እናበልካ ገንዘብ ሂብካ ንዓዶም ከምዝበጽሑ ምግባር ልሙድ እዩ ነይሩ። ስለዚ ገንዘብ እናሃብካ ነቲ ናተይ እትብሎ ወገን ምሓዝ ጽልዋኻ ኣብቲ ውድብ እተስፍሓሉ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ጸወታ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ እዮም፣ ኩሎም መራሕቲ ጀብሃ ነቲ ናይ ወጻኢ ንጥፈት ካብቲ ናይ ሜዳ ንጥፈታት ንላዕሊ ኣቓልቦ ዝገብሩሉን ዝጓየዩሉን ዝነበሩ። እቶም መራሕቲ ንባዕሎም ምስ ሓዳሮም ኣብ ደገ እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ብሓጺሩ ደጀን ናይ ጀብሃ ከሰላ እያ ዝነበረት። ዋላ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ደጀን እንተነይሩ፣ ካብ ዶብ ከሰላ ዝርሕቕ ኣይነበረን።*

*ብወተሃደራዊ ዓይኒ ክትጥምቶ እንከለኻ፣ ባርካ ጎልጎል ስለዝኾነ ደጀን ክትምስርተሉ ዝከኣል ኣይኮነን። መከላኸሊ ዘይብሉ፣ ጸላኢ ብቐሊሉ ክበጽሖ ዝኽእል ቦታ እዩ። ኣብቲ ፈለማ ምናልባት ጸላኢ ሓይሉ ውሱን ስለዝነበረ ክበጽሖ ኣይክእልን ነይሩ ይኸውን። ካብ 1978 ንድሓር ግን ኣብ ባርካ ደጀን ክትገብር ኢ.ልካ ምሕሳብ ወተሃደራዊ ዕሽነት ወይ እውን ነቲ ኣብ ሜዳ ብተጋደልቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኣትሒትካ ካብ ምርኣይ ዝብገስ ጥራይ እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ዝምረጽ ካልእ ከባቢታት ብዙሕ ነይሩ እዩ። ግን እቶም መራሕቲ ካብ ከሰላ ክርሕቁ ስለዘይደልዩ፣ ደጀን ናይ ጀብሃ መዋእሉ ምስ ከሰላ ኣብ ዝዳወበ መሬት ኤርትራ እዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ምዝላቕ ሓደ ካብቲ ምስ ሻዕብያ ዘሰሓሕብ ዝነበረ፣ "ደጀን ሰውራ ኤርትራ ኣበይ ይኹን?" ዝብል ሕቶ እዩ ነይሩ። ሻዕብያ ካብ በዓል ዴባ ከርከበት ንንየው ክሳብ ሳሕል ደጀን ንግበር ክትብል ከላ፣ ጀብሃ እቲ ደጀን ምስ ከሰላ ኣብ ዝዳወብ መሬት ባርካ ክኸውን እያ ትከራኸር ነይራ። ድሕሪ ክንደይ ክትዕ ድማ እዩ ኣብ መወዳእታ እቲ ቀንዲ ደጀን ኣብ ሳሕል ክኸውን ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሐ።*

# 3. ወዲ ተላን ሕልማዊ ዓለሙን

ኣብ 1971 ቀዳማይ ጉባኤ ናይ ጀብሃ ክግበር እንከሎ ዝተቐልቀለ ሓደ ካልእ መገረም ወይ መስሓቕ ፖለቲካዊ ገጸ-ባህርይ (ካራክተር) ሕሩይ ተድላ ባይሩ (ወዲ ተላ) እዩ። ሕሩይ ኣብ መፋርቕ 1960ታት ኣቦ መንበር "ማሕበር ኢትዮጵያውያን ተማሃሮ ኣብ ኤውሮጳ" እዩ ነይሩ። ኣብ 1966 ኣቢሎም፣ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኤርትራውያን ተማሃሮ፣ ሕሩይ ናብ ሃገራዊ መስመር ክኣቱ፣ ንናጽነት ኤርትራ ክቃለስ ምዒዶም፣ "ናይ ኤርትራውያን ማሕበር ነቚም" ኢሎም ሓቲቶሞ ነይሮም። ሕሩይ ግን ንሓሳቦም ኣይተቐበሎን። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ ብዛዕባ ዓባይ ኢትዮጵያ ይሓስብ ብምንባሩ፣ ኤርትራ ንዕኡ ኣዝያ ንእሽቶ እያ ዝነበረት። ክንዲ ዝኾነ ነቶም ኤርትራውያን፣ "እዚ ጸቢብ ብሄራውነት እዩ፣ ድሑር ኣተሓሳስባ እዩ" ኢሉ ነጺግዎም። ድሓር ግን፣ ኣብ 1967 ኣቢሉ፣ ኣቦኡ ተድላ ባይሩ፣ ንኢትዮጵያ ገዲፉ ናብ ጀብሃ ምስተጸምበረ፣ መርገጺኡ ለዊጡ። ኣብ ደማስቆ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ጀብሃ ክቀላቐል ጀሚሩ።

"ንሰብ ክቡር ዝገብሮ፣ ሞያኡ እምበር ካብ ፍሉጥ ቤተሰብ ምውላዱ ኣይኮነን" ዝብል ጥቕሲ ኣሎ። ወዲ ተላ ምሉእ ዕድመኡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘይተገንዘቦ ሰብ እዩ። ካብ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበረ ተድላ ባይሩ ብምውላዱ ጥራይ፣ መራሒ ክኸውን ከምዝግብኦ ዝኣመነ፣ ብዛዕባ ነብሱ እምብዛ ዝተጋነነ ኣጠማምታ ዘለዎ፣ ብነብሱ ምሒር ዝተመሰጠ፣ ብጽኑዕ ሕማም ህርፋን ስልጣን (Megalomania) ዝተለኽፈ ሰብ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ "ኣነ ገስጋሲ እየ፣ ማኦይስት እየ" ዝብል ዝነበረ ሕሩይ፣ ኣብ ፖለቲካ ናይ ጀብሃ ኢዱ ዝሓወሰ፣ ኣብ 1971 ኣብ መዓስከር ዓዋተ ኣብ ዝተገብረ ንቐዳማይ ጉባኤ ጀብሃ መቀራረቢ ዋዕላ እዩ።

እቲ ፍጻመ፣ ሰልፊ ዕዮ (ለበር ፓርቲ) ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ፖለቲካ ጀብሃ ዓቢ ተራ ዝተጻወተሉ መድረኽ እዩ። ቅድሚ'ቲ ጉባኤ፣ እቶም ኣባላት ለበር ፓርቲ፣ ሕሩይ ምስኦም ኣባል ሰልፊ ክኸውን ሓቲቶሞ ነይሮም። ወዲ ተላ ግን፣ ነብሱ ክንዲ እምባ ስለዝወስዳ፣ ካብ ደገ ብምምጽኡን "ቀለም ዝጸገብኩ እየ" በሃሊ ብምዃኑን፣ ነቶም ዝሓተትዎ ሰባት ብንዕቀት፣ ከክንዲ ግዛዕ ዝኸውን ትርጉም ዘይብሉ ክልሰ ሓሳባዊ ሕቶታት ኣቕሪቡሎም። ሓደ ካብቲ ብዙሕ ሕቶታቱ፣ "ኣብ መንጎ ሞስኮን ቤጂንን ኣብ ዘሎ ስነሓሳባዊ ፍልልይ መርገጺኹም እንታይ እዩ?" ዝብል ኮይኑ፣ በዛ ነጥቢ እዚኣ ንነዊሕ ተኻቲዕዎም። እቶም ዝተኻትዕዎ ሰባት ዝንዓቑ ኣይነበሩን። ብፍላይ ኣዜን ያሲን ብትምህርቱን ፖለቲካዊ ብስለቱን ካብኡ ዝሓየለ ሰብ እዩ ነይሩ። ኣዜን ግን ብኣንጻር ወዲ ተላ፣ ነብሱ ኣትሒቱ ዝርኢ ዋዕ-ዋዕ ዘይብል ብዛዕባ እንታይነቱ ድምጺ ዘይገብር ህዱእ ሰብ እዩ። ብዝኾነ በዓል ኣዜን ያሲን ብክልሰ ሓሳብ ካብኡ ንላዕሊ ብምንባሮም፣ ኣፉ ዘዕጹ መልሲ ሂቦሞ። ኣብ መወዳእታ "ኣነ በዚ ኣይዓግብን እየ፣ ገና መጽናዕቲ ክገብር እየ" ኢሉ ነቲ ዘቕረብሉ ናይ ኣባልነት ዕድመ ኣይተቐበሎን።።

እዚ ይኹን እምበር፣ እቶም ኣባላት ለበር ፓርቲ ኣብቲ ጉባኤ ንወዲ ተላ ከም ሓድሽን ጸግዒ ዘይነበሮን ሰብ መጠን ኣሰናዳኢ ሽማግለ ክኸውን ሓርዮሞ። ወዲ ተላ፣

እቶም ኣባላት ፓርቲ፣ ኣብቲ ጉባኤ ዝነበሮም ንጡፍ ተራ ምስተዓዘበ፣ “ጽልዋ እባ ኣለዎም እዩ” ኢሉ ስለዝሓሰበ፣ “ኣባልኩም ክኸውን ኣእትውኒ” ኢሉ ተመሊሱ ለሚንዎም። ብኽብረት ዝተሓሰሞ ኣባልነት ድሓር ብልማኖ ረኺብዎ። ንሳቶም ድማ ኣይነጸግዎን፣ ኣባል ለበር ፓርቲ ክኸውን ተቐቢሎሞ። ምኽንያቱ ንሳቶም እውን ከምኡ ዝኣመስለ ምሁር፣ ወዲ ከበሳ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል ዝብልዎ ሰብ ይደልዩ ነይሮም እዮም። ሓደ ካብ ድኻማት ናይ ለበር ፓርቲ እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እዩ። እቲ ሰልፊ መንዩ ኣባሉ ዝኸውን ዝመምየሉ ደቂቕ መምዘኒታት ናይ ብቕዓት፣ ሃገራውነት ኮነ ተወፋይነት ኣይነበሮን። “ጽልዋ ኣለዎም” ዝበሃሉ ሰባት ብቐጥታ እዩ ዝቕበሎም ነይሩ። በዚ ድማ ንሕሩይ እንታይነቱ ከይፈለጡ ኣባሎም ገይሮሞ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክኸውን ሓርዮሞ። ብዘይካኡ ንኢብራሂም እድሪስ (ወዱ ንእድሪስ መሓመድ ኣደም ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ) እውን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኪኸውን ሓርዮሞ። ንሱ እውን ተማሃራይ ኮይኑ ከም ወዲ ተላ “ወዲ ዓበይቲ እየ” በሃላይ እዩ።

ካብዚ ከምእንግንዘቦ፣ እቲ ሰልፊ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ካብቲ ዝነበረ ያታዊ መስፍናዊ ኣተሓሳስባ ወጺኡ፣ ሱር በተኸ ለውጢ ናይ ምምጻእ ድሌት ይኹን ዓቕሚ ኣይነበሮን። ነቲ ዝጸንሐ ኣረጊት መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ነቲ ሓድሽ ገስጋሲ ኣመለኻኽታን ኣተዓሪቑ ብሓባር ሓቝፉዎም ክኸይድ እዩ ዝፍትን ነይሩ። ነቲ ሰልፊ ኣብ መወዳእታ ኣማህሚኑ ዘፍሸሎ እውን እዚ ድኽመት እዚ እዩ። ከም ሰውራዊ ሰልፊ መጠን ሰውራዊ ፖለቲካን ናይ ለውጢ ኣከያይዳን ኣብ ክንዲ ዝኽተል፣ ምስቲ ዓቃባዊ ኣረኣእያ ተሳንዩ ክኸይድ እዩ ፈቲኑ። ብመንጽር ሕድገታት ተራእዩ፣ ኣብ ንጹር መትከላት ዝተመርኰሰ ሕድገታት ይገብር ነይሩ እንተዝኸውን ኣይምሃሰየን። ነቶም ኣድሓርሓሪ መስመር ዝውክሉ ባእታታት ኣብ መሪሕነት ናይቲ ሰልፊ ወሳኒ ቦታ ሂብካ ንቕድሚት ክትምርሽን ኣድማዒ ስራሕ ክትሰርሕን ግን ዝከኣል ኣይነበረን። ኣይተኻእለን ድማ።

ብዝኾነ ወዲ ተላ፣ ኣብ ርእሲ'ቲ ብዛዕባ ነብሱ ዝነበሮ ዝተጋነነ ኣጠማምታ፣ ምጽእ ከይበለ ማለት ተጋዳላይ ከይኮነ ፖለቲከኛ እዩ ኮይኑ። ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኮይኑ ምምራጹ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ነብሱ ንዝነበሮ ግጉይ ስእሊ ዝያዳ ኣጋዲድዎ። እቲ ናቱ ጸይቂታት ድማ ካብታ ኣሰናዳኢት ሽማግለ እዩ ዝጀምር። ብኡ ንብኡ ምስ ኢብራሂም እድሪስ (ወዲ እድሪስ መሓመድ ኣድም) ውዲት ይገብር። በቲ ዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም፣ ንነብሶምን ኣቦታቶምን ኣብ ስልጣን ከምጽኡ ናይ ወራዙት ውዕል ገይሮም፣ ይሰማምዑ። ናይ ክልተ ስድራቤታት ኪዳን ይምስርቱ። ካብኣቶምሲ ያኢ፣ ከምቲ ኣብ ገለ መስፍናውያን ስርዓታት እንዕዘቦ ናይ ስድራቤታት ፖለቲካ ምኻኑ እዩ። እድሪስ መሓመድ ኣደም ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ መርገጺኡ ላንጋ ላንጋ እዩ ዝነበረ። ኣብ መንጎ ቅያዳ ኣልዓማን ዑበልን። ዑበል ናይ ደቂ ባርካ ናይ በንዓምር ምንቅስቓስ እዩ። ስለዚ እድሪስ ናብኡ ክዛዙ ይደሊ ነይሩ። ዑበል ስለዝፈሸለ ግን ናብ ቦታ ቀደሙ፣ ናብ ጀብሃ ተመሊሱ።

ኢብራሂም እድሪስ ምስ ወዲ ተላ ድሕሪ ምስምምዑ፣ ናብቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ኣቦኡ ደብዳበ ይሰድድ። ትሕዝቶ ናይቲ ዝለኣኾ ደብዳበ፣ “ምስ ሕሩይ ኣብ ሓደ ስምምዕ በጺሕና ኣሎና። ንስኻ (እድሪስ) ኣቦመንበር ክትከውን፣ ተድላ ባይሩ ድማ ምክትልካ ክኸውን። ሕሩይ ፖለቲካዊ ሓላፊ፣ ኣነ ከኣ ወጻኢ ጉዳያት ክንሕዝ ኢና። ስለዚ ኣብቲ ጉባኤ ክትመጽእ ኣለካ” ዝብል እዩ። እታ ደብዳበ ዑበላውያን ካብ ሓደ ተማሃራይ ምስ ረኸብዋ፣ ኣባዚሖም ኣብ ካርቱም ዘርጊሖማ። ምኽንያቱ እድሪስ መሓመድ ኣደም ከዲዑና ኢሎም ይሓስቡ ስለዝነበሩ። እተን ወረቓቕቲ ምስ ተዘርግሓ ኣባላት ለበር ፓርቲ፣ ጀብሃ ከይትኸፍእ ኢሎም ተጓይዮም እዮም ኣኪቦመን። ንሕሩይ

ስለምንታይ ከምኡ ተሰማሚዕካ ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ብዙሕ ምኽንያታት ኣምጺኡ ኣመሳሚሉ። ትርር ኢሉ ዝበድሆ ሰብ ድማ ኣይረኸበን።

ከምቲ ህጻን ካብ ኣቦኡ ንላዕሊ ሓያል ወይ ፈላጥ ሰብ ዘሎ ዘይመስሎ፣ ሕሩይ ተድላ ባይሩ እውን ብዛዕባ ኣቦኡ ዘለዎ መረዳእታ ልክዕ ከም ናይ ህጻን እዩ። ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ኣቦኡ ብዙሕ ዝዛረብን ዘህተፍትፍ ምኽኑ ድማ ሓደ ካብ ዘሰልኪ ባህርያቱ እዩ። ቀቅድሚ'ቲ ጉባኤ ብዛዕባ ኣቦኡ ብዙሕ እዩ ጎስጒሱ። ኣብቲ ጉባኤ እውን፣ ታሪኽ ናይ ኣቦኡ ኣልዒሉ ከምኡ ብዙሕ ኣህተፍቲፉ። ኣቦኡ ደሞክራት ምንባሩን ንመስል ህዝቢ ኤርትራ ከምእተቓለሰን ከረድእ ፈቲኑ። ኣቦኡ ኣብ ፖለቲካ 40ታትን 50ታትን ዝነበሮ ኣሉታዊ ተራ ኩሉ ስለዝፈልጦ ግዳ፣ ንዘረባ ሕሩይ ዝተቐበሎ ሰብ ኣይነበረን። ካድረታት ቅጭ መጺእዎም። ዓቢ ናይ ኣእምሮ ሕማም ከምዘለዎ እናተፈልጠ ግን ከም ወኪል ናይ ከበሳ ጠሚቶም ኣብ ምድላው ጉባኤ ዓቢ ተራ ሂቦሞ። ሰነዳት ናይቲ ጉባኤ ባዕሉ እዩ ጽሒፍዎ። እቲ ዘገርም ብቋንቋ ትግርኛ ወይ ዓረብ ዘይኮነ ብቋንቋ እንግሊዝ እዩ ጽሒፍዎ። ኣብቲ ጉባኤ ገለ 600 ዝኾኑ ተጋደልቲ እዮም ነይሮም። እንግሊዝ ዘይሰምዕ ብዙሕ እዩ። ሽው በዓል ኣዜን ናብ ዓረብ ክትርጉምዎ ትዒቦም። ኣቦኡ ተድላ ባይሩ እውን ኣብቲ ጉባኤ "ብጥዕና ምኽንያት ክመጽእ ኣይከኣልኩን" ኢሉ፣ ንጉባኤኛታት ዝንበበሎም ነዊሕ ወረቐት ሰዲዱ ነይሩ። ንሱ ኣብ መልእኽቱ፣ ክምረጽ ድሌት ከምዘይብሉ እዩ ገሊጹ።

ንእግረ መገድና ሓደ ከይተጠቐሰ ክሕለፍ ዘይግብኦ ንኹሎም ጉባኤኛታት ዘገረመ ጉዳይ ከነልዕል። ወዲ ተላ ንሜዳ ናብቲ ጉባኤ ክመጽእ እንከሎ፣ ሓንቲ "ዓርከይ እያ" ዝብላ ጓለንስተይቲ (ሕጂ ሰበይቱ ዘላ) ሒዙ እዩ መጺኡ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሜዳ ከምኡ ዝዓይነቱ ባህርያት ኣይነበረን። እቶም ተጋደልቲ ኣዝዩ ገሪምዎም እዩ። እቲ ጉባኤ እናተገብረ እንከሎ ወዲ ተላ ምስኣ እዩ ዝድቅስ ነይሩ። ኣቕቲሩ ስለዝትንስእ ድማ፣ እቶም ጉባኤኛታት ይዕዘብዎ ነይሮም። ወዲ ተላ፣ ገድሊ እንታይ ማለት ምኻኑ ስለዘይፈልጥ፣ ባህሊ ተጋደልቲ እውን ይርድኦ ስለዘይነበረ፣ ብተግባራቱ ፍጹም ይስከፍ ኣይነበረን።

## 3.1 ንጉባኤ ዘሸገረ ወጥሪ

ኣብ መስርሕ ቀዳማይ ጉባኤ ጀብሃ፣ ለበር ፓርቲ፣ ፈለማ ንኣዜን ያሲን እዩ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሓላፊ ክኸውን ከም ሕጹይ ኣቕሪብዎ። ሕሩይ ተድላ ከኣ፣ "እዚ ፍጹም ክኸውን ዘይክእል እዩ" ኢሉ ኣትሪሩ ተቓዊሙ። "ወጻኢ ጉዳይ ኢብራሂም እድሪስ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ንኣዜን ያሲን እንተጌርኩሞ፣ እድሪስ መሓመድ ኣደም ኣይክቕበሎን እዩ፣ 'ክስሕብ እየ' ወይ 'ሪዛይን ክገብር'የ" ክብል ይኽእል እዩ" ኢሉ ድማ ከፈራርሖም ፈቲኑ። "ከመይ ጌርካ ትፈልጥ?" እንተበልዎ፣ "በቃ ፈሊጠ ኣለኹ፣ ወጻኢ ጉዳይ ኢብራሂም እምበር ካልእ ክኸውን የብሉን" ኣብ ዝብል ምጕቱ ይነቅጽ። ኣባላት ለበር ፓርቲ ግን፣ "ኣቦኡ (እድሪስ መሓመድ ኣደም) ኣቦመንበር ክኸውን ስለዝኾነ፣ ኢብራሂም ናይ ወጻኢ ሓላፊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ" ኢሎም ወሲኖም። ኣብቲ ጉባኤ ከኣ፣ ኣዜን ያሲን ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሓላፊ ክኸውን ተመሪጹ። ዓብደላ እድሪስ ወተሃደራዊ ሓላፊ ኪኸውን እንከሎ፣ ወዲ ተላ ድማ ናይ ፖለቲካ ሓላፊ ኮይኑ ተመሪጹ። ኣብቲ ምርጫ ኢብራሂም ከም ምርቋሕ ተረቑሑ ነይሩ። ግን ኣይተዓወተን።

እቲ ውጽኢት ከምዚ ዝተጠቕሰ ምስ ኮነ፣ ወዲ ተላ ኣቐዲሙ ከምዘተንብሆ፣ እድሪስ መሓመድ ኣደም ተንሲኡ ብቑጥዐ ተዛሪቡ። "እዚ ገይርኩሞ ዘለኹም ንዓይ ኣይርድኣንን እዩ፣ እዚ ምርጫ'ዚ ከመይ ገይሩ እዩ ዝግበር ዘሎ ኣይፈልጥን እየ። ዘይንፈልጦ ብድሕሪት ካልእ ኣካል ኣሎ ማለት እዩ። (ለበር ፓርቲ ንምባል እዩ) ስለዚ ኣነ ካብዚ ምርጫ ስሒበ ኣለኹ" ኢሉ ወጺኡ። ወዱ ስለዘይተመርጸ።

እቲ ጉባኤ በዛ ጉዳይ እዚኣ ኣብ ወጥሪ ኣትዩ፣ ንእድሪስ መሓመድ ኣደም ንምልማን ንክልተ መዓልቲ ጠጠው ኢሉ። ለበር ፓርቲ ናይ ብሓቂ ሓሞት ዝነበሮ ሰልፊ እንተዝነብር፣ "ኪድ ባዕልኻ ትፈልጥ!" ክብሎ ይኽእል ነይሩ እዩ። ግን ከምኡ ዝዓይነቱ ድፍረትን ተሪር መርገጺን ዝነበሮ ሰልፊ ኣይነበረን። ብጸግዮ ጸጋግዮ ድማ፣ እቲ ጉባኤ ከምዝቕጽል ተገይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ክሳብ ሕጂ ዝዝከሩ ክልተ ገባር ዝተዛረብወን ዘረባታት ኣለዋ። ሓደ ካብኦም፣ "ኡፍ ኢልካ ግዓት ኣይተብስልን ኢኻ" ትብል ናይ ትግረ ምስላ መሲሉ፣ "ብለምኖ ለማምኖስ እንታይ ኢና ንገብር ዘለና" ኢሉዎም። ሓደ ድማ "ብዓንተቦኡ ጓል ቅንፍዝ ብዘይ እሾኽ ኣይትውለድን እያ እንዶ ኣይተባህለን" ኢሉ መሲሉሎም። እቲ በዳሂ ኣረኣእያ ካብዞም ገባር እዩ ተሰሚዑ። ካብቶም ካድራት ኣይተሰምዐን። ናይ እድሪስ መሓመድ ኣደም ምጉት ኣዝዩ መስደመም እዩ ነይሩ። "ንኢብራሂም ወደይ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሓላፊ ምግባርሲ እንታይ ጸገም ኣለዎ? እዚ እኮ ዋላ ኣብ ዴሳውያን ይኹና ማሕበርነታውያን ሰልፍታት ዝዝውተር እዩ። ንኣብነት ቡርቂባ ናይ ቱኒዝያ መራሒ ንወዱ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር እንድዩ ገይሩዎ" ዝብል እዩ ነይሩ እድሪስ ዘቕረቦ ምጉት። ብዝኾነ ኣብ መወዳእታ ኣዜን ያሲን ባዕሉ፣ "ኣነ ምስ ሾኽ ኢብራሂም ውልቃዊ ምስሕሓብ የብለይን፣ ምእንቲ ሓድነት ናይዚ ውድብ ከኣ ስሒበ ኣለኹ" ኢሉ ካብቲ ሓላፍነት ተኣልዩ። ኢብራሂም ግን ንቦታኡ ኣይተክኣን። ኣብ ክንድኡ ሳልሕ እያይ ነቲ ሓላፍነት ከምዝሕዞ ተገይሩ። ኣዜን ኣብ ታሕተዋይ ኣካል ናይቲ ፈጻሚ ሽማግለ ናይ ዜና ሓላፊ ኮይኑ።

ኣቃውማ ናይቲ ሰውራዊ ባይቶ ሕልኽልኽ ዝበለ እዩ ነይሩ። ወዲ ተላ ካብ ገለ ናይ እንግሊዝ ጽሑፋት ከምዘለዎ ቀዲሑ ዘምጽኦ እዩ። ኣብ ላዕሊ ኣቦ መንበር ኣሎ። ብትሕቲኡ ቀዳማይ ምክትል ኣቦ መንበርን ናይ ፖለቲካ ሓላፊን ኣሎ። ወዲ ተላ ምኻኑ እዩ። ምስዚ ቀዳማይ ምክትል ኣቦመንበር ዝሰርሑ፣ ሰለስተ ሰባት እዮም ተመዲቦም። ካልኣይ ምክትል ኣቦመንበር ወተሃደራዊ ሓላፊ እዩ። ዓብደላ እድሪስ ምኻኑ እዩ። ምስኡ እውን ሰለስተ ሰባት ነይሮም። ሓደ ካብኦም ኣሕመድ ናስር እዩ። ምስቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሓላፊ ማለት ሳልሕ እያይ እውን ሰለስተ ሰባት ነይሮም። ኩሉ ኹላ 13 ዝኣባላቱ ሰውራዊ ባይቶ ኪቐውም ከሎ፣ ኣብ ትሕቲ ሰውራዊ ባይቶ ከኣ 19 ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ እያ ተመሪጻ። ጀብሃ፣ በዚ ሕልኽላኽ ኣቃውማ መሪሕነት ንሰለስተ ዓመት መመላእታ ተሳቒያ እያ።

## 3.2 ምልሶት ወዲ ተላ

ሕሩይ ተድላ ባይሩ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ምክትል ኣቦ መንበርን ናይ ፖለቲካ ሓላፊን ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ፣ ንወጻኢ ከይዱ ክሳብ 1974 ንሜዳ ኣይተመልሰን። "ምክትል ኣቦመንበር ናይ ጀብሃ እየ" እናበለ ፈቐድኡ ኰለል ክብል እዩ ግዜኡ ዘሕልፎ ነይሩ። ምናልባት ሓደ ክልተ ግዜ ቅልቅል ኢሉ ተመሊሱ እንተዘይኮይኑ፣ ገጽ ሜዳ ርእይዎ ኣይፈልጥን። ወዲ ተላ ኣብ ወጻኢ ኮይኑ፣ እንታይ

ይግበር ነይሩ እውን ዝፈልጥ ኣይነበረን። ኣቦ-መንበር ኮይኑ ዝተመርጸ እድሪስ መሓመድ ኣደም ንባዕሉ፣ ድሕሪ'ቲ ጉባኤ ንሜዳ ገጹ ኣይተቐልቀለን። ወተሃደራዊ ሓላፊ ዓብደላ እድሪስ እውን እንተኾነ፣ ካብኡም ድኣ ይሓይሽ ቅሩብ ይመላለስ ነይሩ እምበር፣ ዳርጋ ዝበዝሕ ግዜኡ ኣብ ደገ እዩ ዘሕልፎ ነይሩ።

ሕሩይ ኣብ 1971 ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ተሳቲፉ ንወጻኢ ድሕሪ ምኻዱ፣ ጀብሃ ብብዙሓት ሓደስቲ ተጋደልቲ ኣብ ዝተዓበለለትሉ እዋን፣ ማለት ኣብ መወዳእታ 1974 እዩ ናብ ሜዳ ኤርትራ ተቐልቂሉ። ኣብ በቕሊ ተወጢሑ ንከበሳ ብምውጻእ ድማ፣ ኣብ ሃዘጋ እንዳ ራእሲ ሰፊሩ። ኣብኡ ቤት ጽሕፈት ገይሩ። ዊስኪ እናጨለጠ ሓደ ክልተ ወርሒ ዝኸውን ተቐሚጡ። መብዛሕትኦም እቶም ሽዑ ዝቐረብዎ ካደረታት ጀብሃ፣ ኣተሓሳስባኡ መዚኖም ንዒቕሞ እዮም። ቁምነገር ዘለዎ ሰብ ከምዘይኮነ ቀልጢፎም ገምጊሞሞ። እቲ ሓድሽ ተጋዳላይ ግን ብወረ ከም ኣባል መሪሕነት ጥራይ እዩ ዝፈልጦ ነይሩ። ብዛዕባ ዓቕሙን ብቕዓቱን ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ከም ሓደ ምሁር መራሒ እዩ ዝርድኦ ነይሩ። ኣባላት ሰልፊን ካድረታትን ጀብሃ ግን ኣጸቢቖም ስለዝመዘንዎ፣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኣብ መሪሕነት ከየምጽእዎ ወሲኖም። ይኹን'ምበር ኣብ መሪሕነት ናይቲ ሰልፊ ጸገም ነይሩ እዩ። ኣብ ሰነ 1974 እቲ ሰልፊ ኣብ ከሰላ ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣብ ዘካየደሉ፣ ኣብ ልዕሊ ሕሩይ ዕቃበታት እኳ እንተነበሮ፣ ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ኣብ መሪሕነት ኣእትዮዎ እዩ። ስለዚ ሕሩይ ኣብ መሪሕነት ናይቲ ግንባር ይእቶ'ዶ ኣይእቶ? ክበሃል ከሎ፣ ድሮ ኣብ መሪሕነት ናይቲ ሰልፊ ኣትዩ ነይሩ እዩ። እቲ ጽቡቕ ነገር ግን ኣብቲ 2ይ ጉባኤ ኣብ መሪሕነት ናይቲ ውድብ ማለት ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ከይመጽእ እቲ ሰልፊ ወሲኑ።

ሕሩይ ኣብዚ 2ይ ጉባኤ ካብ መሪሕነት ናይቲ ግንባር ይተኣለ እምበር፣ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ፓርቲ ኮይኑ'ዩ ቀጺሉ። እቲ ዘገርም ምስቲ ኩሉ ሰብ ዝዕዘቦ ዝነበረ ሃለውለዋቱ፣ ኣብ ሓምለ 1976 ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ናይቲ ሰልፊ እውን፣ እንደገና ኣባል መሪሕነት ክኸውን መሪጾሞ። ኣብዚ ናይ 1976 ጉባኤ እቶም ኣባላት ሰልፊ ንሕሩይ ኣብ መሪሕነቶም ዘእተውዎ ምኽንያት፣ "ምናልባት ኣብቲ ሓድሽ ሓይሊ ጽልዋ ይህልዎ ይኸውን" ኢሎም ስለዝገመቱ እዮም። ንሱ እቲ ጉባኤ እናተኻየደ እንከሎ፣ ኣብዚ ሓድሽ ሓይሊ ማገ (ማርክሳዊ ጉጅለ) ዝተባህለ ምትእኽኻብ ከምዘሎ ሓበሬታ ኣሎኒ፣ ዝብል ጸብጻብ ኣቕሪቡ ነይሩ። እቲ ጉጅለ ንሱ ባዕሉ ዝወደቦ ውሑዳት ሰባት ዝሓዘ ግምት ዘይወሃቦ ጉጅለ እዩ ነይሩ። ወዲ ተላ ከኣ ባዕሉ ወዳቢ ባዕሉ ጸብጻብ ኣቕራቢ ብምኳን ኣብቲ ምርጫ ንኽኣቱ ተጠቒምሉ።

ወዲ ተላ ኣብዚ ጉባኤ'ዚ እውን ከም ልማዱ፣ ንጉባኤኛታት "ሓደ ሓድሽ ሓሳብ ሒዘልኩም መጺአ ኣለኹ" እዩ ኢሉዎም። "ናይ ስደት መንግስቲ ከነቖውም ኢና፣ ሻዕብያ እንተተሳተፈቶ ጽቡቕ፣ እንተዘይኮነ በይንና ከነቑሞ ኢና" ዝብል ድንቂ ሓሳብ። ከምዚ ሕጂ ዝብሎ ዘሎ ሃለውለው እዩ። ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ክውንነት ዘይከይድ፣ ክልሰ ሓሳባዊ ህውተታ ስለዝነበረ ድማ ዝሰምዮ ሰብ ኣይነበረን። እቶም ካድረታት ነጺጎሞ። ወዲ ተላ ኣብ ዘለዎ ቁም ነገር ምዝራብ ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ሕልምታት እዩ ዝነብር። ቅድሚኡ እውን፣ ኣብ 1972 "ስትራተጂ ንሓርነት" ዝብል ሓደ ሰነድ ኣቕሪቡ ነይሩ። እቲ ዘቕረቦ ሰነድ ከመይ ጌርካ ብቐሊሉ ንኤርትራ ሓራ ትገብራ ዘርኢ ንድፊ እዩ። ብሃጠው ቀጠው ዝተመልአ ሰነድ እዩ። እቲ ሰነድ ክሳብ ሕጂ ምስ ገሊኦም ከይሃለወ ኣይተረፍን። መጀመርታ ከመይ ጌርካ ነቲ ናብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ኤርትራ ዝዝርጋሕ ጽርግያታት ትቖርጾ፦ ካብኡ ቀጺልካ ከመይ ጌርካ መገዲ ባጽዕ በቲ'ኽ'ኻ፣ ንኣስመራ ተኸብባ፦ ድሕሪኡ ከመይ ጌርካ ግዝያዊ መንግስቲ ተቐውም

ዝዓይነቱ ዋላሓንቲ ወተሃደራዊን ፖለቲካውን እንዶ ዘይብሉ ሕልማዊ ሓሳባት ዝሓዘ ሰነድ እዩ። ቅድም ቀዳድም ወዲ ተላ ብዛዕባ ውትህድርናን ዝፈልጦ ነገር የብሉን። ንሜዳ ድማ ሳሕቲ ከም ቱሪስት እዩ ዝቕልቀል ነይሩ። ናብራ ገድሊ እንታይ እዩ? ተጋዳላይ እንታይ'ዩ? ውግእ እንታይ'ዩ? ዓቕሚ ጸላኢ ክሳብ ክንደይ እዩ? ዋላሓንቲ ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን። ግን ኩሉ ሳዕ ብነብሱ ስለዝምሰጥ፣ በቲ ዘቕረቦ ሰነድ ምሒር እዩ ተሓቢኑ። ዋላ እቶም ዘርኣዮም ሰባት ብኣተሓሳሰባኡ እንተንዓቕዎ፣ ንሱ ግን ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ኮይኑ እዩ ተሰሚዕዎ።

ድሕሪ ናይ 1976 ጉባኤ ለበር ፓርቲ፣ ኩነታት ጀብሃ እናኸፍአ እዩ ከይዱ። ነዊሕ ኣይጸንሐን ከኣ እቲ ሕንፍሽፍሽ ናይ ፋሉል ምንቅስቓስ ኣስዒቡ። ጸገማትን ሕልኽላኻትን ጀብሃ እናዓበየ ምስ ከደ ድማ፣ ወዲ ተላ ክጻወሮ ይኽእል ስለዘይነበረ፣ ሃዲሙ ንደገ ምስ ከደ ብኡ ገይሩ ኣይተመልሰን።

## 4. "ዓወትና ግድን ክኸውን ናይ ግድን ድዩ?"

**ዘይትርሳዕ ጥቕሲ**

ኣቐዲሙ ከምእተገልጸ፣ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፣ ነቶም ሃረርታ ናጽነት ደሪኽዎም፣ መስዋእቲ ክኸፍሉ ናብ ደምበኡ ዝተጸምበሩ ሃገራውያን መንእሰያት፣ ብዓንተቦኡ ብዓይኒ ጽልኢ ስለዝጠመቶም፣ ኣብ ልዕሊኦም ዘካይዶ ሓያልን ጸላዊን ፖለቲካዊ ስራሕ ኣይነበረን። እቲ መሪሕነት ካብቲ ዝብድሆ ዝነበረ ሓድሽ ሓይሊ ክሃድም ጥራይ እዩ ግዜኡ ዘሕልፎ ነይሩ። በዚ ድማ፣ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ስትራተጂ ሓንጺጹ፣ ብስርዓት ወዲቡ ኣንጻር ጸላኢ ክቃለሶም ኣይከኣለን። ብሓጺሩ መሪሕነት ጀብሃ፣ ዓቢ ሃገራዊ ዓቕሚ ዘባኸነ ልሙስ መሪሕነት እዩ።

ነቲ ኣብ መሪሕነት ጀብሃ ዝነበረ፣ ፍጹም ልኡምነትን ድኻምን ዘይፈልጡ ሰባት፣ ኣብቲ ውድብ ቅሩብ ሓሳብካ ንኽትገልጽ ዘፍቅድ ደሞክራሲያዊ ሃዋህው ከምዝነበረ ገይሮም ይርድእዎ ይኾኑ። የግዳስ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ሃዋህው መርኣያ ግሉጽነትን ደሞክራሲን ዘይኮነ መርኣያ ስንፍናን ልምሰትን ናይቲ ውድብ እዩ። እቲ መሪሕነት ንጹር ፖለቲካዊ መስመር ከይሓዘ፣ በብዝመጸ ሓሳባት እናተገፍዐ፣ ኣብ ድንጉር ሃዋህው እዩ ዘዕገንግን ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ኣከያይዳ ሒዝካ ድማ ክትዕወት ዝሕሰብ ኣይኮነን። ከም መርኣያ ድኻም ናይቲ ውድብ፣ ኣብ ጀብሃ ዝዕቄር ምስጢር ኣይነበረን። ሓደ ኣብ ኩናት ዝርከብ ውድብ፣ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ባህሊ ክህልዎ ዝግባእ እዩ። ኣብ ጀብሃ ግን ከምኡ ዝበሃል ነገር ኣይነበረን። ዲሲፕሊን ኣዝዩ ዝሉቕ እዩ። ውሽጣዊ ኩነታት ጀብሃ ዝኾነ መልክዕ ናይ ደሞክራሲ ኣይነበሮን። በዚ ድላይካ ትዛረብ፣ በቲ ካልእ ድማ ብዝጠቅምን ዘይጠቅምን ጉዳያት ብህልኽ ሰባት ይእሰሩን ይቕተሉን ነይሮም። ኩሉ'ዚ መትሓዚ ዘይብሉ ፍኑውነት መርኣያ ውድባዊ ድኻም እምበር መርኣያ ደሞክራሲ ኣይነበረን። ሕግን ስርዓትን ኮነ ኣባላትካ ዝምርሕሉ ዲሲፕሊን ኣብ ዘይብሉ ድማ፣ ኣይኮነን ኩናት ከተካይድ፣ ዝኾነ ካልእ ቀሊል ዕማም እውን ክትፍጽም ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ እንተመጺኻ እውን፣ ጀብሃ ንጸላኢ እትምክተሉ ፍሉጥ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ኣይነበራን። ዝተወሃሃደን ቀጻልነት ዘለዎን ወተሃደራዊ ንጥፈታት

ተካይድ ኣይነበረትን። ኣብ ገሊኡ ዝካየድ ውግኣት፣ ናይተን ኣበየ ከባቢኡ ዝነበራ ሓይልታት በይናዊ ተበግሶ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ምዝላቕ ኣብ ከባቢ መረብ ዝተኻየደ ውግእ ነይሩ። ሓይልታት ጀብሃ ንወርሒ መመላእታ ኣበርቲዐን መኪተን እየን። ገለ ወተሃደራዊ ኣጽዋር፣ መካይንን ታንክታትን እውን ማሪኸን። እዚ ፍጻመ'ዚ፣ ብጀብሃ ካብ ዝተኻየደ መኸተ እቲ ዝሓሸ እዩ። ኣብ ከባቢ ኦምሓጀር እውን ድሓን መኸተ ተኻይዱ ነይሩ። ድሕሪኡ ግን ብጀብሃ ዝተኻየደ ዝጠቕም መኸተ ኣይነበረን። ድሕሪ'ዚ ሓጺር ግጥም፣ ጀብሃ ብኡ ኣቢላ እያ ፋሕፋሕ ኢላ። ዋላ እቲ ምንስሓብ እውን ውዱብ ኣይነበረን። ዛሕዛሕ እዩ። ምኽንያቱ መሪሕነት የለን፣ ዘወሃህድ የለን፣ ብኸመይ እቲ ወራር ይምከት? ኣበይ ቦታ እንታይ ይግበር? ዝኾነ ወተሃደራዊ ውጥን ኣይነበረን።

ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ኣብ ሰራዊት ጀብሃ ሓደ ፍቱው ሰብ እዩ ነይሩ። ምስ ዓብደላ እድሪስ ድማ ኣንጻር እዮም ነይሮም። ኢብራሂም ዝሓሸ ኣመለኻኽታ፣ ኣብ ማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ ብመጠኑ እምነት ዝነበሮ ሰብ እዩ። እቲ ካድር ኮነ እቲ ተጋዳላይ ንዓብደላ እድሪስ ከም ሓደ ኣድሓርሓሪ ሰብ ክጥምቶ እንከሎ፣ ብኣንጻሩ ንኢብራሂም ከም ሓደ ገስጋሲ መራሒ እዩ ዝርእዮ ነይሩ። ኣብ ልዕሊኡ ዳርጋ ዕውር እምነት ዝነበሮም ካድረታት ነይሮም እዮም። ብሓቂ ድማ ኣብ ዝጠቕምን ዘይጠቕምን ጉዳያት ምትእትታው ዝገብር ዓይነት ሰብ ኣይነበረን። ኢብራሂም፣ ኣብ 1979 ኣብ ኣኼባ ዝተዛረባ፣ ተጋደልቲ ወትሩ ዝዝክሩዋ ዘይርትሳዕ ዘረባ ኣላ። ኢብራሂም “ቃልስና ነዊሕ እዩ፣ ዓወትና ናይ ግድን እዩ ዝብል ጭርሖ ኣለና፦ ግን ዓወትና ናይ ግድን ክኸውን ግድን ድዩ?” ዝብል ሕቶ ብምልዓል፣ “ንዓወት ዘብቅዕ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን እንተለና ጥራይ እዩ ዓወትና ግድን ዝኸውን እምበር፣ ዕላማና ቅኑዕ ስለዝኾነ ጥራይ ቃልስና ክዕወት ይኽእል እዩ ማለት ኣይኮነን። ዘይብቑዓት እንተ'ኾንና ክንዕወት ኣይንኽእልን ኢና። ጀብሃ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ መካነክ-ረውሕ እያ ዘላ፣ ጋም ማን እያ ትብል ዘላ” ኢሉ ተዛሪቡ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ንዝነበረ ኩነታት ጀብሃ ብልክዕ እተንጸባርቕ መግለጺት እያ። ኢብራሂም ግን ነዛ ርእይቶ'ዚኣ ድሕሪ ምዝራቡ፣ ነቲ ዝነበረ ድንጉር ሃዋሃው ንምቕያር ዝገበሮ ነገር ኣይነበረን። ነቲ ጀብሃ ዝነበረቶ ተስፋ ዝተሳእኖ ሃዋህው ንምልዋጥ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ክመራሳሕ ክጨማለቕ ክኳነጽ ኣይደለየን። ከምኡ ዓይነት ሰብ እውን ኣይነበረን። ኣብቲ ዝቐጸለ ኩነታት እውን ተራ ኣይነበሮን። ልክዕ ከም ጲላጦስ ኢዱ ሕጹብ እዩ ነይሩ። ብሓጺሩ ኩነታት ጀብሃ ኣብ 1979 ናይ ዲሞራላይዘሸን ኩነታት እዩ ነይሩ። ዓብደላ ድማ ንውሽጣዊ ኩነታት ጀብሃ ከዕሪ ድሌት ኮነ ሓሳብ ኣይነበሮን። ንሱ ሓንቲ ሓሳቡ፣ እቲ ምስ ሻዕብያ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሓድነት መስርሕ ከምዘይዕወት ምግባር ጥራይ እዩ። ነዛ ዕላማ'ዚኣ ድግድጊት ተዓጢቑ ሒዙዋ። ኣብ መወዳእታ ድማ ተዓዊቱላ።

ብኣንጻር ዓብደላ እድሪስ፣ እቲ ካልእ ሰብ፣ ተራ ተጋዳላይ ይኹን ካድር፣ ኣብቲ ውድብ ዝነበረ ሕንፍሽፍሽን ልምሰትን ክዕረ ካብ ልቢ እዩ ዝምነ ነይሩ። ገለ ጽገናታትን ለውጢን ክግበር ከምዘለዎ ድማ ይሰማማዕ ነይሩ። እንታይ ክግበር ይከኣል ግን ብንጹር ይፈልጥ ኣይነበረን። መሪሕነት ጀብሃ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ብግብሪ ህላወ ኣይነበሮን። ካብኡ ዝገደደ ጸገም ድማ፣ ኣብቲ ውድብ መሪሕነት ከምዘየለ ዝፈልጥ ዳርጋ ኣይነበረን። እቲ ዝበዝሕ ተጋዳላይ መሪሕነት ዘሎ እዩ ዝመስሎ ነይሩ። ብሓጺሩ ናይ ምኽርዛዝን ልምሰትን እዋን እዩ። ካልእ ኣብ ፖለቲካ ናይ ጀብሃ ዓቢ ዕንቅፋት ዝኸውን ዝነበረ ኣተሓሳስባ፣ ናይ ዕርቂን ዋጋ ዕዳጋን (ኮምፕሮማይዝ)

ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ኣመለኻኽታ'ዚ፣ ኣብ ገለ እዋን ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ከምቲ ጀብሃ ዝነበረቶ ሕንፋሽን ልሙስን ሃዋህው ግን ክሰርሕ ዝኽእል ኣይኮነን። ጀብሃ ሱር በተኽ ለውጢ ብምምጻእ ጥራይ እያ ክትዕረ ትኽእል ዝነበረት። የግዳስ ኣብቶም ደለይቲ ለውጢ ከምኡ ዝዓይነቱ መሰረታዊ ለውጢ ናይ ምምጻእ ሓሳብን ቅሩብነትን ኣይነበረን። ከም ውጽኢቱ ድማ፣ "ጀብሃ ኣደ ሰውራ እያ፣ ናይ ሓድነት ሕላገት እያ፣ ደሞክራቲክ እያ፣ ናይ ሻዕብያ ኣቃውማ ሰክታርያን እዩ" እናተባህለ ብዘይ ቁም ነገር ሓሸውየ ጥራይ ኮይኑ። እዚ ህውተታ'ዚ ድማ፣ መወዳእታኡ ንጀብሃ ብዓባያ ለኪምዋ ጠፊኡ።

ኣብ ጀብሃ ዝነበረ ዓቕሚ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብቲ ውድብ ንሃገራዊ ናጽነት ክጋደሉ ኢሎም ብልዑል ወኒን ስምዒትን ብንጽህና ዝመጹ ኣሽሓት መንእሰያት እዮም ነይሮም። ግን ሓያልን ውፉይን መሪሕነት ኣይረኸቡን። መሪሕነት ክኸውን ዝኽእልን ዝግብኦን ሰብ ስለዝተሳእነ ኣይኮነን። እቲ ክመርሕ ዝኽእል ግን ዕድል ኣይረኸበን። ኣቦ-መንበር ጀብሃ ኣሕመድ ናስር ኣዝዩ ድኹም ሰብ እዩ ነይሩ። ዓብደላ ብፍላጥ እዩ ንዕኡ ኣብ ቅድሚት ኣቕሚጡ ነቲ ውድብ ከም ድላዩ ዝገናዘየሉ ዝነበረ። ኣዜን ያሲን፣ ጥዑይ ሰብ እኳ እንተነበረ፣ ነብሱ ዝገትእ ሰላማዊ ሰብ እዩ ነይሩ። ምሁር እዩ፣ ክትንትን ይኽእል፣ ክጽሕፍ ይኽእል። ግን ኣብ ግብራዊ ቃልሲ ኣትዩ ክጓነጽ፣ ላዕልን ታሕትን ክብል ዝኽእል ኣይነበረን። ተስፋማርያም ከኣ ካብ ኣዜን ዝገደደ። ንሱ'ውን ክጽሕፍ ክትንትን እንተዘይኮይኑ ክመርሕ ዝኽእል ዓይነት ሰብ ኣይነበረን። ካብቶም ዝነበሩ መራሕቲ ንዓብደላ ቅሩብ ክብድሆ ዝኽእሉ ኢብራሂም ቶቲልን መልኣከ ተኽለን እዮም ነይሮም። ንሳቶም እውን ነቲ ተራ ኣይበቕዕዎን።

# 5. ጀብሃ ኣብ ስደት

ኣቐዲመ ከምዝገለጽክዎ፣ መሪሕነት ጀብሃ፣ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሓድሕዱ ዝነበሮ ናይ ስልጣን ውድድርን ድኹም ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኣመራርሓን ውዳበን "ዓወትና ናይ ግድን እዩ" ኢሉ እናጨርሐ ተሳዒሩ። ኣሽሓት ብንጽህና ንሃገራዊ ናጽነት ክቃለሱ ዝመጹ መንእሰያት ተጋደልቲ ለኪሙ ድማ ተበታቲኑ። ጀብሃ ሱዳን ድሕሪ ምእታዋ ድሕሪ ቅሩብ ሰሙናት ሱዳናውያን፣ "ወይ ርሓቑልና ወይ ብረትኩም ኣውርዱልና… ክንዲዚ ዝኣክል ዕጡቕ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ መሬትና ክነስፍር ኣይንኽእልን ኢና" ኢሎም። ሓቆም እዮም። ኣስታት 15 ሺሕ ዝኸውን ተጋዳላይ እዩ ነይሩ። ምስ መዓት ጋዕልገልጠሙ፣ ኣብ ከባቢ ከሰላ እዩ ሰፊሩ። መራሕቲ ጀብሃ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገር ኣይነበረን። ኣብ ሽዑ በጺሖም በዓል ዓብደላ እድሪስ እቲ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት፣ ንኣሕመድ ናስር እዮም ረጥሪጦምሉ። ኣሕመድ ናስር ከኣ፣ ኣይኮነን'ዶ ኣብ ከምኡ ዝዓይነቱ ናይ ሕንፍሽፍሽ እዋን፣ ኣብ ንቡር ግዜ እውን ክመርሕ ብቕዓት ዝነበሮ ሰብ ኣይኮነን። ዋላ ነቲ ሰነዳት ናይቲ ውድብ እውን ክዕቅቦ ኣይከኣለን። ዳርጋ ኩሉ ስነዳት ናይቲ ውድብ ድማ ብትእዛዙ ተቓጺሉ። ብዙሕ ብረትን ንብረትን ናይቲ ውድብ መንግስቲ ሱዳን ወሲድዎ።

ኣብ ሱዳን ምስተኣትወ፣ ፈጻሚት ሽማግለ ጀብሃ፣ "ፈሺልና ኢና፦ ናይቲ ፍሽለት ተሓታትቲ ድማ ካልእ ዘይኮነ ብቐንዱ ባዕላትና ኢና" ዝብል ናይ ንስሓ ኣዋጅ ኣውጺኣ። በብቕሩብ ድማ ፋሕ-ፋሕ ምባል ተጀሚሩ። ገሊኦም መራሕቲ፣ ምስ ገለ ብረት ዝዓጠቑ ተጋደልቲ ካብ ከባቢ ከሰላ ርሒቖም። ግን ካብ መሬት ሱዳን

ኣይወጹን። "ንሜዳ ተመሊስና ነይርና" ክብሉ ይስምዑ እኳ እንተኾኑ፣ ዶብ ሱዳን ሰጊሮም መሬት ኤርትራ ኣይረገጹን። ንሜዳ ክምለሱ ድሌት ኮነ ትብዓት ኣይነበሮምን። ካልኦት ዝበዝሑ ተጋደልቲ ድማ ናብ ኮረኮንን ታህዳይን ከይዶም። ሓያሎ ካልኦት ከኣ፣ ብረቶም ኣውሪዶም፣ ፋሕ ፋሕ ኢሎም። ልክዕ ኣብዚ ግዜ'ዚ፣ ዓብደላ እድሪስ ተፈልዩ በይኑ ናቱ ጉጅለ ከምዝመስረተ ወረታት ክናፈስ ጀሚሩ። "ተፈንጪሉ ድዩ?" እንተበልካ "ኣይተፈጨለን ኣሎ" ይበሃል። ግን ብግብሪ ናቱ ጉጅለ ከቕውም እዩ ዝፈታትን ነይሩ።

ብድሕሪ'ዚ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፣ ናብቲ ዓብደላ ዝነበሮ ቦታ ከይዶም ምስኡ ናይ ዕርቂ ኣኼባ ገይሮም። ኣብ መዓስከር ጉጅለ ዓብደላ ድማ፣ 6ይ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ተኻይዱ። ኣብቲ ኣኼባ፣ "እታ ዝጸንሐት ፈጻሚት ሽማግለ ክትሰርሕ ኣይከኣለትን። ጠንቂ ናይቲ ፍሽለት ንሳ እያ፣ ስለዚ እዛ ፈጻሚት ሽማግለ'ዚኣ ስለዝፈሸለት ክትቅየር ጥራይ እዩ ዘለዋ" ብዝብል ምኽንያት ዓብደላ ክወዳደሩኒ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም፣ ከም በዓል መልኣከ፣ ቶቲል፣ ተስፋማርያም፣ ዓብደላ ሱሌማን ካብታ ፈጻሚት ሽማግለ ከምዝእለዩ ገበረ። ኣብ ክንድኦም ካልኦት ሓደስቲ ተመሪጾም። ኣሕመድ ግን "ኣይጓዳእን እዩ" ስለዝተባህለ፣ ኣብቲ መሪሕነት ቀጺሉ። ደጊ‌ጋ እውን ከምኡ "ኣይጓዳእን እዩ" ተባሂሉ ኣብቲ መሪሕነት ቀጺሉ። ካልኦት ግን ኩሎም ሓደስቲ እዮም። ምክትል ናይ ኣሕመድ ናስር ዶክተር ሃብተ ኮይኑ። ተስፋይ ተኽለ፣ ናይ ጸጥታ፣ ሳልሕ እያይ ወጻኢ ጉዳይ፣ ዮሃንስ ዘርእማርያም ሓላፊ ዜና ኮይኖም። ወተሃደራዊ ሓላፊ ድማ፣ ኣብ ክንዲ ዓብደላ እድሪስ፣ ሑሴን ከሊፋ ከምዝኸውን ተገይሩ። ዓብደላ ብመደብ ዝገበሮ እዩ። ኣብታ ካብ 1969 ጀሚሩ ዘይለቐቓ መንበሩ፣ ናቱ ሰብ እዩ ኣቐሚጡ። እቲ ምርጫ "እከለ ናተይ፣ እከለ ናትካ" እናተባህለ ብዋጋ ዕዳጋ እዩ ተኻይዱ።

ድሕሪ'ዚ 6ይ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፣ ንተጋደልቲ ሰሚናራት ይካየደሎም እሞ፣ ድሕሪኡ ጉባኤ ክግበር ተባሂሉ። በቲ ውሳነ መሰረት ውድባዊ ሰሚናራት ክካየድ ጀሚሩ። ግን ኣብቶም ተጋደልቲ እምነት ዝበሃል ኣይነበረን። ኣብ ኮረኮንን ታህዳይን ዝነበሩ ተጋደልቲ ንኣብነት፣ ምትእምማን ስለዘይነበሮም፣ ናብቲ ዝካየድ ሰሚናራት ብዘይ ብረት ኣይንኣቱን ኢና ኢሎም ተቓዊሞም። ብዝኾነ እቲ ሰሚናራት ዘምጽኦ ፍረ ኣይነበረን። ጀብሃ ካብ ዝርግርግ ናብ ዝበኣሰ ሕምርግርግ እያ ተመርሕ ዝነበረት። ኣብቲ ግዜ'ቲ ንጀብሃ ንምድሓን ሓደ ናይ ስዑድያ ልኡኽ ንሱዳን መጺኡ ነይሩ። "ብሃብረ" ዝበሃል ኣብ ትካል ጸጥታ ስዑድያ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓላፊ እዩ። ብሃብረ ንዓብደላ ከም ወተሃደራዊ መራሒ እዩ ዝፈልጦ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዝተጋነነ ትጽቢት ነይሩዎ። ዓብደላ "15 ሺሕ ኣባላት ዘለውዎ ሓደ እስላማዊ ሰራዊት ክምስርት ይኽእል እዩ" ዝብል እምነት ነይሩዎ። ዓብደላ እውን ካብ ሱዕድያ ሓገዝ እንተረኺቡ፣ ንሻዕብያ ዝወዳደር ሰራዊት ክምስርት ከምዝኽእል ይገልጸሉ ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው፣ መሪሕነት ጀብሃ ኣብ ስለስተ ተጎጃጂሉ እዩ ዝኸይድ ነይሩ። በዓል መልኣከ፣ ቶቲል፣ ተስፋማርያም ሓደ ጉጅለ እዮም። ዓብደላ ናቱ ጉጅለ ነይሩዎ። ኣብቲ ሓደ ድማ ኣሕመድ ናስርን ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ዝነብርዎም እቶም ዝበዝሑ ነይሮም። ኣሕመድ ናስር ዝነበሮ ጉጅለ ቲያር፣ ካልኣይ ጉጅለ ዓብደላ፣ እቲ ሳልሳይ ከኣ እቲ ድሓር ሳግም ተባሂሉ ዝተጸውዐ ጉጅለ በትን ምኻኖም እዩ። ትያር ንነብሶም ኣብ ማእከል ኣቐሚጦም፣ ነዞም ክልተ ጉጅለታት ናይ የማንን ጸጋምን ጥሩፋት እዮም ዝብልዎም ነይሮም። "ትያር ኣልዓም፣ ንጀብሃ ንውክል፣ ንለበር ፓርቲ ንውክል ንሕና ኢና" ድማ ይብሉ ነይሮም።

## 5.1 ምትፍናን ዓብደላን መልኣከን

መልኣከ ተኽለ፣ ከም ሰብ ብኹሉ ባህርያቱን ጠባዩን ኣንጻር ወዲ ተላ እዩ። መልኣከ ናይ ብሓቂ ተጋዳላይ እዩ። ከም ኩሎም ናይ ሽዑ መንእሰያት ብንጽህና ካብ ዩኒቨርሲቲ ንሃገራዊ ናጽነት ክጋደል ዝመጸ እዩ። ኣዝዩ ተዋጋኣይ ድማ እዩ። ብኣንጻር ብዙሓት ናይ ጀብሃ መራሕቲ፣ መልኣከ ንነብሱ ብቐዳምነት ከም ተጋዳላይ እዩ ዝርእያ። ኣብ 1975 ኣብ ጉባኤ ንመሪሕነት ክምረጽ እንከሎ፣ ናይ 4 ዓመት ተሞኩሮ ነይሩዎ። ሽዑ ናይ ጸጥታ ሓላፊ ኮይኑ ተመሪጹ። ሕሩይ ተድላ፣ ንመንፍዓትን ተቐባልነትን መልኣከ ተኽለ ምስተዓዘበ ካብ ፈለማ ኣይፈተዎን። ወዲ ተላ ንነብሱ ከም ወኪል ናይ ከበሳ ይሓስባ ስለዝነበረ መልኣከ ከይወዳደሮ ከም ተቓናቓኒኡ ብምጥማት፣ ካብ ፈለማ ከጥቅዖ እዩ ዝፍትን ነይሩ። መልኣከ ብወገኑ ንናይ ወዲተላ ሕንቃቐ ይኽበሎ ኣይነበረን። በዚ ድማ መልኣከ ብግስ ከይበለ፣ ዒላማ መጥቃዕቲ ወዲተላን ዓብደላ እድሪስን እዩ ኮይኑ።

መልኣከ ኣብ ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ከም ናይ ለውጢ መራሒ ክርአ ዝጀመረ ዝያዳ ድሕሪ ናይ ፋሉል ምንቅስቓስ እዩ። ቅድሚኡ ግን ናይ ጸጥታ ሓላፊ ብምንባሩ፣ ኩሉ ሰብ ከም ተኸላኸሊ መሪሕነት እናጠመተ ይፈርሖ እዩ ዝነበረ። መልኣከ ኣብ መሪሕነት ድሕሪ ምምጽኡ ፍልልያቱ ምስ ዓብደላ ቀስ እናበለ ክዓቢ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ 1979 ዝያዳ ጎሊሑ ክርአ ጀሚሩ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ እዋን፣ ኣብ መንጎ ቤት ጽሕፈት ጸጥታን ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ዝነበረ ፍልልይ ዝያዳ እናተጋህደ፣ ኣብቲ ውድብ እውን ይንጸባረቕ ነይሩ። በዚ ድማ ዓብደላ ንመልኣከ ከም ሓደ ካብ መሪሕነት ክእለ ዘለዎ ሰብ ክቖጽሮ ጀሚሩ። ሓደ ካብቲ ዝፈላለዮም ነጥቢ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ዝነበሮም ኣረኣእያ እዩ። መልኣከ ተኽለ ድሕሪ 1978 ንጉዳይ ሓድነት ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣበርቲዑ ዝደፍኣሉ ዝነበረ ሰብ እዩ። ንብዙሕ ተግባራት ዓብደላ እድሪስ ድማ ይቃወሞ ነይሩ። በዚ ድማ ብ1980 ኣብ ዝተኻየደ 3ይ ጉባኤ ለበር ፓርቲ፣ ኣብ መሪሕነት ካልኣት ክምረጹ ከለው መልኣከ ደይ መደይ ኢልካ ከምዘይምረጽ ተገብረ። በዓል ዓብደላ ከቕርብዎ ኣይደለዩን። ንሱ እውን ብዙሕ ዝደልዮ ዝነበረ ኣይመስልን።

ፍልልያት ዓብደላን መልኣከን ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሐ ኣብ ውግእ ሓድሕድ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ፍጹም ምርድዳእ ዝበሃል ኣይነበሮምን። ጀብሃ ሱዳን ምስ ኣተወት ድማ፣ ዓብደላ ንመልኣከ ምጥፋእ ቀዳማይ ዕላማኡ ገይሩ'ዩ ወሲድዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ መልኣከ፣ ተጋደልቲ ፋሕ-ፋሕ ከይብሉ ክጠራንፍ፣ ኣጽዋር ብመንግስቲ ሱዳን ከይውሰድ ክሓብእ እዩ ዝፈታትን ነይሩ። በዓል ዓብደላ ግን፣ እቲ ዝተፈጥረ ጸገም ከይዓጠጦም፣ ነዚ ሰብ'ዚ ከመይ ገይሮም የጥፍእዎ ጥራይ እዮም ውዲት ዝኣልሙ ነይሮም። ብቐጻሊ ይተናኾልዎ ምንባሮም ርኡይ ስለዝነበረ፣ ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ነገር ክፍጽሙ ከምዝኽእሉ ካብ ግምት ወጻኢ ኣይነበረን። ብድሕሪኡ ተመኽልዮም ድማ፣ ፈለማ ነተን ዝሓብኣን ብረት ወሲዶመን። መልኣከ ድማ ንባዕሉ ሓደ ጸገም ነይሩዎ። ንነብሱ ከም ተጋዳላይ እምበር ከም መራሒ ኣይጥምታን እዩ ነይሩ።

ኣብ ኮረኮንን ታህዳይን ዝነበሩ ተጋደልቲ “ብረት ከይሓዝና ናብቲ ኣብ መዓስከር ዓብደላ ዝካየድ ውድባዊ ሰሚናር ኣይንኸይድን ኢና” ምባሎም ኣቐዲመ ጠቒሰዮ ኣለኹ። ሽዑ በዓል ዶክተር ሃብተ መጺኦም ንመልኣከ ተኽለ “ንስኻ ኢኻ ተተባብዖም ዘሎኻ” ኢሎሞ። ብዙሕ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ግርጭት ዝተባልሓሉ እዋን፣ መልኣከ ኣብቲ ንሳቶም ዝዓድምዎ ኣኼባ ዘኸይድ ኣይነበሮን። ግን ንሱ ብዙሕ ኣይተገደሰሎምን። ዝኾነ ይኹን ኢሉ ከይዱ። እቲ ፈጻሚ ሽማግለ ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ክልተ እዩ ተመቒሉ ነይሩ። ገሊኦም እቶም ተጋደልቲ ብረት ክዓጥቁ ኣለዎም ዝብሉ፣ ገሊኦም ብረት ክዓጥቁ የብሎምን ዝብሉ። በዛ ነጥቢ’ዚኣ ድማ እቲ ዝነበረ ግርጭት ዝያዳ ጉሂሩ። ዓብደላ፣ እዛ ኣጋጣሚ እዚኣ ዕልዋ ንምግባር እዩ ተጠቒሙላ። ነቲ ብዓንተቦኡ እውን ብዓይኒ ስግኣት ዝርእዮ ዝነበረ መልኣከ ተኽለ፣ ምስ ሓደ ካልኣዩ ኣብ ሩባ ኮፍ ኢሎም እናዕለሉ ከለው፣ ሰዓብቱ ልኢኹ ተኹሲ ከፊቱሎም። መልኣከ ተሰዊኡ፣ እቲ ምስኡ ዝነበሮ ሰብ ተወጊኡ። ኣብቲ ዝተኸፍተ ተኹሲ፣ ናይ ስዒድ ሳልሕ ኣውቲስታ ዝነበረ እውን ተቐቲሉ። ስዒድ ሳልሕ ኣብቲ ከባቢ እዩ ነይሩ። ንሱ እውን ተማሪኹ፣ ተኣሲሩ። እቲ ስጉምቲ ናይ ፈራሓት እዩ ነይሩ። ተስፋይ ደጊጋን ኣቦ መንበር ጀብሃ ኣሕመድ ናስርን እውን ተኣሲሮም። ቶቲል ኣብቲ ግዜ እቲ ኣብ ከሰላ ስለዝነበረ እምበር ንዕኡ እውን ኣይምገደፉዎን። ኣዜን ያሲን እውን ምስ ቶቲል ኣብ ከሰላ እዩ ነይሩ። ገለ ሰባት ከም በዓል ደንጉስ ኣረይ ኣብ ልዕሊ ቶቲል ዝኾነ ስጉምቲ ከይውስድ ብምጥንቃቕ፣ ነቲ ኩነታት ቀቢላዊ መልክዕ እኳ ከትሕዝዎ ፈቲኖም እንተነበሩ፣ ንቶቲል እውን ካብ ከሰላ ምስ መጸ ኣይገደፍዎን። ኣሲሮሞ። በዚ ድማ ዳርጋ ኩላ መሪሕነት ጀብሃ ብዓብደላ እድሪስ ተኣሲራ። ብዙሓት ዝተኣስሩ ካልኦት ካድረታት እውን ነይሮም።

## 5.2 ድሕሪ ዕልዋ

ዓብደላ ወገናዊን ቀንጻሊን ናይ ጀብሃ ታሪኹ፣ ብ25 መጋቢት 1982 ኣብ ራሳይ ዝተባህለ ኣብ ዶብ ሱዳን ዝርከብ ቦታ ብዝፈጸሞ ኩዴታ እዩ ዛዚምዎ። ንመልኣከ ተኽለ ቀንጺሉ ንመብዛሕትኣ ኣባል መሪሕነት ድሕሪ ምእሳሩ ድማ፣ ባዕሉ ኣቦመንበር ኮይኑ። ብድሕሪ’ዚ ሰሚናራት ከምዝካየድ ገይሩ፣ ኣዋጃት ኣውጺኡ። “ጀብሃ ተረጋጊኣ፣ ኣብቲ ቅኑዕን መበቈላውን መስመራ ተመሊሳ ኣላ። ንሕና እቲ መሰረት እዩ ዘገድስና። ጸገም ናይ ጀብሃ ንሳቶም እዮም ነይሮም። ብቐደሙ እውን ቢቢሲ ዝጸውዓቶም (ዓወታት ምስ ተሰምዐ ዝመጹ) እዮም። ሕጂ እውን ድሓን ቢቢሲ ምስ ጸውዓቶም ዝመጹ ካልኦት ክህልው እዮም” ዝብል ኅስኳስ ድማ ከካይድ ጀሚሩ። እዚ ጭርቃን’ዚ ኣብ ጀብሃ ልሙድ እዩ ዝነበረ። እቲ ሓድሽ ሓይሊ ነቶም ገዳይም “ዘይ ቡን ትሰትዩ እምበር እንታይ ትገብሩ ነይርኩም?” እዩ ዝብሎም ዝነበረ። ንሶም ድማ፣ ነቶም ድሓር ዝመጹ “ቢቢሲ ዝጸውዓቶም” እናበሉ ይጨርቅሎም።

ዓብደላ ዝቐንጸል ቀንጺሉ ዝእሰር ኣሲሩ፣ መሪሕነቱ ንምርጋእ ኣብ ዝጽዕረሉ ዝነበረ፣ ብኣንጻሩ ናይ ተጋደልቲ ተቓውሞ ኣብ ልዕሊ ዓብደላ እናበርትዐ እዩ ከይዱ። ኣብ ኮረኮንን ታህዳይን ዝነበሩ ተጋደልቲ ብምሉኦም ኣንጻር ዓብደላ ደው ኢሎም። ኣብቲ እዋን’ቲ ዶክተር ሃብተ ኣብ ጉጅለ ዓብደላ ምክትል ኣቦመንበር እዩ ነይሩ። ነቶም ተጋደልቲ ንምትህድዳእ ድማ ምስ ስዩምን ካልኦትን ናብ ኮረኮን ተላኢኾም። ንሳቶም ነቲ ተጋዳላይ ብቐሊሉ ዘተሃዳድእዎ እዩ መሲልዎም ነይሩ። ኣብኡ ዝነበረ ስምዒት ግን ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ኮይኑ ጸኒሕዎም። እቶም ተጋደልቲ ምስቲ ዝነበሮም ሕርቃን ዘይቀተልዎም ዕድል እዮም ገይሮም። ካብቲ ተጋዳላይ ሃዲሞም፣

ኣብ መዓስከር ናይ ሱዳን ክሳብ ዝዕቄቡ እዮም ኮይኖም። "ነዚ ሒዝኩም ትመጹና። እዚ ኹሉ ሰብ ቀቢርኩም፣ ቅትለታት ተፈጺሙ፣ ብዙሕ ሰብ ተኣሲሩስ ያኢ፣ ንድሕነት ጀብሃ ክንብል ምስ ዓብደላ ክንቅጽል" ብምባል እቲ ተጋዳላይ ብዙሕ ኣንጸርጺሩ። ዓብደላ ብዓንተቦኡ ብተጋዳላይ ኣዝዩ ጽሉእ ሰብ እዩ። ዶክተር ሃብተ ተቓውሞ ናይቶም ተጋደልቲ ምስ ርኣየ ምሕር ሰንቢዱ። እቶም ተጋደልቲ ንዶክተር ሃብተ፣ ኣንጻር'ቲ ብዓብደላ ዝተኻየደ ኩዴታ ኣዋጅ ከውጽእ ኣገዲዶሞ። "ሕራይ ኢሉ" ኣንጻር ዓብደላ ኣዋጅ ኣውጺኡ፣ ፈሪሙ። ስለዝፈርሐ ግን፣ "በጃኻትኩም ኣነ ካርቱም ከይበጻሕኩ ከይተውጽኡዎ" ኢሉ ለሚንዎም።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ሰራዊት ናቱ ኣኼባታት ቀጺሉ፣ ግዝያዊ ሽማግለ መሪጹ። ብኡ ንብኡ ድማ ኣብ መንጎ'ቲ ግዝያዊ ሽማግለ ናይ ሰራዊትን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ምፍጣጥ ተጀሚሩ። ንሳቶም "ንሕና ሕጋዊ መሪሕነት ኢና" ክብሉ ከለው፣ እቶም ሽማግለ ናይ ሰራዊት ድማ "ከም ሕጋውያን መራሕቲ ኣይንፈልጠኩምን ኢና" ኢሎሞም። የግዳስ ብውዲት ተረፍ መረፍ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፣ ኣብ መንጎ እታ ናይ ሰራዊት ሽማግለ እውን ምክፍፋል ኣጋጢሙ፣ ኣብ ክልተ ተገሚዓ። ክሳብ ምትኻስ እውን ተበጺሑ። ሱዳናውያን መጺኦም ኣብ መንጎኦም ናይ ጸጥታ ዞባ ብምፍላይ፣ ነተን መዓስከራት ኣብ ክልተ መቒሎመን። እቲ ዝበዝሐ ድሓር ሳግም ዝተባህለ ኣንጻር'ቲ መሪሕነት ጠጠው ክብል ከሎ፣ ገለ ውሑዳት ድማ ምስቲ መሪሕነት ወጊኖም።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለታት ተስፋምህረት ዝሓዞም ውሑዳት ተጋደልቲ ዝርከብዎ ሓደ ንጹል ሓይሊ ነይሩ እዩ። ተስፋምህረት ጀብሃ ንሱዳን ክትኣቱ ኸላ ምስ ውሑዳት ሰዓብቱ ኣብ ጋሽ እዩ ተሪፉ። በዓል ዓብደላ እድሪስ ነዚ ምስርኣዩ ክልተ ጋንታ ዝኸውን ሰራዊት ኣዋጺኦም፣ ንጋሽ ከእትው ፈቲኖም ነይሮም። "ቱምሳሕ ዝመርሖ ናይ ደባይ ኣሃዱታት ክንምስርት ኢና" እዮም ኢሎም። ቱምሳሕ ናብኡ ምስ ከደ ግን፣ በዓል ተስፋምህረት ቀቲሎሞ። ንጠንቂ ናይቲ ቕትለት ብዝምልከት ብልክዕ ዝፈልጦ እኳ እንተዘይብለይ፣ ከም ግምተይ ሕነ ናይ መልኣከ እዩ ዝመስል። *(ኣብቲ ድሓር ዝቐጸለ ምዕባለታት ተስፋምህረት ምስ በዓል ዓብደላ ርክብ ዘይብሉ፣ ኣብ ከባቢ ጋሽ ከምዞም ናይ ውግእ ጎይቶት (ዎርሎርድ) ኮይኑ በይኑ እዩ ተሪፉ። መርገጺኡ ዚያዳ ናብ ጉጅለ ትያር ዝዛዘወ እዩ ነይሩ። ድሓር ግን ምስ ትያር እውን ተባቲኹ፣ ምስ ሳበ ኮይኑ። ካብ ሳበ ተፈልዩ እውን መሊሱ ምስ ጃስር ኮይኑ። ነዊሕ ጸኒሑ ድማ ምስ ሻዕብያ ርክብ ጀሚሩ። ፈለማ ሻዕብያ ኣይነጸግዎን። ከምዝዝከር ኣብ 2ይ ጉባኤ ሀ.ግ. ጉጅለ ጃስር ወኪል ሰዲዶም ነይሮም እዮም። ጸኒሑ ግን ተስፋምህረት መገዱ ስለዘይቕንዐ ምስ ሻዕብያ ተገራጭዩ። ስጉምቲ ተወሲዱሉ። መዓስከሩ ተደምሲሱ። ኣብቲ መዓስከር ኣሲሩዎም ዝጸንሐ ናይ እንዳ ትያር ኣባላት ተፈቲሖም። ተስፋምህረት ከኣ ኣብ ከባቢ ተከዘ ኮይኑ ክቃወም ኣብ ዝፈተነሉ ተቐቲሉ።)*

ኣብ 1983 ዓብደላ ነቶም ኣብ መዓስከሩ ኣሲሩዎም ዝነበረ መራሕቲን ካድረታትን ፈቲሕዎም። ኣብቲ እዋን'ቲ ሳግም ምስ ሻዕብያ ርክብ ጀሚሮም ነይሮም። ኣባላት ቲያር ድማ ካብ ማእሰርቲ ዓብደላ ምስ ተፈትሑ ብቐጥታ ምስ ሳበ ተጸጊዖም። ቲያር፣ "ንሕና ገስገስቲ ሓይልታት ስለዝኾንና፣ የማናውያን በዓል ዓብደላ የጥቅዑና ስለዘለው፣ ገለ ኣድሓርሓርቲ ሃገራት ዓረብ እውን ኣንጻርና ደው ስለዝበላ፣ ምስ ሳበ ተጸጊዕና ክንጸንሕ መሪጽና" ኢሎም እዮም ኣዊጆም። ድሕሪ ገለ እዋን፣ ሳበ ምስኡ ዝተርፉ ኣትሪፉ፣ ዝእሰር ምስ ኣሰረሎም ካብኡ ወጺኦም። በዚ ተስፋ ቈሪጾም ድማ፣ ክሳብ ኣብ እግሪ ጸላኢ ምስጋድ በጺሖም። ምስ ደርግ ኣብ ከሰላ ርክባት ጀሚሮም። መንግስቲ

ሱዳን ከኣ ምናልባት ነዚ ዝፈለጠ ይመስል፣ ካብ ሳበ ድሕሪ ምፍላዮም ኣሲርዎም ነይሩ እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ካብታ ሃገር ጠሪዝዎም።

ኣብዚ ናይ ዕግርግርን ሕንፍሽፍን መስርሕ'ዚ ብዙሓት ሓለፍቲን ካድረታትን ጀብሃ ተቐቲሎም እዮም። መልኣከ፣ ስዒድ ሳልሕ፣ ወልደዳዊት፣ ሓንገላ፣ ዓብደላ ጸጋይ፣ ወዲ ሓሰብን ካልኦትን። ዝበዝሕ ካብዚ ቅትለታት'ዚ ናይ ዓብደላ ስጉምቲ እዩ ነይሩ። ገሊኡ ድማ ብኻልኦት ዝተፈጸመ ክኸውን ይኽእል።

## 5.3 ዝባኑ ዝቐልዐ ተንበርካኽነት

ጀብሃ ኣብ ሜዳ ኤርትራ እንከላ ዝተቐላቐለ ተንበርካኺ መንፈስ፣ ተበታቲና ሱዳን ድሕሪ ምእታዋ፣ እናዓበየ ብምኻድ ኣብ ዘሕፍር ደረጃ ሕስረት እዩ ኣንቈልቍሉ። ኣብ መፋርቕ 80ታት ድማ፣ ብፍላይ ዓብደላ እድሪስ፣ ተጋዳላይ ጀብሃ ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈለሉ ሃገራዊ ዕላማ ክሒዱ፣ እግሪ ደመኛታት ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ብምስዓም፣ ምስ ስርዓት ደርግ ተኸታታሊ ርክባት ብምክያድ፣ ናብ ሓሙሻይ መስርዕ ተለዊጡ፣ ዝባኑ ቀሊዑ ኣብ ሕሱር ንጥፈታት ዕሱብነትን ሃሱስነትን ክዋፈር ጀሚሩ።

ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ምስ ስርዓት ደርግ ናይ ሓፋራት ርክብ ዝጀመረ ኣብ መፋርቕ 1985 እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ዓሊ እድሪስ ልባብ ዝተባህለ ተጋዳላይ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ድሓር ኣብ ሰራዊት ስርዓት ደርግ ዝተሰለፈ፣ ኣብ ከባቢ ኣቖርደት ኮይኑ፣ ካብ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ተወኪሉ ምስ ዝመጸ መሓመድ ኣደም ሙሳ ርክባት ከምዝጀማመረ፣ ሰነዳት ስርዓት ደርግ የረጋግጽ። ኣብቲ ቀዳማይ ርክብ፣ ካብ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ዝተላእከ መሓመድ ኣደም ሙሳ፣ “ክሳብ ሕጂ ዘካየድናዮ ቃልሲ ፍረ ኣይረኣናሉን። ኣነ ብዝተኻእለኒ መጠን ነቶም ኣብ ሱዳን ዘለው መራሕቲ ጀብሃ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ርክባት ክምስርቱ ከእምኖም ክጽዕር'የ” ኢሉ ከምዝኸደ፣ በዚ ድማ ኣብ መንጎ ስርዓት ደርግን ጉጅለ ዓብደላ እድሪስን ፈላሚ ናይ ርክብ መስመር ከምእተኸፈተ ኣብ ሰነዳት ስርዓት ደርግ ሰፊሩ ይርከብ። እዚ ብታሕተዋይ ወኪል ስርዓት ደርግ ምስ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ዝጀመረ ርክብ እናሰፍሐ ድሕሪ ምኻዱ፣ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ፣ ኣማኻሪ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ዕጀል ዓብዱራሕማን ነቲ ርክባት ከምዝቐጸሎ ይፍለጥ።

ዕጀል ዓብዱራሕማን ናብ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኢሰፓን ጸሓፊ ፓርቲ ኣብ ኤርትራን ዝነበረ ተፈራ ወንዴ ነዚ ኣመልኪቱ ዝሰዶ ዝነበረ መልእኽቲታት ተሰኒዱ ኣሎ። ዕጀል ዓብዱራሕማን ኣብ ሓደ ካብ መልእኽትታቱ፣ ‘ካባይ ዝሕተት ዓቢ ሓላፍነት ብምግንዛብ፣ ንጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ምስ መንግስቲ ንምቅርራብ ክሰርሕ ጸኒሐ። በዚ ከኣ ን5 ለካቲት 1986 ኣብ ከባቢ ኣቖርደት ምስ ዓብደላ እድሪስ ክንራኸብ ተሰማሚዕና ነይርና። እንተኾነ፣ ዓብደላ እድሪስ ክመጽእ ኣይከኣለን። ምስቲ ዝለኣኾ ወኪል ግን ተራኺብና ተመያይጥና” ይብል እሞ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ ባይቶ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ኣኼባ ከምዝነበሮ፣ ስለዚ ድማ እቲ ባይቶ ንሓላፊ ወተሃደራዊ ጎስጓሳትን ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ናይቲ ጉጅለ ሓምድ ማሕሙድ ሓምድ ዓሊ፣ ንዓብደላ እድሪስ ወኪሉ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክራኸብ ስልጣን ከምዝሃቦ መልእኽቲ ዕጀል ዓብዱራሕማን ይሕብር።

ኣብቲ ርክብ ወኪል ዓብደላ እድሪስ ሓምድ ማሕሙድ፣ "ኣብ ጎላጉል ባርካ ን25 ዓመታት ብዘይ ፍረ ዝኾብለልናዮ ይኣኽለና። ካብ ዓሰብ ክሳብ ኦምሓጀር ኣብ እንቈጻጸረሉ ዝነበርና እዋን፣ ሃገርና ናጽነት ክትረክብ እያ ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ ነይሩና። ሕጂ ግን ኣብ ክንዲ ኣብ ቀጻሊ ኲናት ምንባር ምስ ኢትዮጵያ ብሰላምን ብሓባር ምንባር ዝሓሸ ምኳኑ ተረዲኡና ኣሎ። ስለዚ እቲ ቅድም እንጠልቦ ዝነበርና ሕቶ ናጽነት ሕጂ ክንጸቕጠሉ ኣይንደልን። ህዝብና ሰላም ምእንቲ ክረክብ ኣብዚ ሕቶ'ዚ ዝነበረና መርገጺ ከነፍኲሶ ድልዋት ኢና። ናትናን ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያን ቀዳማይ ጸላኢ ሻዕብያ እዩ። ሻዕብያ ንምጥፋእ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክንተሓጋገዝ ድልዋት ኢና። መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ኣድላዪ ደገፍ ክገብረልና ንሓትት" ክምዝበለ ዕጀል ዓብዱራሕማን ኣብቲ ናብ ተፈራ ወንዴ ዝሰደዶ መልእኽቲ ብንጹር ኣስፊርዎ ይርከብ።

እዚ ብወኪል ዓብደላ እድሪስ ምስ ስርዓት ደርግ ኣብ ዝተገብረ ርክብ ዝቐረበ ርእይቶ፣ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ነቲ መበገሲ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሕቶ ሃገራዊ ናጽነትን ብምርጥራጥ፣ ናብ ኢድካ ምሃብን ምኽዳዕን ከምዝበጽሐ ጥራይ ዘይኮነ፣ ካብ ዝኸሓነ ጽልኢን ቅርሕንቲን ተበጊሱ፣ መሳርሒ ጸላኢ ኮይኑ ኲናት ሓድሕድ ክውልዕ ከምእተዓጥቀ ዘረድእ እዩ።

መልእኽቲ ዕጀል ዓብዱራሕማን ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ካብ ኢትዮጵያ ዝደልዮ ደገፍ፣ ኣጽዋር፣ ስንቂን መድሃኒትን ምዃኑ ብምሕባር፣ እቲ ጉጅለ ኣብ ከባቢ ከርከበትን ሂምቦልን ደጀን ዝኾና ቦታ ኣብ ምርካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክተሓባበሮ ምሕታቱ ይገልጽ። ዕጀል ዓብዱራሕማን ኣስዒቡ፣ "ካብቲ ዝገበርናዮ ዝርርብ፣ ጀብሃ ምስ መንግስቲ ንምትሕግጋዝ፣ ንኹሉ ሽግራት ብሰላም ንምፍታሕን ንሻዕብያ ንምጥፋእን ድልው ምህላው ኢና ተረዲእና። ስለዚ እቲ ጠሊቦሞ ዘለው ሓገዝ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ እንተተዋህቦም ጽቡቕ እዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ" ይብል። ድሕሪ'ዚ ርክብ'ዚ፣ ከም መተኣማመኒ ናይቲ ኣብ መንጎ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስን ስርዓት ደርግን፣ ካብ ቀዳማይ ጸሓፊ ኢሰፓ ኣብ ከረን ሙሴ በኺት፣ ብመገዲ መሓመድ ኣደም ሙሳ፣ ንጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ብኣማኢት ዝቝጸር ቦምባታት ኢድን ኣርፒጂን፣ ኣስታት 15,000 ጠያይት ካላሽንን ኤም-14ን፣ 275 ፈኲስቲ ብረታትን ሸጓጉጥን ምስ ዕጥቁን ብራሾታቱን፣ ፒ-33 ሬድዮታት ርክብ፣ 250 ባኮ ባተሪ፣ 150 ኩንታል ሽኮር፣ 10 ጽዕነት ኣግማል ዝተፈላለየ ዓይነት መድሃኒት፣ 100 ኩንታል ሓርጭ ፊኖ፣ 4 ካርቶን ቆጽሊ ሻሂ ከምእተዋህበ ሰነዳት ስርዓት ደርግ የረጋግጽ። ነዚ ንብረት'ዚ ንምርኽኻብ መሓመድ ኣደም ሙሳ ሓደ ግዜ ምስ ዓብደላ እድሪስ ከረን ኣትዮም ከምዝነበሩ እውን ይሕብር።

እቲ ኣብ መንጎ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስን ወከልቲ ስርዓት ደርግን ዝካየድ ዝነበረ ርክብ "ፍሉይ ፕሮጀክት ኣውራጃታት ጋሽን ባርካን" ተባሂሉ እዩ ኣብ ሰነዳት ጸላኢ ዝምዝገብ ነይሩ። ሓላፊ ናይዚ ፕሮጀክት'ዚ፣ "ንኩነታት ጉጅለታት ጀብሃ ዝምልከት ሓበሬታ" ብዝብል ኣርእስቲ፣ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኢሰፓ ብቐጻሊ ጸብጻባት የቕርብ ነበረ። ስርዓት ደርግ ምስ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ዝግበር ርክባት ብምሕያል፣ ንሰውራ ኤርትራ ዝገማምዕ ኩነት ክፈጥር ልዑል ድሌት እዩ ነይሩዎ። ኣብ ከረን ሓላፊ ክፍሊ ስለያ ኢትዮጵያ ዝነበረ ጣናው ተፈሪ፣ ናብ ሓላፊ ድህንነትን ስለያን ኣብ ኤርትራ ሻለቃ ግዛው ተፈሪ ዝለኣኾ ምስጢራዊ ጸብጻብ፣ ዓብደላ እድሪስ ኣስመራ በጺሑ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከምእተራኸበ፣ ኣብዚ ርክብ'ዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኹሉ ጠለባት ከማልኣሎም ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐ፣ ዓብደላ እድሪስ ብወገኑ ነቲ

ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተዋህቦ ዕማም ክፍጽም ድልው ምኳኑ ብምርግጋጽ፣ ሓደ ናይ መራኸቢ መስመር ተኸፊቱ፣ መዓልታዊ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ክህሉ ከምእተሰማምዐ ይገልጽ።

ኣብ ታሕሳስ 1988 ሻለቃ ግዛው ተፈሪ፣ ናብ ሓላፊ ድህንነትን ስለያን ኢትዮጵያ ጀነራል ተስፋይ ወልደስላሰ ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ፣ ጀነራል ረጋሳ ጂማ ንወኪል ዓብደላ እድሪስ ሓምድ ኣድም ገብራይ ኣብ ኣቌርደት መምርሒታት ስራሕ ገዲፉሉ ከምዝኸደ ይሕብር። ረጋሳ ጂማ ዝገደፎ መምርሒታት፣ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ፣ "ንዕለታዊ ምንቅስቓስ ሰራዊት ህ.ግ. ዝምልከት ሓበሬታታት ብቐጻሊ ናብ መንግስቲ ከቕርብ፣ ኣብ መስመራት መጓዓዝያ ህ.ግ. ፈንጂታት ዝቐብሩ ሰባት ክምልምል፣ ንኣሸቱ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንምክያድ ዘኽእሎ ዓቕሚ ሰብ ከዳሉ፣ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ. ናብ ዝርከቡ እስላም መልእኽቲታት እናሰደደ ኢዶም ንሰራዊት ኢትዮጵያ ክህቡ ከተባብዕ" ዝብል እቲ ጉጅለ ኣብ ሃሱሳዊ ንጥፈታት ክዋፈር ዝእዝዝ ነጥቢታት ይርከቦ።

ኣብ ግንቦት 1989 ካብ ሰልፊን መንግስቲን ስርዓት ደርግ ዝተላእኩ ወኪላት ኣብ ካርቱም ምስ ዓብደላ እድሪስ ተራኺቦም ስምምዕ ከምዝፈረሙ ዝገልጽ ሰነድ እውን ኣሎ። እቲ ስምምዕ ዓብደላ እድሪስ ራስ ገዝ (ርእሰ-ምምሕዳር) ከምእተቐበለ የነጽር። ኣብ ሕዳር 1989 እውን ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ምስ ስርዓት ደርግ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተራኺቡ ምንባሩ ዝገልጽ ወግዓዊ ሰነዳት ኣሎ።

ብወገናዊን ተጻባኢን መስመሩ ንጀብሃ ኣብ ምብትታን ብምውዳቑ፣ ንሰውራ ኤርትራ ዓቢ ሃስያ ዘውረደሉ ዓብደላ እድሪስ እምበኣር፣ መወዳእታኡ ብዘሕፍር መልክዕ ኣብ እግሪ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ደኒኑ፣ መጋበርያ ኮይኑ፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ንምሕንኳል ዝከኣሎ ጻዕርታት ኣካይዱ እዩ። ክሰልጦ ግን ኣይከኣለን።

# 6. ወዲ ተላ'ኸ እንታይ ኮነ?

ኣቐዲሙ ከምእተጠቕሰ ሕሩይ ተድላ ኣብ ጀብሃ ግምት ዝህቦ ሰብ ስኢኑ፣ ተስፋ ቈሪጹ፣ ንወጻኢ ምስ ከደ ኣይተመልሰን። ኣብ 1979 ከኣ፣ ነተን ሰነዳት ናይ ለበር ፓርቲ ሒዙ ንባቕዳድ ከይዱ። "ከምዚ ዝዓይነቱ ፕሮግራም ዘለዎ ውድብ ኣሎ" ኢሉ ድማ፣ በተን ሰነዳት፣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዲናር ከምዝተቐበለ ይፍለጥ። በቲ ግዜቲ ብዙሕ ገንዘብ እዩ። ንሰን ሒዙ ናብ ካርቱም መጺኡ። በተን ገንዘብ ዝሰርሖ ፖለቲካ ግን ኣይነበረን። ምስ ኣዕሩኽቱ ኣብ ሰግሬቶታት እዩ ዝውዕል ነይሩ። ኣብ መስተን ካልእ ዕውልናን እዩ ኣጥፊኡወን። ነዚ ኣነዋሪ ተግባር ምስ ፈለጠ፣ ለበር ፓርቲ ንወዲ ተላ ንሞት እዩ ፈሪድዎ። እተን ገንዘብ ምስተወድኣ ድማ ወዲ ተላ ንስዊድን ኣምሪሑ።

ጀብሃ ኣብ 1981 ፋሕፋሕ ኢላ ሱዳን ምስኣተወት፣ ወዲ ተላ ኩነታት ንምፍላጥ ናብ ሱዳን መጺኡ ነይሩ። ምስ ምብትታን ጀብሃ ድማ፣ እቶም ተኣሲሮም ዝነብሩ ማጉ ተባሂሎም ዝፍለጡ ውሑዳት ጉጅለ ስለዝተፈትሑ ክረኽቦም ፈቲኑ። ንሳቶም ግን ኣይተቐበልዎን። ምስኡ ብቐጥታ ኣብ ጎንጺ እዮም ኣትዮም። ካብቶም ኣብ ሱዳን ዝጸንሕዎ ተጋደልቲ ሚዛን ሂቡ ዝሰዕቦ ሰብ ኣይረኸበን። ሽዑ ከምቲ ኣመሉ ሓደ ወረቐት ጽሒፉ። ኣብ ኤርትራ "ዕርቂ ናይ ማሕበረ-ሃይማኖታዊ ጉጅለታት የድሊ ኣሎ"

ዝብል ብዙሕ ሃለውለው ዝሓዘ ጽሑፍ ዘርጊሑ። ትሕዝቶኡ፣ "ኤርትራ ክልተ ማሕበረ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት እዩ ዘለዋ። እስላምን ክርስትያንን። ስለዚ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዕርቂ ክግበር ኣለዎ" ዝዓይነቱ ዘይብሱልን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይብሉን ትንታነ እዩ። ሕሩይ ብዓንተቦኡ ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ኤርትራ ጥምዓዊ እዩ። ሕብረተሰብ ኤርትራ ናይ ብሓቂ እንታይ ይመስል? እንታይ'ዩ ስምዒቱ ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን። ከም ኩሉ'ቲ ዝሓለፈ ሃለውለዋቱ ድማ፣ እቲ ሽዑ ዝዘርግሖ ጽሑፍ እውን ተገዲሱ ዘንብቦ ኣይረኸበን።

ድሕሪ'ዚ ወዲ ተላ ምስ ልጅና ሰውርያ ኪዳን ክገብር ፈቲኑ ነይሩ። ኣብኡ እውን ኣይሰለጦን። ኩሉ ጠንጢኑ ድማ ንስዊድኑ ተመሊሱ። ካብኡ ንድሓር ካብ ፖለቲካ ዓለም ጠቕሊሉ ተፋንዩ ይኸውን ዝብል ትጽቢት እዩ ነይሩ። ብዙሕ ክንቀሳቐስ ኣይተራእየን። ኣብ 1988 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንናደው እዝ ድሕሪ ምድምሳሱ ግን፣ ኣጽቂጡ ዝነበረ ሕሩይ "ናጽነት ቀሪባ እያ" ግዲ ኢሉ፣ ዳግም ናብ መድረኽ ፖለቲካ ተቐልቂሉ። ናጽነት ምስ ተረጋገጸ ገለ ስልጣን እንተረኸብኩ ኢሉ፣ "ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (ኢ.ዲ.ኤም) ናይ ዝብሃል ውድብ መራሒ እየ" ክብል ጀሚሩ። ሰለስተ ኣርባዕተ ዝኾኑ ሰባት ሒዙ ምስ ሻዕብያ ርክባት ጀሚሩ። ሰሚናራት ዓዲሙ ድማ፣ "ኣብዚ እዋን'ዚ ኩሉ ሃገራዊ ንሻዕብያ ክድግፍ ኣለዎ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ክሓብር ኣለዎ" ዝብል ካልእ ሓድሽ ሃለውለው ኣምጺኡ። ሻዕብያ እውን ኣይነጸገቶን፣ ምስ ሰለስተ ኣርባዕተ ዝኾኑ ኣባላቱ ከም ፖለቲካዊ ጉጅለ ተቐቢላቶ። ነዊሕ ከይጸንሐ ከኣ፣ "ኢ.ዲ.ኤም ምስ ሻዕብያ ተጸንቢሩ" ዝብል ወረ ተሰሚዑ። ንወዲ ተላ ፖለቲካ ጸወታ እዩ፣ ንግዲ እዩ፣ ካልእ ካብኡ ንላዕሊ ዝኸይድ ዕላማ የብሉን።

ሕሩይ እቶም ውሑዳት ሰዓብቱ ሒዙ ምስ ሻዕብያ ምስ ተጸንበረ እውን እንተኾነ ካብቲ ሕልማዊ ዓለሙ ኣይተናገፈን። እቲ ዘገርም ኣብ ሻዕብያ ምጽእ ምስ በለ ንመራሕቲ ህ.ግ.፣ "ብስመይ ነዞም ምሊሻ ስርናይ ብመገዲ ድምጺ ሓፋሽ ጻውዒት ክገብረሎም" ኢሉ ሓቲትዎም። "ወዲ ተድላ ባይሩ ምስ ሻዕብያ ኣሎ እንተሰሚዖም፣ ኩሎም ንጸላኢ ራሕሪሖም ናብ ሻዕብያ ክመጹ እዮም" ዝብል ሕልሚ እዩ ሓሊሙ።

ድሕሪ ናጽነት፣ ሕሩይ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ዝኾነ ንጥፈት ኣይነበሮን። ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ግን ነይሩ። ከም ቀደሙ ኣብ መስተ ተኣሊኹ ካብ ምውዓል ሓሊፉ ግዳ ዘበርከቶ ስራሕ ኣይነበረን። ጸኒሑ ንግዲ ፈቲኑ። ንሓደ ሱዳናዊ ድማ፣ "ብሓባር ፋብሪካ ነቑም" ኢሉ ብዙሕ ገንዘብ ኣደናጊርዎ። እዚ ሱዳናዊ ቅድም ካብቶም ጸጋማውያን ሓይልታት ናይ ሱዳን ኮይኑ ኣብ ፖለቲካ ዝነጥፍ ዝነበረ ሰብ እዩ። ብኡ እዮም ተላልዮም። ሕሩይ ኣብ ካርቱም ኣብ ገዛኦም እዩ ዝድቅስ ነይሩ። ስድራቤቱ ይፈልጡዎ፣ ይፈልጥዎ፣ ጽቡቕ ዝምድና እዩ ነይሩዎም። እቶም ገዛ ርኹባት እዮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሱዳንን ግብጺን ፋብሪካታት ነይሩዎም። እቲ ሱዳናዊ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ክገብር ይደሊ ስለዝነበረ ናብ ኣስመራ ምስ መጸ ንሕሩይ ረኺብዎ። ሓሳቡ ምስ ኣካፈሎ ድማ፣ ሕሩይ ብሓንሳብ ኳንና ንስራሕ ኢሉዎ። ሕሩይ ገንዘብ ኣይነበሮን። እቲ ሱዳናዊ ከኣ ብእምነት ገንዘቡ ኣፍሲሱ። ወዲ ተላ ወኪል ኮይኑ ሳንቲም ከይሓወሰ ብገንዘብ ናይቲ ሱዳናዊ ከመይ ዝበለ ፋብሪካ ኣስሪሑ። ድሓር ኣብ መወዳእታ ነቲ ሱዳናዊ ጠሊሙ፣ "እቲ ፋብሪካ ናይ በይነይ" ኢሉ ሞጒትዎ። ክንደይ ወጠጥ ተፈጢሩ። ኣብ ቤትፍርዲ ኵለል ኮይኑ። እቲ ፋብሪካ ብኡ ኣቢሉ ዋላሓንቲ ከይሰርሐ ደስኪሉ ተሪፉ።

ድሕሪኡ፣ ሕሩይ ናብታ ክጽገም እንከሎ መዕቈቢቱ ዝኾነት ስዊድን ተመሊሱ ነይሩ። ቅሩብ ምስ ጸንሐ ግን፣ ኣብ 2000 ዓ.ም. ካልእ ዝምዝመዝ ዕድል ተኸሲትሉ። ምስቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ዝኣወጀ ወያነ ገለ መኸሰብ እንተረኸበ ኢሉ ርክባት ጀሚሩ። ወያነ ንወዲ ተላ ከም ሰብ ክትመዝኖ ዘጸግማ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ወዲ ተላ፣ ሚዛን ዘይብሉ ሰብ ምዃኑ ክትፈልጦ ግዜ ዝወስድ ኣይኮነን። መራሕቲ ወያነ ግን ኣንጻር ሻዕብያ ዝጉስጉሰሎም ዝኾነ ብገንዘብ ክዕደግን ክዕዘብን ዝኽእል ኤርትራዊ ይደልዩ ስለዝነበሩ ተቐቢሎሞ። ኣጋጣይዎም ክበሃል ኣይከኣልን። “ወዲ ተድላ ባይሩ እዩ እሞ፣ ኮን ዶኾን ንገለ ሰባት ይጸሉ” ኢሎም ሓሲቦም ይኾኑ። ሕሩይ ከኣ ገንዘብ እዩ ዘገድሶ። ካልእ ዘገድሶ ነገር የለን። ኣብ ሓደ ቃለ-መጠይቕ፣ “21 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ እንተረኺብና ንመንግስቲ ሻዕብያ ክንዓልዎ ንኽእል ኢና” ክብል ተሰሚዑ። በቃ ንመንግስቲ ኤርትራ ክንድኡ ተሚንዎ። ቅድሚ ወዲ ተላ እውን እቶም ካልኦት ጉጅለታት ተረፍ መረፍ ጀብሃ ምስ ወያነ ርክባት ጀሚሮም ነይሮም እዮም። ኩሎም’ቶም ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ነድዮም ዝተረፉ ጉጅለታት፣ ኣብ ኣዲስኣበባ ተራኺቦም። ሕሩይን ዓብደላን ዳግም ተራኺቦም። “ሓድሽ ኪዳን መስሪትና” ድማ ኢሎም። ሓዲኦም ኣቦመንበር ሓዲኦም ጸሓፊ ኮይኖም። ዓመት ኣይጸንሑን፣ ንሕሩይ ጉሒፎሞ። በዚ ተሰፋ ምስ ቈረጸ፣ ካልእ ሃለውለው ትንታነ ኣምጺኡ። “ናይ ዓዲ ስትራተጂ ዝበሃል፣ ሓድሽ ፖለቲካዊ ምህዞ ፈጢረ ኣለኹ፣ ናብ ዓዲ ናብቲ መበቈላዊ ምሕደራና ክንምለስ ኣለና” ክብል ተሰሚዑ።

# 7. ደርፌ ወልዴሱስ ዓማር

እዞም ዕምሮም ምሉእ ኣብ ደምበ ክድዓትን ዕሱብነትን ዘባኸኑ ሕጂ ድማ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ወዛሕዛሕ ክብሉ እንርእዮም ዘሎና ሰባት ሓደ ብሓደ እንድሕሪ ርኢናዮም ድሕረ-ባይታኦም ተመሳሳሊ እዩ። ናይ ንድየት፣ ፍሽለት፣ ስዕረት፣ ተንበርካኽነት፣ ወገንነት ታሪኽ ዘለዎም፣ ኮታ ኣሎ ዝበሃል ናይ ፖለቲካ ሕስረት ዝተሰከሙ ሰባት እዮም። ካብ ዓብደላን ወዲ ተላን ቅሩብ ፍልይ ዝበለ ወልዴሱስ ዓማር እዩ። ሕጂ ናይ ሓደ ጉጅለ ኣቦ-መንበር እየ ዝብል ዘሎ እዩ። ወልዴሱስ ዓማር፣ ስዩም፣ ወልደዳዊት ዳርጋ ሓደ እዩ ባህርያቶም። ዝፈላለዩ ዓይነት ኣይኮኑን። ከምዚ ብፍላጥ ኣብተን ጉጅለታት ፋሕ ዝበሉ እዮም ዝመስሉ እምበር ብዙሕ ፍሉይነት ዘለዎም ኣይኮኑን። ወልደዳዊት ምስ እንዳ ዓብደላ እዩ ነይሩ። ድሕር በታ ጉጅለ ናይ ዓብደላ ኣብ ከሰላ ተቐቲሉ። ስዩም ድማ ኣብ ጉጅለ ቲያር ነይሩ።

ወልዴሱስ ዓማር ምሉእ ዕድመኡ ብኢሳይያስ ኣፈወርቂ እናተዛረበ ዝሕለፎ ሰብ እዩ። ቀጻሊ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ክትዛረብን ብእኡ ክትሓስብን ሕማም እምበር ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። ወልዴሱስ “ንኢሳይያስ ኣብ ጀብሃ ዝወደክብዎ ኣነ እየ” በሃላይ እዩ። “ብሓንሳብ ተማሂሮ ከለና ኣነ ወዲ ኸረን ስለዝነበርኩ ምስ ጀብሃ ምትእስሳር ስለዝነበረኒ ባዕለይ እየ ወዲበዮ” ትብል መዝሙሩ ምሉእ ዕድመኡ ዘሚሩዋ። ገለ ካብቲ ዕላላቱ፣ “ምስ ኢሳይያስ መማህርቲ ከለና፣ ሚኪኤል ጋብር ዝበሃል መማህርትና ነይሩ። ኢሳያይስ ንሜዳ ኣብ ዝወጸሉ ግዜ ሚኪኤል ጋብር ሓደ ትንቢት ተነብዩ ነይሩ። እዚ ወዲ'ዚ (ኢሳይያስ ማለቱ'ዩ) ወይ ንጀብሃ ክመቕላ እዩ፣ ወይ ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሱ ክኣቱ እዩ ኢሉ ነይሩ። ከምታ ዝበላ ድማ ንጀብሃ ገማሚዕዋ” ይብል ዛንታ ወልዴሱስ

ዓማር። ሕሉፍ ሓሊፉ ወልዴሱስ ዓማር ነዚ ሃለውለው ዛንታኡ'ዚ፣ ንMA ኣብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ኣስፊሩዎ ኣሎ።

እቲ ዘገርም ኢሳይያስ ንሜዳ ክወጽእ ከሎ ወልዴሱስ ዓማር ኣይወጸን። ንነብሱ ግን ከም ንኢስይያስ ናብ ሜዳ ዘሰለፈ ገዲም ተጋዳላይ እዩ ዝወስዳ። እዞም ኩሎም መማህርቱ፣ ንሜዳ ክወጹ ከለው፣ ወልዴሱስ ትምህርቱ ወዲኡ ኣብ ጋዜጣ Ethiopian Herald እዩ ስራሕ ጀሚሩ። ኣብቲ ገድላዊ ታሪኹ፣ ንሜዳ ዘይመውጽኢኡ ምኽንያት፣ ምስ ጸገም ጥዕና ዝተኣሳሰረ ምኳኑ ዝገልጽ ርእሱ ዝኸኣለ ሃለውለው ዛንታ ኣለዎ። ኣብ 1976 ናብ ጀብሃ ክመጽእ ከሎ እውን ክጋደል ኢሉ ኣይመጸን። ንወጻኢ ክሓልፍ ኢሉ እዩ መጺኡ። ግን ጀብሃ "ጋዜጠኛ እዩ፣ ክእለት ናይ እንግሊዝ ኣለዎ" ኢላ፣ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝነበረ ቤት ጽሕፈታ ኣብ በይሩት መዲባቶ። ሓደ ካብ ድኻማት ጀብሃ ከምዚ ዓይነት ኣመዳድባ እዩ ነይሩ። ንፍሉጣት ሰባት ወይ ደቂ ዓበይቲ እትብሎም ብኽፍሊ ታዕሊም፣ ብመሳርዕ ከይሓለፉ፣ ኣብ ናይ ሓላፍነት ቦታ እያ ተቐምጦም ነይራ። እዚ ድማ ነቶም ሰባት የጋግዮም። ብዛዕባ ነብሶም ዝተጋነነ መረዳእታ ከምዝሕዙ ይገብሮም። ወልዴሱስ ዓማር ውጽኢት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ግጉይ ኣሰራርሓ እዩ።

ወልዴሱስ ኣብ ግዜ ኩናት ሓድሕድ፣ ኣንጻር ኢሳይያስ ብዙሕ ትንታነታት ዝጸሓፈ ሰብ እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ ንኣተዓባብያ ኢሳያይስ እናጠቐሰ ብዛዕባ ኢሳይያስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ትንታነት ይገብር ነይሩ። "ኢሳይያስ ኣተዓባብያኡ በዲልዎ እዩ፣ ኣንጻር እስላም፣ ኣንጻር ዓረብ ጽልኢ ከምዘሕድር ገይሩዎ'ዩ" ዝብል ጽሑፋት እዩ ዝዝርግሕ ነይሩ። ቀጻሊ ብዛዕባ ኢሳይያስ እዩ ዝዛረብን ዝጽሕፍን። ካልእ ኣርእስቲ የብሉን። ጸማም ሓደ ደርፉ ከምዝበሃል፣ ክሳብ ሕጂ እታ ፍልጥቲ ደርፉ ንሳ እያ። ወልዴሱስ ዓማር፣ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ቴለቪዥን ኢትዮጵያ ቀሪቡ ቃለ-መጠይቕ ክገብር ከሎ፣ "47 ዓመት እየ ተጋዲለ" ክብል ተሰሚዑ። እቲ ዝፈልጦ ሰብ ስሒቑ። እቲ ዘይፈልጦ ግን ተገሪሙ ይኸውን። ወልዴሱስ፣ ኣብ ሜዳ ንሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ከምዘይተጋደለ፣ ብሜዳ ጥራይ ከምዝሓለፈ ኩልና ተጋደልቲ ጀብሃ ንፈልጦ ኢና። ጀብሃ ምስተበተነት ከኣ፣ "ኣባል ቲያር እየ" ይብል እምበር፣ ሰራሕተኛ ናይ UNHCR እዩ ነይሩ። ምሉእ ዕድመኡ ንፖለቲካ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ጥራይ እዩ ዝነጥፈሉ ነይሩ። ንሱ እውን ውልቃዊ ጥቕሚ ንምርካብ። ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ህዝባዊ ቃልሲ ዘበርከቶ ግደ ኣይነበሮን። ግን ንነብሱ ብረታዊ ቃልሲ ጅምር ካብ ዘብል ኣትሒዙ ከምእተጋደለ እዩ ዝኣምን። ክሳብ ሕጂ ድማ ዋላ ናጽነት መጺኣ ከላ "ንናጽነት ይጋደል ኣለኹ" ይብለና ኣሎ።

## 8. እናሓደራ ዝጫጭሓ ጉጅለታት

እዞም "ተቓወምቲ ኢና" ዝብሉ ዘለው ወገናት፣ ካበይ ዝመጹ እዮም? እንታይ ስለዝኾኑ እዮም ዝቃወሙ ዘለው? ንዝብል ሕቶ እምበኣር፣ እዚ ዝዘርዘርክዎ ድሕረ-ባይታኦም ጽቡቕ ገይሩ ዝምልሶ እዩ። ኣመጻጽኣ ናይተን ዘቼምወን ኣብ ፖለቲካዊ ንግዲ ዝነጥፉ ዘለዋ ጉጅለታት ክትጸውየሉ እንተፈተንካ መትሓዚ የብሉን። ደቂቕ ዝርዝራቱ ገዲፍና ግን ንምጥቕላል ብኸምዚ ዝስዕብ ክንገልጾ ንኽእል።

ኣብ 1976 ዑስማን ሳልሕ ሳበ፣ ካብ ሻዕብያ ምስ ተፈልየ ናቱ ውድብ ኣቘሙ። ኣንጻር ሻዕብያ ድማ ምስ ጀብሃ ኪዳን ክምስርት ፈታቲኑ። ኣብ 1978፣ ጀብሃ ኣብ ልዕሊ ሳበ ስጉምቲ ወሲዳ። ደፊኣ ንሱዳን ኣእትያቶ። ብድሕሪኡ ሳበ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። ካብኡ እንዳ ዓጂብ ዝበሃሉ መሰረቶም ዑበል ደቂ በንዓምር ወጺኦም፣ “ልጅና ሰውርያ” ተባሂሎም፣ ናይ በዓስ ጽልዋ ዝነበራ ውድብ ፈጢሮም። ኣብ ከሰላ ቤት ጽሕፈት ከፊቶም ድማ ካብ ባቕዳድ ክምወሉ ጀሚሮም። እንተድኣ ካብ ባቕዳድ ገንዘብ ደንጉዩዎም ጸጥ እዮም ዝብሉ። እንድሕሪ ናይ ባቕዳድ ገንዘብ መጺኣን ድማ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ብዙሕ ናይ መካይን ምንቅስቓሳት ይርአ። ሳበ ድማ ከምኦም በቲ ፍሉጥ ወገናዊን ሃይማኖታዊን ፖለቲካኡ ገንዘብ ምምእራር ቀጺሉ። “ኣብ ሱዳን ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዘገልግል ቤት ትምህርቲ፣ ሕክምና፣ ናይ ረድኤት ትካል” ኣለኒ እናበለ ካብ ሱዕድያን ገለ ናይ ኸሊጅ ሃገራትን ቅሩብ ቅሩብ ሓገዛት እናረኸበ ፖለቲካዊ ንግዱ የካይድ ነይሩ። እዚኦምን ካብኦምን ዝፈረዩ ጉጅለታትን ሓደ ደምበ እዮም።

ጀብሃ ኣብ ኵናት ሓድሕድ 1981 ተሳዒራ፣ ሱዳን ምስ ኣተወት፣ ብኡ ንብኡ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት እያ ተመቒላ። ሳግም ንሜዳ ስለዝተመልሰ ካብቲ ዝቐጸለ ሓሸውየ ወጺኡ፣ ኣብ ሃገራዊ መስመሩ ኣትዩ። ቲያርን እንዳ ዓብደላን ተሪፎም። ኣብ መንጎ'ዚ መስርሕ'ዚ ስሉሳዊ ሓድነት ጌርካ፣ ንሻዕብያ ዝወዳደር ሓይሊ ንምፍጣር ብስዑድያ ዝተፈታተነ ሃይማኖታዊ ዕላማታት ዝሓዘ ጻዕርታት ተኻይዱ ነይሩ። ጸጥታ ናይ ሱዳን እውን ኢድ ነይሩዎም። ግን ኣይሰርሐን። ቲያር ናብ ሳበ ኣትዮም እንደገና ድሕሪ ሓደ ዓመት፣ ገለ ካብ ኣባላቶም ኣብ እንዳ ሳበ ኣትሪፎም ተፈልዮም። እቲ ምስ ሳበ ዝተረፈ ጉጅለ ንባዕሉ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። እንዳ ጃስርን ሳበን ተባሂሎም። ጉጅለ እንዳ ዓብደላ እውን ንባዕሉ ተመቓቒሉ። ሓደስቲ ጉጅለታት እናፈጠርካ፣ ኣብ ባቕዳድ፣ ደማስቆ፣ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ እናዘርካ ገንዘብ ምምእራር ድማ ልሙድ ፖለቲካዊ ንግዲ ኮይኑ። ጀብሃ ዓባይ ዘፍረየተን ትካላት ፖለቲካዊ ንግዲ እናበርከታ ከይደን። ከምዚ እናበላ ድማ ኣብ መፋርቕ 1980ታት 14 ወይ 15 ጉጅለታት በጺሐን ነይረን። እዘን ናይ ሕጂ ጉጅለታት ከኣ፣ መቐጸልታአን ኮይነን ብዝሐን ናብ 60 ተገማጊመን ኣለዋ።

ዳርጋ መብዛሕትአን እዘን ሕጂ ተቓወምቲ ኢና ዝብላ ጉጅለታት እምበኣር፣ ሰራውረን ሰውራ ኤርትራ እዩ። ኣብ ስውራ ኤርትራ ብሰንኪ ጉድለት ብቕዓትን ካልእ ግዕዘያቶምን ነድዮም ብዝተረፉ ባእታታት ዝተጠፍጠፉ እየን። ኣብኡ ዘይነበሩ ገለ ውሑዳት ምስአን ዝኣተው ክህልዉ ይኽእሉ ይኾኑ። መብዛሕትኦም ግን ካብዚ ዘሕፍር ናይ ንድየት ፖለቲካ'ዚ ዝተፈጥሩ እዮም። እንተ ኣብ ቲያር፣ እንተ ኣብ ጉጅለ ዓብደላ፣ እንተ ኣብ ካልእ ክፋል ናይ ጀብሃን እንዳ ሳበን ዝነበሩ እዮም። በዓል ዶክተር ሃብተ፣ ተስፋይ ደጊጋ ናይ ጀብሃ ካድረታት ዝነበሩ እዮም። ዮሃንስ ዘርእማርያም ኣብ ሮማ ቤት ጽሕፈት ጀብሃ ክሳብ 10 ሺሕ ዶላር ወርሓዊ ባጀት እናፈሰሰሉ፣ ብልዑል ሕንቃቐ ኣብ ሆቴል እናተቐመጠ፣ ወኪል ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ እዩ። መቸስ ኣብ ጀብሃ ይኹን ኣብ እንዳ ሳበ፣ ኦዲት ከይተገብረ ዝጠፍአ ዝነበረ ገንዘብ ብሚልዮናት ዝግመት እዩ። እዚ ሕጂ ብማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ክዛረብ እንሰምዖ መንግስትኣብ ኣስመሮም፣ ንኣብነት እንዳ ቲያር እዩ ነይሩ። ሃንጀማ ዝበሃል እውን ኣሎ። ቅድም ኣብ ጀብሃ ሓኪም ጋንታ ዝነበረ። ድሓር ወያነ ኣብ ውግእ በለሳ ዝማረኾቶ። ኣእሚና ተጋዳላይ ናታ ገይራቶ ነይራ። ክሳብ 1990 ድማ ተጋዳላይ ወያነ እዩ ነይሩ። ድሓር ኣብ 1990 ኣብ ድምሓኤ ኣትዩ። ተወልደን ኣማኑኤል መንግስቱን ዝብልዎም እውን ኣለው። ተወልደ ሕጂ ኣቦ መንበር ናይ ሓንቲ ጉጅለ ገይሮሞ ኣለው። ምስኡ ካልእ

ዓብደላ ዝበሃል እውን ኣሎ። እዚኣቶም ኣብ 1985 ካብ ሳግም ተፈልዮም ናብ ወያነ ዝኸዱ እዮም። እቶም ካብ ሳግም ዝተፈልዩ፣ ናብ ወያነ ምስኣተው ከም ባክተርያ ተራቢሖም ኣብ ክልተ ሰለስተ ጉጅለታት ተመቓቒሎም እዮም። ኣብዚ መወዳእታ እዋን ከኣ፣ ካብ መሪሕነት ህ.ግ. ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኲርዮም ዝኾብለሉ ከም በዓል መስፍን ሓጎስ፣ ኣድሓኖምን ገብረማርያምን ዓብደላ ኣደምን ዝኣመሰሉ ተወሲኾሞም ይርከቡ።

ዓብደላ እድሪስ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብጽኑዕ ሓሚሙ ዓራት ሒዙ እዩ ዝርከብ። ኣብ ዓራት እንከሎ ግን ኣቦመንበር ናይ ሓንቲ ውድብ እዩ ዘሎ። ሑሴን ከሊፋ ምስኡ ኣሎ። እንዳ ቲያር ድሕሪ ኣኼባ ጎንደር እንደገና ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቒሎም እዮም። በዓል ስዩምን ኣሕመድ ናስርን። ዶክተር በየነ ናይ በዓል ኣሕመድ ናስር እዩ። ጸኒሑ ዓብደላ ኣደም ምስኦም ኣትዩ። ንነብሶም ካብዚ ረሳሕ ናይ ምክፍፋል ፖለቲካ ዘየድሓኑ "ሃገራዊ ድሕነት" እትብሃል ጉጅለ ኣቑሞም። ኣየነይቲ ጉጅለ ካበይ ወጺኣ፣ ምስ መን ተሓዊሳ፣ ድሓር ከመይ ተፈንጪላ ክትስእሎ እንተፈቲንካ ኣዝዩ ዘገርም ስእሊ እዩ ዝህበካ። መወዳእታ ዘይብሉ ሕልኽላኽ ሓረግ እዩ። ንኣብነት ቲያር ጥራይ እንተወሰድና፣ ካብ ጀብሃ ምስ ወጹ ኣብ ሳበ ኣትዮም። ካብ ሳበ ወጺኦም፣ ቀጺሎም ድሕሪ ናይ ጎንደር ኣኼባ ኣብ ክልተ ተመቒሎም። ጸኒሖም ምስ በዓል ዓብደላ ኣደም ተራኺቦም። ሃንጀማ እውን ምስኦም ኣትዩ። በዓል ዓብደላ እድሪስ እውን ከምኡ፣ ኣብ ናይ ጅዳ ስምምዕ ኣብቲ ስሉሳዊ ሓድነት ዝበሃል ኣትዮም። ካብኡ መሊሶም ተፈንጪሎም። ዓብደላ ወጺኡ። ገሊኦም ኣብኡ ተሪፎም ስሙር ውድብ ተባሂሎም። እንዳ ጀላኒ ድማ ኣብ ክልተ ተመቒሎም። ሳበ ንባዕሉ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። በቃ! ፖለቲካዊ ንድየትን ጥፍሽናን ዝፈጠሮ መስርሕ ምርባሕ ጉጅለታት መወዳእታ ዘይብሉ እዩ ኮይኑ።

እዚ ናይ ምምቕቓል መስርሕ እናኸደ ወዲ ተላ እውን መስሓቕ ቲያትሩ ኣየቋረጸን። ሓደ እዋን "ንሸውዓተ ጉጅለታት ኣስሚረ" ኢሉ ክጅሃር ተሰሚዑ ነይሩ። እቶም ኣስሚረዮም ዝበሎም ግን ጉጅለታት ክትብሎም እውን ዝከኣል ኣይኮነን። ውልቀሰባት እዮም። "ኣነ እየ ሕጋዊ መራሒኹም" ምስ በሎም፣ ንሳቶም እውን ኣባሪሮሞ። ኣብዚ መጨረሽታ ብዙሓት ጉጅለታት ኪዳን ክንምስርት ኢሎም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝገበርዎ ጉባኤ፣ ወዲ ተላ ገለ እንተተመርጸ ኢሉ መጺኡ ከም ተዓዛቢ ተሳቲፉ ነይሩ። ኣብ ማዕከናት ዜና ወያነ እውን ቃለ-መጠይቕ ኣካይዱ። ክሳብ ሕጂ ዕሽላዊ ኣተሓሳስባኡ ከምዘይቀየረ ድማ ኣብቲ ቃለመጠይቕ ተጋሂዱ። ወዲ ተላ ክሳብ ሕጂ ናይ ቆልዓ ኣተሓሳስባ ኣይገደፎን። ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ንመን ተድንቕ ምስተባህለ፣ "ኣነ ነቦይ እየ ዘድንቖ፣ ንሱ እዩ ናተይ ኣብነት (ሄሮ)" ክብል ተሰሚዑ። "እቲ ዝበለጸ ግዜ ኣብ ኤርትራ፣ ኣቦይ ኣብ ስልጣን ዝነበረሉ እዋን እዩ" ክብል ፍጹም ኣይሓፈረን። ኣብ ክንድኡ ሰብ ሓፊሩሉ።

ሎሚ ኩሎም እዞም ሰባት'ዚኣቶም ሽምጊሎም እዮም። "ሽማግለን ፎኪስን የጥፍእ" ይብሉ ኣቦታት፣ ኣብዚ ዕድመ'ዚ፣ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ሕስረት ክወድቁ፣ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘሕፍርን እዩ። ኣብ ትሕቲ ወያነ "ሕቡር" ዝተባህለ ካብቶም ላዕለዎት እኳ ዘይኮነ ካብቶም ማእከሎት ካድራት ናይ ወያነ እዩ ዝቈጻጸሮምን ዘመሓድሮምን። ወያነ ነዞም ሰባት ንመቐለ ከምዝነግዱን፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ከምዝበጽሑን ብምግባር፣ ብዓይኒ ሕነ ምፍዳይ ጠሚታ፣ ኣብ መቓብር ናይቶም ብነፈርቲ ኤርትራ ተቐቲሎም እትብሎም ቆልዑ ዕምባባ ከንብሩ ምእዛዛ፣ ክሳብ ክንደይ ንሰብኣዊ ክብረቶም ዘዋርድ ምዃኑ ዝኾነ ተዓዛቢ ዝግምቶ እዩ። ንሳቶም ግን ብዘይካ ብጽልኢ፣

ብሰብኣዊ ክብረት ሓሲቦም ኣይፈልጡን። ብጽልኢን ቅርሕንቲን ዝዓበደ፣ ዕሱብ ኮይኑ፣ እግሪ ጸላእቲ ምስዓም ዘሕፍሮ ኣይኮነን። እቲ ዝፈልጦም እዩ "ኣንታ ሎሚ'ኸ መን ክሓፍረሎም እዩ" እናበለ ኣብ ክንድኦም ዝሸቖረር ዘሎ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ የደንግጹኻ። "እንታይ ገዲስዎም ዘይዕርፉ" ትብል። ሓንቲ ሃገራዊት፣ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ንገለ ካብዞም ሰባት'ዚኣቶም ክምድሩ ምስ ሰምዓቶም፣ "ኣንታ ንስኻትኩም ድኣ እንታይ መንግስቲ ክትግልብጡ! ቀደም ኣብ ውዑይ ዕድመኹም ዘየድምዓኩም'ዶ ሕጂ ከተድምዑ፦ ሬሳኹም ካብ ምርሓቕሲ ዓዲ ምምላስ'ዶ ኣይምሓሸኩምን" ኢላቶም።

ንምጥቕላል እምበኣር ሕስረት ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ዓስቢ ሕሉፍን ሕማቕን ታሪኾም እዩ። ብሰንኪ ጉድለት ብቕዓቶም፣ ተንኰለኛ ባህርያቶም፣ ናይ ስልጣን ስስዐኦም፣ ዕሽልነቶም፣ ወገናዊ ኣተሓሳስባኦም፣ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ንባዕሎም ነድዮም ብምትራፍ፣ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ተኣምር ክሰርሕ ዝኽእል ዝነበረ ዓቢ ሃገራዊ ዓቕሚ ዘባኸኑ፣ ውድብ ለኪሞም ዝጠፍኡ፣ ብግዜን ዕድልን ህዝቢ ዝተጣልዑ፣ ኣብ ትሕቲ ጸላእቲ ብምስጋድ ክብረት ሃገርን ህዝቢ ዘዋረዱ ገበነኛታት እዮም። ዘይፈለጠ እንተሎ ጽቡቕ ገይሩ ክፈልጦም!!!